# መጽሄት
# ትምህርቲ ሰንበት

መጋቢት - ሚያዝያ 2023

እምነት ክርስቶስ ቤተ ክርስትያን

# ናይ እምነት ክርስቶስ ቤተ ክርስትያን
## መጽሄት ትምህርቲ ሰንበት

መጽሄት ትምህርቲ ሰንበት እምነት ክርስቶስ ቤተ ክርስትያን፡ ካብ ንሸድሸተ ዓመት ዝተዳለወ ኣርእስትታት ናይ መጽሓፍ ቅዱስ እዩ። ብዙሕ ካብቲ መግለጺ ሓሳባት ካብ ናይ ፐልበት መጽሓፍን ካብ ናይ ካልኦት መጽሕፍቲ ብዛዕባ መጽሓፍ ቅዱስ ዚገልጽን ዝተዋጽኤ እዩ። ቀዳማይ ሕታም ኣብ እምነት ምስዮን ደቀምሓረ ኤርትራ ተጻሕፈን ተሓትመን፡፡


| ዕለት | ኣርእስቲ | ገጽ |
|---|---|---|
| መጋቢት 5/ | ስርዓት ቅዱስ ቁርባን | 3 |
| መጋቢት 12/ | ጻዕሪ ሞት ናይ ጌተሰማኔ | 9 |
| መጋቢት 19/ | የሱስ ኣብ ቅድሚ ሊቀ ካህናት | 14 |
| መጋቢት 26/ | የሱስ ኣብ ቅድሚ ጲላጦስ | 19 |
| ሚያዝያ 2/ | ስቕለት የሱስ | 25 |
| ሚያዝያ 9/ | ትንሳኤ የሱስ | 30 |
| ሚያዝያ 16 | ኣብ መገዲ ኤማሁስ | 35 |
| ሚያዝያ 23 | ጴጥሮስን እቲ ዝተንሰኤ ጐይታን | 40 |
| ሚያዝያ 30 | ናይ መወዳእታ ቓላት የሱስ | 45 |

## ስርዓት ቅዱስ ቁርባን

### ቅዱስ ጽሑፍ- ማር.14፥12-26

12. በታ ገንሸል ፋስጋ ዝሕረደላ ቐዳመይቲ መዓልቲ በዓል ቅጫ፡ ደቀ መዛሙርቱ፡ ገንሸል ፋስጋ ኽትበልዕ፡ ናበይ ኬድና ኽነዳልወልካ ትደሊ? በልዎ።

13. ካብቶም ደቀ መዛሙርቱ ክልተ ልኢኹ ድማ፡ ናብ ከተማ ኪዱ፡ ኣብኡ ዕትሮ ማይ እተሰከመ ሰብኣይ ክትረኽቡ ኢኹም፡ ንእኡ ሰዓብዎ።

14. ኣብታ ዝኣተዋ ከኣ ነቲ ብዓል ቤት፡ ምስ ደቀ መዛሙርተይ ገንሸል ፋስጋ ዝበልዓላ ቤት ኣጋይሽ ኣበይ እያ? ይብለካ ኣሎ መምህር፡ በልዎ።

15. ንሱ ከኣ ኣብ ደርቢ እተነጽፈን እተዳለወን ኣዳራሽ ኬርእየኩም እዩ። ኣብኡ ኣዳልውልና፡ በሎም።

16. እቶም ደቀ መዛሙርቲ ኸዱ፡ ናብታ ከተማ ከኣ መጹ፡ ከምቲ ዝበሎም ደማ ረኸቡ፡ ገንሸል ፋስጋውን ኣዳለዉ።

17. ምስ መሰየ፡ ንሱ ምስቶም ዓሰርተው ክልተ መጸ።

18. ኣብ መኣዲ ተቐሚጦም ክበልዑ ኸለዉ፡ የሱስ፡ ሓደ ኻባኻትኩም፡ እቲ ምሳይ ዚበልዕ፡ ኬትሕዘኒ እዩ፡ ኢሉ ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ በለ።

19. ኪጕህዩ - መሩ፡ በብሓደ ከኣ፡ ኣነ ደኾን እኸውን? በሉ።

20. ንሱ ከኣ በሎም፡ ካብቶም ዓሰርተው ክልተስ ሓደ፡ ምሳይ ኣብ ጻሕሊ ዚጠልቕ፡ እዩ።

21. ወዲ ሰብሲ፡ ከምቲ ብዛዕባኡ እተጻሕፈ፡ ይኸይድ። እቲ፡ ወዲ ሰብ ብእኡ ዚታሓዝ ሰብኣይ ግና ወይለኡ። እቲ ሰብኣይ እትስ እንተ ዘይውለድ ምሔሾ ኔይሩ።

22. ኪበልዑ ከለዉ ድማ፡ እንጌራ ኣልዒሉ፡ ባሪኹ ቈረሰ፡ ንኣታቶም ከኣ ውሰዱ፡ እዚ ስጋይ እዩ፡ ኢሉ ሃቦም።

23. ጽዋእ ኣልዒሉ ድማ ኣመስጊኑ ሃቦም፡ ኵሎም ካብኡ ሰተዩ።

24. ንሱ ከኣ በሎም፡ እዚ ምእንቲ ብዙሓት ዚፈስስ ናይ ሓዲሽ ኪዳን ደመይ እዩ።

25. ክሳዕ እታ መዓልቲ እቲኣ ኣብታ መንግስቲ ኣምላኽ ሓድሽ ክሳዕ ዝሰትዮ፡ ካብ ፍረ ኦም ወይኒ ኣይክሰትን እየ፡ ኢሉ ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ በሎም።

26. መዝሙር ምስጋና ምስ ዘመሩ ከኣ፡ ናብ ደብረ ዘይቲ ደየቡ።

**ዚጽናዕ ጥቕሲ፡፡** ውሰዱ፡ ብልዑ፡ እዚ ምእንታኹም እተዋህበ ስጋይ እዩ፡ እዚ

ንመዘከርታይ ግበርዎ። 1ይ ቈረንቶስ 11፡24።

## መዓልታዊ ትምህርቲ

**ጊዜ፡፡** ሓሙስ ምሸት፡ ብሚያዝያ 6፡ ኣብ መበል 33 ዓመት ዕድመ የሱስ።

**ሰፈር፡፡** ኣብቲ ኣብ የሩሳሌም ዝርከብ ላዕላዋይ ደርቢ ተባሂሉ ዚስመ።

**ቀንዲ ሓሳባት፡፡** ኣብዚ ናይ ሎሚ ትምህርትና ብዛዕባ ስርዓት ቅዱስ ቊርባን ክንምሃር ኢና።

## መግለጺ

**1. ንበዓል ፋስጋ ዝተገብረ ምድላው፡፡** ጥ.12-26። በዓል ፋስጋ ኣይሁድ፡ ኣብ መበል 14 መዓልቲ ናይታ ቐዳመይቲ ወርሒ ናይ ኣይሁድ ማለት ወርሒ ኒሳን ምሸት ይጀምር። ክሳዕ መበል 21 መዓልቲ ከኣ ይጸንሕ ነበረ። እታ ቐዳመይቲ መዓልቲ ናይዚ በዓልዚ፡ በዓል ቅጫ ትበሃል ነበረት። ቅጫ ምልክት ናይ ሰለስተ ነገራት ነበረ። 1) ደቂ እስራኤል ካብ ግብጺ ኪወጹ ከለዉ ብቕልጡፍ ስለ ዝወጹ ዝቦኽዐ እንጌራ ኪበልዑ ኣይከኣሉን። ዘጽ. 12፡34-39። 2) ምልክት ናይቲ ኣብ ግብጺ ዝነበሮም ጸበባ ድማ ነበረ። ዘዳ.16፡3። ምልክት ናይቲ ኣብ ባርነት ሓጢኣት ዚርከብ ጸበባውን እዩ። 3) ቀንዲ ምልክቱ ግና፡ ምልክት ናይ ንጹህ ህዝቢ ነበረ። መባኸዕቲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ኵሉ ጊዜ ምልክት ናይ ዘይንጽህና እዩ።

እቶም ደቀ መዛሙርቱ ንየሱስ፡ "ገንሸል ፋስጋ ክትበልዕ፡ ናበይ ኬድና ከነዳልወልካ ትደሊ?" ኢሎም ሓተትዎ። በዚ በዓልዚ፡ እዚ ዝስዕብ ነገራት ኪዳሎ ነበሮ። እተነጽፈትን እተዳለወትን ደርቢ፡ ዘይቦኽዐ እንጌራ፡ መሪር ኣሕምልቲ፡ ጽማቕ ወይኒ፡ ኣብ ሞንጎ ሰዓት ሰለስተን ሰዓት ሓሙሽተን ኣብ ቤት መቕደስ ዝተሓርደ ገንሸል።

የሱስ ንጴጥሮስን ዮሃንስን ነዚ ዝሰማዕናዮ ነገራት ኬዳልው ለኣኾም። "ናብ ከተማ ኺዱ፡ ኣብኡ ዕትሮ እተሰከመ ሰብኣይ ክትረኽቡ ኢኹም፡ ንእኡ ሰዓብዎ፡" ኢሉ ኣዘዞም። እቲ ዘይቦኽዐ ቅጫ ብሰብኡት ብጥንቃቐ ኪዳሎ ነበሮ። ነፍሲ ወከፍ ስድራቤት ነቲ ቕጫ መቑምጥዒ ዚኸውን ኣጸቢቑ ጽሩይ ማይ ከምጽእ ነበሮ። በዚ እዋንዚ ኣንስቲ እየን ማይ ዝወርዳ ዝነበራ፡ ግናኸ እቲ ሰብኣይ ማይ ዝወርድ ዝነበረ ምእንቲ እቲ በዓ ል ኢሉ ከፉኰነ ኣይተርፍን። የሱስ ነቶም ደቀ መዛሙርቲ እቲ ሰፈር ኣበይ ምዃኑ ኣግሂዱ ዘይነገሮም ምናልባት ምእንቲ ይሁዳ ከይፈልጥ እሞ፡ ኣብ መንጎ ናይ መወዳእታ ድራሩ ከየትሕዞ ኢሉ ይኸውን።

እቶም ደቀ መዛሙርቲ ነቲ ብዓል ቤት፥ "እታ ቤት ኣጋይሽ ኣበይ እያ?" ኢሎም ኪሓትዎ ነበሮም። የሱስ ምስቲ ዋና ቅድም ዝተዛረበ ይመስል። ምናልባትውን ነቲ በዓ ል ቤት ኣቐዲሙ ከይተዛረቦ፥ ብዝመጾ ቤቱ ኪህቦ ፍቓደኛ ከም ዝኸውን ይፈልጥ ነይሩ ይኸውን። በዚ እዋን ናይ ፋስጋ ኣጋይሽ ምቕባል ኣብ የሩሳሌም ዓቢ ሓላፍነት ነበረ። ኣጋይሽ ይቕበሉ፥ ፋስጋ ዘብዕልሉ ቤት ከኣ ይህብዎም ነበሩ። የሱስን እቶም ካልኦት ደቀ መዛሙርቱን እናተጸበዩ ከለዉ፥ ክልተ ካብ ደቀ መዛሙርቲ የሱስ ናብቲ ዝተሓበረሎም ቤት ከይዶም ነቲ በዓል ዚኸውን ነገራት ኣዳለዉ።

**2. ኣብ ላዕላዋይ ደርቢ፡፡** ሉቃ. 22፥14-16። የሱስ ናብቲ ላዕላዋይ ደርቢ ኣምስዩ ኪኸይድ ተበገሰ። ጸሓይ ዕራርቦ፥ ሰዓት ሹዱሽተ ኣቢሉ ከሎ ናብኡ በጽሐ። ከም ኣቈጻጽራ ኣይሁድ፥ ካብ ጸሓይ ዕራርቦ ናይ ሓሙስ ኣትሒዙ እታ መዓልቲ ሞቱ ተ- መረት።

**3. ቐዳማይ ሰፈር ንምሓዝ ዝተገብረ ውድድር።** ሉቃስ 22፥24። ኣብ መኣዲ ምስ ተቐረቡ፥ ኣብ ሞንጎ እቶም ደቀ መዛሙርቱ ክትዕ ተላዕለ። ምኽንያት ናይቲ ኣብ ዮሃ.13፥1-20 ዚርከብ ምዕዶ፥ እቲ በዚ እዋን እዚ ዝተላዕለ ክርክር፥ ከይኩነ ኣይተርፍን። ምናልባት ነዚ ክርክር እዚ ዘላዓዓሉ፥ ገሊኦም እቲ ዝበለጸ ሰፈር ኣብ መኣዲ ስለ ዝደለዩ ይኸውን። ወይ ከኣ ኣእጋር ናይቶም ደቀ መዛሙርቲ ምሕጻብ ስለ ዝኣበዩ ይኸውን።

ስሰዐ ዝመልአ መንፈስ፥ ናይ ሰይጣን እምበር፥ ናይ ክርስቶስ ኣይኮነን። መንፈስ ናይ ገሃነም እምበር፥ ናይ ሰማይ ኣይኮነን። ኪጽብጸብ ዘይከኣል ክፍኣትን ኪንገር ዘይከኣል ጓህን ከኣ የምጽእ።

**4. የሱስ ኣእጋር ደቀ መዛሙርቱ ይሓጽብ።** ዮሃ.13፥1-20። ሉቃስ 22፥24-30። ኵሎም ኣብቲ መኣዲ ኮፍ ምስ በሉ፥ የሱስ ኣእጋሮም ኪሓጽቦም - መረ። እዚ ተግባርዚ በቶም ደቀ መዛሙርቲ ኪፍጸም ዝግባእ ነበረ፥ ግናኸ ሓደ እኳ ዝገብሮ ኣይተረኽበን። እቶም ደቀ መዛሙርቲ ምስቲ ዳህርን ደሮናን ናይቲ መገሻ፥ ኣእጋሮም ከይተሓጽቡ ተቐረቡ። ከምቲ ልማዶም፥ ሓደ ተንሲኡ ኣእጋሮም ኪሓጽብ ይግባእ ነበረ፥ ግናኸ ኣብ ክርክሮም ስለ ዝነበሩ ኣጽቀጡ። የሱስ ምስ ተዓዘቦም ተንሲኡ ኣእጋሮም ሓጸበ። እዚ ምስ ረኣዩ፥ ጴጥሮስን እቶም ካልኦት ደቀ መዛሙርትን ሕልናኦም ኪወቕሶም - መረ፥ በቲ ግብሮም ከኣ ሓፈሩ።

ቅርጺ ጥራይ ዘይኮነስ፥ ከምዚ ዝበለ መንፈስ ናይ የሱስ ኪህልወና ይግባእ። ብቕርጺ ከምቲ የሱስ ዝገበሮ እናገበርና፥ ካልእ መንፈስ ከነርኢ ንክእል ኢና። እቲ ምእንቲ ንኻልኦት ከዕርፍ ኢሉ ዝተሓተ ስራሕ ዚገብር፥ እቲ ምእንቲ ሰባት ካብ

ሓጢኣት ሓራ ኪወጹ ዚከኣሉ ዚገብር፡ እቲ ንገዛእ ርእሱ ረሲዑ፡ መዓርግን ሽመትን ከይደለየ፡ ንኻልኦት ዚሕግዝን ዘገልግልን፡ ንድኻታትን ሕሙማትን ንዝተናዕቁን ሓጋዚ ኦምን ዓርኮምን ዚኾውን፡ ከምቲ ክርስቶስ ንደቀ መዛሙርቱ ዝገበረሎም፡ ከምኡ ይገብር ኣሎ ማለት እዩ።

**5. ፋስጋ ኣይሁድ፡፡** ድሕርዚ ከምቲ ልማድ ኣይሁድ ጌይሮም ኣብዓሉ።

ምልክት ናይቲ ኣብቲ በዓል ናይ ኣይሁድ ዚግበር ነገራት ከምዚ ዚስዕብ እዩ።

1) እዚ በዓልዚ፡ በዓል ናይ ሓድሽ ዓመት ናይ ኣይሁድ ነበረ። 2) እቲ ዘጥፍእ መልኣኽ ኪሓልፍ ከሎ፡ ብዘይ ጉድኣት ስለ ዝሓለፎም፡ መለኮታዊ ሓልዮት ናይ ኣምላኽ ንደቂ እስራኤል ዘርኢ በዓል ነበረ። 3) መዘከርታ ናይቲ ካብ ባርነት ግብጺ ዝወጹሉን፡ ንኣምላኽ እተቐደሱ ፍሉያት ህዝቢ ዝከፀንሉን ነበረ። 4) እቲ መስዋእቲ ምልክት ናይቲ ንሓጢኣቶም ዚኸውን ምትዕራቕ እዩ። 5) እንጌራኦም መባከፀቲ ብዘይ ምህላዉ ከኣ፡ ምልክት ናይ ሓጢኣት ዘይምህላዉ፡ ማለት ንጽህና፡ እዩ። 6) እቲ መሪር ኣሕምልቲ ምልክት ናይ ጣዕሳ ወይ ንስሓ እዩ። 7) ብሓፈሽኡ እቲ በዓል ምልክት ናይ ምጽኣት እቲ መድሓኒ እዩ።

**6. ንይሁዳ ዝተዋህበ ስምዕታ፡፡** ጥ.18-21። ዮሃ.13፡21-28። ኮፍ ኢሎም እናበልዑ ከለዉ፡ የሱስ ብሓደ ካብቶም ደቀ መዛሙርቱ ልቡ ተሰብረ። ይሁዳ ቅድምዚ እዋንዚ፡ ንየሱስ ኪሸጦ ድሮ ተሰማሚዑ ነበረ፡ ግናኽ ብገርሁ ኬትሕዞ ኣይከኣለን። የሱስ ቅድሚቲ ግብሪ ምፍጻሙ፡ ምእንቲ ኪጠዓስ ኢሉ ንይሁዳ ስምዕታ ሃቦ። ነቶም ደቀ መዛሙርቱ ንኹሎም፡ ሓደ ካባታቶም ከም ዜትሕዞ ነገሮም። እቶም ካልኦት ኣዝዮም ጉሃዩ እሞ፡ “ኣነዶ እየ፡” እናበሉ በብሓደ ኪሓትዎ - መሩ። የሱስ ከምዚ ኪብሎም ከሎ፡ እዚ ሰብዚ እዩ ኢሉ ኣይሰመየን። ይሁዳ ግና ስለ ዝተፈለጠ ብሓርቓትን ብሕፍረትን ካብቲ ሰፈር ወጸ።

**7 ንጴጥሮስ ዝተዋህበ ስምዕታ።** ማር.14፡27-31። እቲ ንጴጥሮስ ዝተዋህበ ስምዕታ፡ በዚ እዋንዚ ከይኮነ ኣይተርፍን። ይሁዳ ቅድሚ እዚ እዋንዚ ወጺኡ ነበረ፡ ግናኽ ንኹሎም ምእንቲ ከይወድቁ ምጥንቃቕ ኣድልዮም።

**8. ስርዓት ቅዱስ ቁርባን።** ጥ.22-25። የሱስ ከኣ ኣልዒሉ ነቲ ኣብ ቅድሚኡ ዝነበረ እንጌራ ቖረሶ። እቲ እንጌራ ምልክት ናይቲ ምግቢ ናይ ነፍሲ ዝኾነ የሱስ እዩ። ምቑራስ ናይቲ እንጌራ፡ ምልክት ናይቲ ምእንታና እተቖርሰ ኣካላት የሱስ እዩ። “ውሰዱ፡ ብልዑ፡ እዚ ስጋይ እዩ፡ በሎም።” ጳውሎስን ሉቃስን፡ “እዚ ንመዘከርታይ ግበርዎ ዚብል ወሰክሉ። እዚ ማለት፡ የሱስ እቲ መንፈሳዊ እንጌራ ስለ ዝኾነ፡ ነቲ

እንጌራ ምስ ዚቕበልዎን ዚበልዕዎን፡ ብእምነት ተማቕልቲ ናይ የሱስን ምድሓኑን ከም ዚኾነ ዚገልጽ እዩ፡፡ የሱስ፡ ”እዚ ስጋይ እዩ፡” በለ። እዚ ከምቲ ካልእ የሱስ ዝበሎ ጌርና ክንርድኦ ኣሎና። ከምቲ ”እቲ ዘራኢ” ቃል ኣምላኽ እዩ፡ ኣነ ጕንዲ ወይኒ እየ፡ ዓጺድ ማለት መወዳእታ ዓለም እዩ፡ ኣነ ኣፍ ደገ እየ፡” ዝበሎ ጌርና ክንርድኦ ይግባእ። ስጋ የሱስ ብሓቂ እንተ ንበልዖ እኳ ኣይምጠቐመናን። ስለ ምንታይ ከምቲ ዝበላዕናዮ ኣይንከውንን ኢና። እቲ ዝበለጸ መግቢ እኳ እንተ ንበልዕ፡ ቅዱሳት ክንከውን ኣይምከኣልናን።

”ጽዋእ ኣልዒሉ።” ኣብዚ ናይ መወዳእታ ድራር ናይ ጐይታ ክነንብብ ከሎና፡ “ጽዋእ” ዚብል ደኣ እምበር፡ “ወይኒ” ዚብል ኣይንረክብን። ኣብዚ በዓልዚ፡ ዝመጸጸን ዝበከያን ዘይስተን ዘይብላዕን ስለ ዝኾነ፡ እዚ “ጽዋእ” ዝብሎ ዘይቀንየ ጽማቕ ናይ ወይኒ እዩ ዝነበረ። “ሽዑ ጽዋእ ኣልዒሉ ኣመስገነ።” ኣብዚ ዘገርም ፍቕሪ ናይ የሱስ ክንርኢ ንኽእል - ብምፍሳስ ገዛእ ደሙስ፡ ኣመስገነ። ንሕና ደኣ ነቲ ዘለኣለም ህይወት ዚሃበና ዘገርም ፍቕሩን፡ ነቲ በረኸት ናይ ሰማይን፡ ዘለኣለማዊ ሕብረት ምስ ኣምላኽናን ዝሃበናን፡ ክንደይ ከነመስግኖ ዘይግበኣና። ኵሎም ተኻፈልቲ ናይቲ መስዋእቲ ናይ ምትዕራቕ ስለ ዝኾኑ፡ ኵሎም እቶም ደቀ መዛሙርቲ ካብቲ ጽዋእ ሰተዩ።

እቲ ጽዋእ - ማለት እቲ ጽማቕ ወይኒ፡- ምልክት ናይቲ ምእንቲ ንኣና ከተዓርቐና ኢሉ ዘፍሰሶ ደሙ፡ ነበረ። ዘሌ.17፡14። ወይኒ ምእንቲ ኪጽሞቕ፡ ኪሕምተልን ኪሕምሸሽን ይግባእ። የሱስ ከኣ ብኸምዚ ዝበለ መንገዲ ደሙ ምእንታና ኣፍሰሰ። ትርጕም ናይቲ የሱስ ዘቘሞ ስርዓት ንመልከት። 1) ኣብ ብሉይ ኪዳን ሓጢኣቶም ምእንቲ ክሕደገሎም ይስውኡ ነበሩ። መስዋእቲ ከኣ ብምፍሳስ ደም ጥራይ እዩ ዚኸውን። 2) ኣብ ሓድሽ ኪዳን ከኣ ሓጢኣት ዓለም፡ ህይወት የሱስ ብምዕዛብ፡ ትምህርቱ ብምፍላጥ፡ ኣብነቱ ብምርኣይ፡ ዘይኮነስ፡ በቲ ንመላእ ዓለም ዝፈሰሰ ደሙ፡ ዝርሕቕ ከም ዝኾነ፡ ክንመሃር ንኽእል።

**9. ናይ ምፍናው ቃላቱ፡-** ዮሃ.14። እዘን ቃላት እዚኤን ካብ መኣዲ ክትንስኡ ክቐረቡ ከለዉ ዝተዛረበን ቃላት እየን። ቃላት ናይ ተስፋን ምጽንናዕንውን እየን።

**10. ናይ ምፍናው ጸሎት፡-** ዮሃ.17። እዚ ጸሎት እዚ፡ የሱስ ኣብቲ ላዕላዋይ ደርቢ ኰይኑ፡ ዳርጋ ፍርቂ ለይቲ ዝጸለዮ ጸሎት እዩ።

**11. ናይ ምፍናው መዝሙር፡-** “መዝሙር ምስጋና ምስ ዘመሩ።” እቲ ዝዘመርዎ መዝሙር፡ ኣብ መዝሙር ዳዊት 115-118 ዚርከብ ናይ ፋስጋ መዝሙር ከይኮነ

ኣይተርፍን። ድሕርዚ ካብቲ ላዕላዋይ ደርቢ ወጺኦም ናብ ደብረ ዘይቲ ደየቡ። ምእንቲ ኪጽምወሎም ከኣ፡ ኣብቲ ስፍራ ኣታኽልቲ ናይ ጌቴሰማኒ ኽፉ።

**ሕቶታት.**

1. ስለምንታይ እዩ የሱስ እቲ ዝበልዕሉ ስፍራ ነቶም ክልተ ደቀ መዛሙርቱ ጥራይ ዝነገሮም?
2. ስለምንታይ እዩ የሱስ ኣእጋር ደቀ መዛሙርቱ ዝሓጸበ?
3. ፋስጋ ኣይሁድ ናይ ምንታይ መዘከርታ ነበረ?
4. ምልክት ናይቲ ጽዋእ እንታይ እዩ? ናይቲ እንጌራኸ

**መረድኢ**

**ቅዱስ ቁርባን ኪወስድ ዘይብቑዕ ሰብ**

- ነራል በርን ዝበሃል ሰብኣይ፡ ብዛዕባ ተመክሮኡ ኪጽሕፍ ከሎ ከምዚ ዝስዕብ ይብል።- ሓንቲ መዓልቲ ቅዱስ ቁርባን ክውስድ ምስ ተቐረብኩ፡ ብዛዕባ ሓንቲ ዝገብራ ዝነበርኩ፡ ብዛዕባ ምጥላዕ፡ ሕልናይ ኣበርቲዑ ወቐሰኒ። ክገድፋ ስለ ዘይደለኹዎ ከኣ ምስ ኣእምሮይ ብዙሕ ተኻታዕኩ። ብዙሕ ምኽንያት ጌይረውን ንሕልናይ ከዕርፎ ተጋደልኹዎ፡ ከምዚ ክውብር ከለኹዎ ብውሽጠይ፡ *“ኣካን ኣብዚ ኣሎ፤ እስከ ነታ መኣዲ ጎይታ ቅረባ፡”* ዚብል ድምጺ ሰማዕኩ፡ ድሕርዚ ፈራህኩ ግናኸ ጌና ምጥላዕ ክገድፍ ኣይደለኹዎን። ዕረፍቲ ብምስኣንን ብሓርቐትን ካብቲ ዝነበርክዎ ገዛ ወጺኤ ናብ በረኻ ከድኩ። ኣብኡ ኰይነ ብዛዕባ ሓጐስ ናይ ጻድቃንን፡ ስቓይ ናይ ሓጥኣንን ከስተንትን - መርኩ። ድሕሪዚ ብርቱዕ ርትዒ ሓደረኒ፡ ተምበርኪኸ ከኣ ናብ ኣምላኸ ኣእወኹዎ፡ ወረቐት ኣውጺአ፡ ሰማይን ምድርን ከም ምስክረይ ጌረ፡ “ድሕሪ ሕጂ ብዝኸውን ይኹን ምኽንያት ጠላዕ ዝብልዎ ኣይሕዝን እየ፡” ኢለ ጸሓፍኹዎ፡ እታ ጽሕፈት ውድእ ምስ ኣበልኩዋ ዝተሰመዓኒ ሓጐስን ሰላምን መግለጺ የብሉን። እቲ ከቢዱኒ ዝነበረ መንገብገብ ጌሩ ነፊሩ ከደ፡ ሰላም ከኣ ሰፈሩ ወሰደ። እዚ ዓቢ ጾር ካብ ኣእምሮይ ምስ ረሓቐ፡ ኣብቲ መኣዲ ጎይታ፡ ብዓቢ ሓጐስን ሰላምን ቀረብኩ።

## ጻዕሪ ሞት ናይ ጌተሰማኔ
## ቅዱስ ጽሑፍ - ማር. 14፥32-42

32. ጌተሰማኔ ናብ እትበሃል ቦታ መጹ፤ ንደቀ መዛሙርቱ ከሎ፤ ክሳዕ ዝጽሊ፤ ኣብዚ ተቐመጡ፤ በሎም።

33. ንጴጥሮስን ያእቆብን ዮሃንስን ምስኡ ወሰደ፤ ኪጉህን ኪትክዝን - መረ እሞ፤

34. ነፍሰይ ክሳዕ ሞት ኣዝያ ትጉሂ ኣላ፤ ኣብዚ ኸሉ ንቐሑውን፤ በሎም።

35. ቅሩብ ንቕድሚት ሕልፍ ኢሉ ኣብ ምድሪ ተደፍአ፤ ዚከኣል እንተ ኸፀይኑስ፤ እዛ ሰዓት ካብኡ ኽትሓልፍ ጸለየ እሞ፤

36. ኣባ፤ ኣቦይ፤ ኵሉ ይከኣለካ እዩ፤ እዛ ጽዋእ እዚኣ ካባይ ኣሕልፋ። ግናኸ ፀስኻዐከም እትደልዮ እምበር፤ ኣነ ከም ዝደልዮ ኣይኸው፤ በለ።

37. መጺ ደቂሶም ከኣ ረኸቦም፤ ንጴጥሮስ ድማ፤ ስምኦን፤ ደቂስካዶ? ሓንቲ ሰዓት ክትነቅሕዶ ኣይከኣለካን?

38. ናብ ፈተና ኸፀትኣትው፤ ንቕሑ ጸልዩውን። መንፈስሲ ተዳልዩ ኣሎ ስጋ ግና ድኹም እዩ፤ በሎ።

39. ከም ብሓድሽ ከይዱ ድማ፤ እቲ ኢልዎ ዝነበረ ቃል ጸለየ።

40. ተመሊሱ፤ ከሎ ኣዒንቶም ባዕዚዙ ነበረ እሞ፤ ካልኣይ ደቂሶም ረኸቦም፤ እንታይ ከም ዚመልሱሉ ከሎ ኣይፈልጡን ነበሩ።

41. ሳልሳይ መጺኡ ከሎ ደጊም ደቅሱ ዕረፉውን። ይኣክል፤ እታ ሰዓት በጺሓ። እንሆ ወዲ ሰብ ኣብ ኢድ ሓጥኣን ኪተሓዝ እዩ።

42. ተንስኡ ንኺድ፤ እቲ ዘትሕዘኒ እንሆ፤ ቀሪቡ ኣሎ፤ በሎም።

**ዚጽናዕ ጥቕሲ፤** ፍቓድካ እምበር ፍቓደይሲ ኣይኹን። ሉቃስ 22፥42።

## መዓልታዊ ትምህርቲ

**ግዜ፡፡** ቅድሚ እታ የሱስ ዝተሰቕለላ መዓልቲ፤ ኣብ መበል 33 ዓመቱ። ኣብ ወርሒ ሚያዝያ፤ ሓሙስ ምሸት ካብ ፍርቂ ለይቲ ክሳዕ ሰዓት ሓደ ናብ ዓርቢ ዘውግሕ።

**ስፍር፡፡** ኣብ ጌቴሰማኔ እትብሃል ብምዕራብ ናይ ደብረ ዘይቲ እትርከብ ስፍራ

ኣታኽልቲ።

**ቀንዲ ሓሳባት፡፡** ናይ ዝሓለፈ ሰንበት ትምህርትና ብጸሎትን ብመዝሙርን ምስጋናን ተዓጽወ። ኣብዚ የሱስ ከም መጠን መምህር ስርሑ ፈጸመ። ካብዚ ንኔው ነቲ ኵሉ ዝምህሮ ንምድሓን ዓለም ምግባርን፡ ናብ መስቀል ምኻዱን ምትዕራቕን ተሪፍዎ ነበረ። ቀንዲ ሓሳባት ናይ ሎሚ ትምህርትና፡ የሱስ ሓጢኣት ዓለም ንምስካም ዘሕለፎ ጻዕሪ ሞትን ጸሎትን እዩ።

## መግለጺ

**1. ኣብቲ ስፍራ ኣታኽልቲ.** ጥ. 32። ጌተሰማኔ፡ ኣብ ማዕዶ የሩሳሌም፡ ኣብቲ ስንጭሮ ናይ ቄድሮን፡ ኣብ እግሪ ደብረ ዘይቲ፡ እትርከብ ስፍራ ኣታኽልቲ እያ። ጌተሰማኔ ማለት፡ መጽሞቒ ዘይቲ፡ ማለት እዩ። ምልክት ናይ ስቓይን ጭንቅን ጻዕሪ ሞትን ከኣ ነበረት። ካብቲ ስም ክንምልከቶ ንክእል ከኣ፡ መጽሞቒ ወይኒ ናይ ኣውልዕ ነይርዋ ክንብል ንክእል። የሱስ ኣብዛ ስፍራ ኣታኽልቲ እዚኣ፡ ብዙሕ ጊዜ ምስ ደቀ መዛሙርቱ ይመጽእ ነበረ። ዮሃ.18፡2። ናይ ሓደ ዓርኩ ስለ ዝነበረት ከይኮነ ኣይተርፍን የሱስ ብድላዩ ዚኣቱን ዚወጽእን ዝነበረ። ከምኡውን ጽምዋ ስለ ዝኾነት፡ ንመዕረፊ ምችእቲ እያ።

**ናይ ወጻኢ ሓለውቲ።** የሱስ ከኣ፡ "ንደቀ መዛሙርቱ፡ ክሳዕ ዝጽሊ፡ ኣብዚ ተቐመጡ፡ በሎም።" ገለ ካብቶም ደቀ መዛሙርቲ፡ ዝኾነ ይኹን ነገር ብሃንደበት ከይመጾም ኣብቲ ኣፍ ደገ ናይቲ ስፍራ ኣታኽልቲ ኮይኖም ይሕልዉ ነበሩ። እዞም ዝሕልዉ ዚነበሩ ሾሞንተ ነበሩ።

**ናይ ውሽጢ ሓለውቲ።** "ንጴጥሮስን ያቆብን ዮሃንስን ምስኡ ወሰደ።" ጥ.33። የሱስ እዞም ኣብቲ ከረን ኪልወጥ ከሎ ዝረኣይዎን፡ ካብቶም ካልኦት ከኣ ኣብሊጾም ዝቐርብዎ ዝነበሩን፡ ሰለስተ፡ ናብ ጥቓ እቲ ብጻዕሪ ሞት ዚጽልየሉ ዝነበረ ስፍራ ወሰዶም። ብጸሎት ክድግፍዎውን ደለዮም። እዞም ኣብቲ ከረን ግርማኡ ዝርኣዩ ኣዕ ሩኽቱ፡ ኣብዚ ምስ ሰይጣንን ሞትን ዝነበረ ብርቱዕ ቓልሱ ይጽልዩን ይነቕሑን እንተለዉ ክርኢ ኢሉ፡ ሰለስተ ሳዕ ካብቲ ሰፈሩ መጺኡ ረኣዮም።

**2. ጻዕሪ ሞት** ጥ. 33-34። "ኪጒህን ኪትክዝን - መረ።" ዝዓበየ ጓህን ዝዓሞቐ ስቓይን ነበረ። በለ ከኣ፡ "ነፍሰይ ክሳዕ ሞት ኣዝያ ትጕሂ ኣላ።" እንተ ዚቕጽል፡ ናብ ሞት ከብጽሖ ዝክእል ጻዕሪ ነበረ። ሉቃስ ከም ዚብሎ፡ "ረሃጹ ከም ነጥቢ ደም ናብ ምድሪ ይነጥብ ነበረ።" "ብብርቱዕ ኣውያትን ንብዓትን" ዝተሰነየ ነበረ። እብ. 5-7። በዚ እዋንዚ ነፍሲ የሱስ እያ ኣውራ ትስቀ ዝነበረት። ስጋዊ ስቅያት ንየሱስ ብርቱዕ ኣይጨንቖን እዩ ነይሩ። ካብ መንፈሳዊ ጻዕሪ ስጋዊ ጻዕሪ ብቐሊል ክንርዳእ ይከኣል፡

ግናኸ በኣራኣእያ ስጋ ጥራይ ናይ ሓቂ ትርጉም ናይ ጻዕሪ የሱስ ክንርደኦ ዘይከኣል እዩ።

**ምኽንያት ናይ ጻዕሪ የሱስ።** ከምቲ የሱስ ኣብ መስቀሉ ዘርኣዮ ትብዓት ተራእዮ ኣይፈልጥን። ሞት ጥራይ ዘይኮነስ፡ ብርቱዕ ጓሂ ናይ ነፍሲ ነበሮ። እቲ ኣብ የሱስ ዝነበረ ጻዕሪ፡ ካብ ኲሉ ሰብ ጸይርዎ ዚፈልጥ ጻዕሪ ይብርትዕ ነበረ።

1) ዝኸፋ ሰብ ብባህሩ ክብ ዝበለ ምስ ዚኸውንን፡ ብኹሉ ከም ፍጹም ምስ ዚኸውንን፡ ዝነኣሰ ቓንዛ እኳ ኣዝዩ የሳቕዮ። ሓደ ፈላጥ ሙዚቓ ብንእሽቶ ዘይምስምማዕ ኣብ ሙዚቓኡ ኣዝዩ ይሳቐ። የሱስ ከኣ ከምኡ፡ ኲሉ ስቓይ ናይ ስጋን መንፈስን ኣዝዩ ከበዶን ሳቐዮን። ስጋዊ ኣቓውምኡ ፍጹም፡ ሓንቲ ኣበር ወይ መንቅብ ዘይብሉ ስለ ዝኸነ፡ ካብቲ ንሕና ክንጸሮ እንክእል ዝልዕል ሓጐስን ግርማን ኪጸውር ይክእል። ከምኡ ከኣ ካብቲ ንሕና ክንጸሮ እንክእል ጻዕሪ ወይ ስቅያት ዝበዝሐ ኪጸውር ይክእል። የሱስ ግና እዚ ኲሉ እናፈለጠ እኳ ክንሱ፡ ካብ መንገዲ መስቀል ድሕር ወይ ስግጥ ኣይበለን።

2) ኣብዛ ሓንቲ ሰዓት ኣብ ጌተሰማኔ ኰይኑ ኪጽሊ ከሎ፡ ኲሉ እቲ ዝመጽእ ዝነበረ ስቅያትን፡ ጭካኔን፡ ሕፍረትን፡ ስጋውን መንፈሳውን ስቓይን፡ ብሓደ ተኣኪቡ መጸ።

3) ሓጢኣት ናይ መላእ ዓለም ከኣ ኣዝዩ ከበዶ። ጥልመት ናይ ይሁዳ፡ ድኻም ናይቶም ዝበለጹ ሕሩያቱ፡ ክፍኣት ናይቶም መራሕቲ ኣይሁድ፡ ንመሲሆም ብምንጻግ፡ ኣብቶም ህዝቢ ዚመጽእ ዝነበረ ጥፍኣት፡ ሳዕቤን ሓጢኣት ኣብ ኲሉ ሰብ፡ እዚ ኲሉ ኣብ ቅድሚኡ ነበረ። ሳዕቤን ምንጻግ ተስፋ ናይ መንግስተ ሰማያትን፡ ምንዓቕ ፍቕሪ ኣምላኽ፡ ንየሱስ ኪግለጽ ዘይክኣል ሓዘን ኣሕደረሉ።

4) ኣብ ሞቱ፡ ካብ ስጋዊ ስቓይ ንላዕሊ ተሰቀየ። ስቓይ ምልክት ናይ መቕጻዕቲ ናይ ሓጢኣትን፡ ናይ ሓሰኻኡ ዘይመውት፡ ሓው ከኣ ዘይጠፍእ መንፈሳዊ ሞት ነበረ።

5) እንተ ደኣ እቲ ዚመጽእ ነገራት ካብ ኣዒንቱ ተኸዊሉ ነይሩ ኰይኑ፡ በዛ ጸልማት ዝኰነት ሰዓት፡ ምድራዊ ዕይኡ ኲሉ ውድቀት ኰይኑ ተሰሚዕዎ ነይሩ ይኸውን። ኣብ ክንዲ ግርማ ዝመልኦ መንግስቲ ሒደት ሰዓብቲ ጥራይ ገበረ። ንሳቶምውን ዳርጋ ኣብ ምጥንጣኑ በጽሑ። ፍረ ናይ ኲሉ ጻዕሩ ደኣ እንታይ ነበረ? እቲ ዚመጽእ ካብ ኣዒንቱ ምስ ተኸወለ፡ እታ ናይ ሓቂ ጸልማት እዋን ነበረት። ከም ኣብ ዓውዲ ውግእ ዘሎ ወተሃደር፡ ከም ዚስዕር ዘይፈልጥ፡ ኰይኑ ነበረ።

6) ሓደ ፈላጥ መጽሓፍ ቅዱስ ከም ዚብሎ፡ ኣብ ጌተሰማኔ ዝዓበየ ጻዕሪ ናይ የሱስ ዝነበረ ፍርሃት ናይ መስቀል ኣይኮነን፡ ግናኸ ቅድሚ ኣብ መስቀል ምብጻሑ ብስጋዊ ከይስነፍ እሞ፡ እቲ ንሰማይ ዚገድፍ ዕላማኡ ከየውድቕ ነበረ።

7) ብክዕርድኦ ዘይንኽእል መገዲ፡ እዚ ዝሰምናዮን፡ ሓጢኣት ኲሉ ዓለምን ኣብ ነፍሱ ተጻዒኑ ነበረ። ንሱ ብሰሪ ገበንና ቖሰለ ብሰሪ ኣበሳና ድማ ተኸትከተ። ኢሳ. 53፥5-6።

3. **ናይ እምነት ጸሎት.** ጥ.34-36። “የሱስ ነቶም ሰለስተ ደቀ መዛሙርቱ ኣብዚ ኸሎ ንቕሑውን፡ በሎም።” ዳርባ እምኒ ዚኸውን ርሕቕ ኢሉ፡ ማለት 60 ሜትሮ ኣቢሉ ዚኸውን፡ ኣብ ምድሪ ተደፍአ።

የሱስ ኣብ ምድሪ ተደፊኡ፡ “ዚከኣል እንተ ኾይኑስ፡ እዛ ሰዓት እዚኣ ካባይ ክትሓልፍ፡” ኢሉ ጸለየ። እንተ ደኣ ብኻልእ መገዲ ማለት፡ ብዘይ ስቅያትን ሞትን ምድሓን ዓለም ኪረክብ፡ መንግስቲ ኣምላኽዐከኣ ኪመጽእ ዝከኣል ኰይኑ፡ በዚ መገዲዚ ኪፍጸም ጸለየ። ነቦ ኵሉ ከም ዝከኣሎ፡ ነዛ መራር ጽዋእ ከኣ፡ ካብኡ ኪወስዳ ከም ዝኽእል ይፈልጥ ነበረ። ግናኸዐእታ ዝበለጸት መገዲ ኣይትኸውንን። ስለዚ ከምዚ ኢሉ ድማ ጸለየ፡ “ንስኻዐከም እትደልዮ እምበር፡ ኣነ ከም ዝደልዮ ኣይኹን። ”ንፍቓድ ኣምላኽ ምእዛዝ ጥራይ ዘይኰነስ፡ ንምግባሩ ብርቱዕ ሃረርታ ነበሮ። እዚ ዝጸለዮ ጸሎት ብርቱዕ እምነት ኣብ ኣቦ ከም ዝነበሮ የርእየና። ኣቦ ዚመደቦን ዚመረጾን እቲ ዝበለጸ ከም ዝኾነ ብውሽጡ ተኣማንነት ነበሮ። ካብ ዓሰርተው ክልተ ለጌዎን ዚበዝሑ መላእኽቲ ዝካላኸሉ ኣምጺኡ፡ ካብ ጻዕሪ ሞት ከምልጥ ምኸኣለ ኔይሩ። ማቴ.26፡53። ግናኸዐ ልዕሊ እዚ ኵሉ ጻዕሪ ሞት፡ ዘይናቓነቕ፡ ክነቓነቕ ከኣ ዘይክእል፡ ፍቓድ ኣምላኽዐንምፍጻም ዓቢ ሃረርታ ነበሮ።

4. **መልሲ ጸሎት የሱስ ጥ.**42። ሉቃ.22፡43። ጸሎት የሱስ ሰለስተ መልሲ ነበሮ።

ቀዳማይ መልሲ ናይ ጸሎቱ፡ ዘበርትዖ መልኣኽ መጸ። ሉቃስ 22፡43። ጾርካ ኪርሕቀልካ ምስ እትጽሊ ብክልተ ዓይነት ክትረክብ ትኽእል። እቲ ሓደ ዓይነት መልሲ ጾርካ ካባኻዐይርሕቕ፡ ባህርኻ ግና ከም ቀደሙ ይተርፍ። እቲ ካልኣይ ዓይነት መልሲ ግና፡ ጾርካ ከይተውስደ፡ ንእኡ ንምጻር ሓይሊ ትረክብ። ባህርኻ ዝተቐየረ ይኸውን፡ ሓይልካዐከኣ ዝበርትዔ ይኸውን። እቲ ዝበለጸ ዓይነት መልሲ እዚ ዳሕረዋይ እዩ።

ካልኣይ መልሲ ጸሎት ናይ የሱስ፡ ቐረባ ዝኸዕ ሕብረት ምስ ኣምላኽዐነበረ። ብጸሎቱ ቐረባ እቲ ሰማያዊ ኣቦኡ ኰነ። እዚ ሓደ ካብቲ ዝበለጸ መልሲ ጸሎት እዩ። ምእንቲ ቐረባ ኣምላኽዐክንኸውን ከኣ እዩ ክንጸሊ ዝተኣዘዝናን፡ ኣብ ብዙሕ ኵነታት ክንጽሊ ዝስመዓናን።

ሳልሳይ መልሲ ጸሎት፡ ከምቲ ንሕና እንጽልዮን እንሓስቦን ዘይኰነስ፡ ከምቲ ንኣና ዝሓይሽን ዝጥዕምን ገይሩ፡ ናይ ውሽጢ ሃረርታናን ድሌትናን ይምልኣልና። በቲ እዋን እቲ ኣብ ቅድሚ የሱስ ክልተ ምርጫ እንተ ዝነብር፡- ሓንቲ ካብ መስቀል ምምላቕ ምስኡ ግና፡ ውድቀት ናይ ዕላማኡ፡ ክፍኣት ዚስዕረሉ፡ ቁጽሪ ዘይብለን ነፍሳት ዝጠፍኣሉ፡ ኣኽሊል ዘይብሉ፡ ግርማ ዘይብሉ፡ ኣብ የማን ኣምላኽ ኰፍ ምባል ዘይብሉ፡ እታ ካልኣይቲ ከኣ፡ መገዲ መስቀልን ጻዕሪ ሞትን ምስኡ ግና፡ ምድሓን ዓለም፡ ግርማ ኣምላኽዐ ኣኽሊል ስዕረት፡ ክፍኣት ዚወድቀሉ፡- የሱስ ብዘይ ጥርጥርን ብዘይ ውልውልን ነዚ ዳሕራዋይ መረጸ። እቲ መስቀል ናብ ኣኽሊል፡ ጌተሰማኔ ናብ ገነት፡ ሞት ከኣ ናብ ዘይጽምሉ ግርማ ናይ ትንሳኤ ምስ ተለወጠ፡ ጸሎት የሱስ በዚ ተመለሰ።

5. **ዱኸፀማት ሓለውቲ** ጥ.37-42። "የሱስ ምስ ተመልሰ ደቂሶም ረኸቦም።" ሉቃስ እቲ ሓኪም፥ ካብ ጓሂ ዝተላዕለ እዮም ፈዚዞም ይብለና። ግናኸ ንክርስቶስ ኣዝዮም ደንጊጾምሉ እንተ ዝኸውኑስ፥ ኣይምደቀሱን ነይሮም፥ ዚብል ሓሳባት ይመጸና። የሱስ ከምዚ ኢሉ ንስምኦን ገንሖ፥ "ስምኦን ደቂስካ ዶ? ሓንቲ ሰዓት ክትነቅሕዶ ኣይከኣልካን?" ነቲ ዝነበሮም ጓሂ ብድቃስ ክርስዕዎ ከኣሉ። የሱስ ግና ብጸሎት ምስ ነቕሐ ንኹሉ ሰዓሮ። ንጓሂ ብርግጽ ክንስዕረሉ እንክእል ብጸሎት ጥራይ እዩ።

**ሕቶታት**

1. ቀንዲ ስቅያት ናይ የሱስ እንታይ ነበረ?
2. የሱስ ከመይ ኢሉ ጸለየ?
3. ከመይ ኢሉ ጸሎቱ ተመለሰ?
4. ድቃስን ጸሎትን ኣናጻጽሮ?

**መረድኢ**

**ፍቓድ ኣምላኽ ምምራጽ**

ሓደ ሰባኺ ወንጌል ንሓደ ዝመውት ዝነበረ ቆልዓ ኪጽልየሉ ከሎ፥ "ፍቓድካ እንተ ደኣ ኰይኑ፥ ነዚ ቆልዓ መሓሮ፥" እናበለ ይጽሊ ነበረ። ኣደ እቲ ቆልዓ ግና ኣዝያ ሓዚና ስለ ዝነበረት፥ "ፍቓዱ ኪኸውን ኣለዎ። ፍቓድካ እንተ ደኣ ኰይኑ ዚብል ክሰምዕ ኣይደልን እየ፥" በለት። እቲ ሰባኺ ምጽላይ ኣቋረጸ። እቲ ቆልዓ ከኣ ሓወየ። ምስ ዓበየ ኣዝዩ ስዲ ስለ ዝኸደ፥ ሓንቲ መዓልቲ ነዲኡ ዳርጋ ቐቲልዋ ነበረ። ኣብ መወዳእታ ወዲ ዕስራን ክልተን ዓመት ምስ ኰነ፥ ኣዲኡ ተሓኒቑ ኪመውት ረኣየቶ። እቲ ዝበለጸ ጸሎት፥ "ፍቓድካ እምበር፥ ፍቓደይ ኣይኩን፥" ዚብል ጸሎት እዩ። እንተ ንሞት ኰይኑ እንተ ንህይወት፥ ወትሩ ፍቓድ ኣምላኽ እዩ ዝበለጸ።

## የሱስ ኣብ ቅድሚ ሊቀ ኻህናት

## ቅዱስ ጽሑፍ፡- ማር. 14፥53-64

53. ንየሱስ ድማ ናብ ሊቀ ኻህናት ወሰድዎ። ብዘለዉ ሊቃውንቲ ኻሀናትን ዓበይ ትን ጸሓፍትን ናብኡ ተኣከቡ።

54. ጴጥሮስ ድማ ርሒቕ ኢሉ ክሳዕ ውሽጢ ገዛ ሊቀ ኻሀናት ሰዓቦ። ኣብኡ ምስቶም ገላዉ ተቐሚጡ ከ ሓዊ ይስሕን ነበረ።

55. ሊቃውንቲ ኻሀናትን ኵሎም ዋዕላን ንየሱስ ኪቕትልዎ ምስክር ደለዩ፥ ኣይረኸቡን ከኣ።

56. ብዙሓት ብሓሶት መስከሩ፥ ምስክሮም ግና ኣይተሰማምዔን።

57. ሓያሎ ምስክር ሓሶት ድማ፥

58. ኣነ ነዛ ብኢድ እተገብረት ቤት መቕደስ ከፍርሳ እየ፥ ብኢድ ዘይተገብረት ካልእ ከኣ ብሰለስተ መዓልቲ ክሀንጽ እየ፥ ኪብል ከሎ፥ ንሕና ሰሚዕናዮ፥ ዚብሉ ተንስእዎ።

59. ምስክሮም ከኣ በዚውን ኣይገጠመን።

60. እቲ ሊቀ ኻህናት ኣብ ማእከሎም ብድድ ኢሉ፥ በዚ ዚምስክሩልካ ዘለዉስ እኳዶ ኣይትመልስን ኢኻ ኢሉ ንየሱስ ሓተቶ።

61. ንሱ ከ ስቕ በለ እምበር፥ ኣይመለሰን። እቲ ሊቀ ኻህናት ድማ ከም ብሓድሽ፥ ክርስቶስ ወዲ እቲ ብሩኽዶ ንስኻዐኢኻ፥ ኢሉ ሓተቶ።

62. የሱስ ድማ፥ ኣነ እየ። ንወዲ ሰብ ኣብ የማን ሓይሊ ተቐሚጡ፥ ብደመና ሰማይ ኪመጽእ ከሎ ክትርእይዎ ኢኹም፥ በሎ።

63. ሽዑ እቲ ሊቀ ኻሀናት ክዳኑ ቐዲዱ፥ ደጊምከ እንታይ ግዲ ምስክር ኣሎና?

64. ምጽራፉ ሰሚዕኩም። እንታይ ይመስለኩም? በለ። ኵሎም ከኣ ሞት ይግብኦ ኢሎም ፈረዱ።

**ዚጽናዕ ጥቕሲ፡-** *ንዑቕን ብሰብ ድርቡይን፥ በዓል ስቓይ፥ ብሕማም ልዱይ እዩ። ኢሳ.53፥3።*

## መዓልታዊ ትምህርቲ

**ግዜ፡፡** ዓርቢ ለይቲ፥ ሚያዝያ 7፥ ኣብ ሞንጎ ሰዓት ሓደን ሰዓት ሓሙሽተን ናይ ወጋሕታ።

**ሰፈር፡፡** ኣብ ቤት ቀያፋ ሊቀ ኻህናት፥ ኣብ የሩሳሌም።

ቀንዲ ሓሳባት፡፡ ቀንዲ ሓሳባት ናይ ሎሚ ትምህርትና፡ የሱስ ዝተቐበሎ ዘይቅኑዕ ፍርዲ እዩ። ብግቡእ ንምክሰሱ ብቑዓት ምስክር ተሳእኑ። እዚ ሓደ ካብቲ የሱስ ናይ ሓቂ መሲህ ምዃኑ ከረድኦም ዝግባእ መግለጺ ነበረ።

**መግለጺ**

**የሱስ ተታሕዘ።** የሱስ፡ ኣብ ኣፍ ደገ ጌተሰማኔ፡ ሰዓት ሓደ ናብ ዓርቢ ዘውግሕ፡ ተታሕዘ።

ይሁዳ፡ ብዙሓት ሰይፍን ጉራዴን ፋናታትን ዝሓዙ ወተሃደራት ሒዙ፡ ብትእዛዝ ናይ ኻህናትን ዓበይትን፡ ንጐይታኡ ብምስዓም ኣትሓዞ።

የሱስ ነቶም ዝደልይዎ ዝነበሩ ጭፍራ ከይፈርሀ ተራኸቦም። ንደቀ መዛምርቱ ግና ኪገድፍዎም ለመኖም። ድሕርዚ እቶም ወተሃደራት ንእኡ ሒዞምዎ ከፉ። ጴጥሮስ ነቲ ኣይገድፈካን እየ ኢሉ ንጐይትኡ ዝተሰፈዎ ኪፍጽም ኢሉ፡ ንማልኩስ ዝተባህለ ኣገል ጋሊ ናይ ሊቀ ኻህናት እዝኑ ቈረጾ። በዚ የሱስ ኣንጻር መንግስቲ ሮሜ ዚሰርሕ ዘሎ ምመሰለ ነይሩ። ፈሪሳውያን ከኣ ኣንጻር መንግስቲ ቄሳር ኪትንስእ ደልዩ ኢሎም ምኸሰስዎ ነይሮም፡ የሱስ እዚ ፈሊጡ፡ ነታ እዝኒ ናይቲ ሰብኣይ ኣልገባ፡ ንጴጥሮስ ከኣ "ሰይፍኻ ምለሶ" በሎ። ድሕርዚ ኵሎም ደቀ መዛሙርቱ ገዲፎምዎ ናብቲ ጸልማት ሃደሙ።

**1. የሱስ ኣብ ቅድሚ ሊቀ ኻህናት ሃና።** ጥ.53። ንየሱስ ምስ ሓዝዎ ቅድም ናብ ቤት ሃና ወሰድዎ። ዮሃ.18፡3። ሃና ብሕጊ ሙሴ ንምሉእ ህይወቱ ሊቀ ኻሀናት ኪኸውን ተሸይሙ ነበረ። ግናኸ ሮማውያን ካብዚ መዓርግዚ ኣውሪዶምዎ ነበሩ። ኣይሁድ ግና ጌና ይፈትውዎ ነበሩ። እቲ በቲ እዋን እቲ ብሮማውያን ዝተፈልጠ ሊቀ ካሀናት ቀያፋ፡ ሰብኣይ ጓል ሃና እዩ። ቅድሚ ንየሱስ ገለ ነገር ምግባሮም፡ ካብ ሊቀ ኻህናት ሃና ፍቓድ ከውጽኡ ነበሮም። ኣብ ቤቱ ብ- ካ ፍቓድ ምውጻእ እምበር ካልእ ዝገበሩ ኣይመስልን።

**የሱስ ኣብ ቅድሚ ቀያፋ።** ካብ ሰዓት ሓደ ክሳብ ሰዓት ሰለስተ ናብ ዓርቢ ዘውግሕ፡ ንየሱስ ናብ ቀያፋ ወሰድዎ። ክሳዕ እቶም ዓበይቲ ኣይሁድ ዝተኣኻኸቡ፡ ቀያፋ ንየሱስ ገለ ሕቶታት ሓተቶ። የሱስ፡ ዝገበርክዎ ዘበለ ብግሁድ እምበር ብሕቡእ ስለ ዘይተፈጸመ፡ ክትፈልጦ ኣየሸግረካን እዩ፡ ኢሉ መለሰሉ። ከምዚ ኢሉ ምስ መለሰ፡ ሓደ ካብቶም ኣብ ጥቓኡ ዝነበሩ ገላዉ ጸፍዖ። ዮሃ.18፡19-23።

**2. የሱስ ኣብ ቅድሚ ዓበይቲ ኣይሁድ።** ጥ.53-54። ብዘለዉ ሊቃውንቲ ኻህናትን ዓ በይትን ጻሓፍትን ኣብቲ ቤት ፍርዲ ተኣከቡ። ንዝኸፋ ይኸፉ ሰብ ብለይቲ ምፍራድ፡ ኣንጻር ሕጊ ኣይሁድ እዩ። እዚ ኣኸፍ እዚ ጥራይ ናይቶም ንምቕታል የሱስ ሰሚሮም

ዝነበሩ ከይኮነ ኣይተርፍን። ንስስዔኦም ዝገንሐ ኻህናትን፡ ንግብዝናኦም ዝቐልዐ ፈሪሳውያንን፡ ንድንቁርናኦም ዝቐልዐ ጸሓፍትን፡ ኣንጻር ዘይረብሕ ጥበቦም ዝሰበኸዐ ሰዱቃውያንን፡ ኣብኡ ነበሩ።

**ጴጥሮስ ርሑቕ ኢሉ ሰዓቦ።** ጴጥሮስን ዮሃንስን፡ ድሕርቲ ኣብ መ- መርታ ዝሃደምዎ፡ ተመሊሶም ርሑቕ ኢሎም ንየሱስ ሰዓብዎ። ዮሃንስ 18፡15። ጴጥሮስ ኣብ ኣፍ ደገ ቤት ፍርዲ ከፀይኑ ደው ኢሉ ንየሱስ ዘተስፈዎ ተስፋ ኪፍጽም ተጋደለ።

ርሑቕ ኢልካ ንየሱስ ምስዓብ ድንገታዊ እዩ። 1) ናብ ፈተና ይመርሕ። 2) ካብቲ ምንጪ ኩሉ ናይ ሓጐስ ዝኮነ የሱስ የርሕቐካ። 3) ድኽም ሕልና የምጽእ።

እቶም ንየሱስ ርሑቕ ኢሎም ዝሰዓብዎ 1) ክርእዩ ጥራይ ኢሎም ዝሰዓብዎ እዮም። 2) ብመንፈስን ብሕያውነትን ካብ የሱስ ዝረሓቑ እዮም። 3) ምድሓን ናይታ ክርስቶስ ዝሞተላ ዓለም ዘይግደሱ እዮም።

**3. ንየሱስ ብቑዕ ክሲ ምቕራብ በርተየም።** ጥ.55። እቶም ዋዕላ ንየሱስ ዘቕትል ክስን ምስክርን ደለዩ። ህይወት የሱስ ብዘይ መንቅብ ጥራይ ዘይኮነትሲ፡ ካብቲ ምእንቲ ኪጠልፍዎ ኢሎም ዘምጽእሉ ነገራት ፍጹም ናጻ ስለ ዝነበረ፡ ገለ ክሲ ክረኽቡሉ ኣይከኣሉን።

ሓቂ ክፈልጡ ደልዮም እንተ ዝኸሰስ፡ ክንደይ ምስክር ምረኸቡ ኔሮም። ብዙሓት ካብ የሱስ ዓቢ ሓጐስን በረኸቡን ዝተቐበሉ ምመስከሩ ነይሮም። ሎሚ ከኣ ብዙሓት ኣለዉ ነቶም ናይ ሓቂ መሰኻኽር ናይ ወንጌል ምቕባል ዝኣብዩ።

**4. ሓሰውቲ መሰኻኽር።** ጥ.56-59። ብሓሶት ዚምስክሩ ደልዮም ብዙሓት ረኸቡ፡ ግናኸ ምስምማዕ ሰኣኑ። ኣብ መወዳእታ ዚሳማምዑ ሓሰውቲ መሰኻኽር ረኸቡ። ምስክሮም በዚ ዝስዕብ ምኽንያት ሓሶት ነበረ፡ 1) እቲ የሱስ ዝተዛረቦ፡ ቅኑዕ ጌሮም ኣይጠቐስዎን። 2) ነቲ ዝበሎ ጠውዮም፡ ዘይትርጉሙ ሃብዎ።

“ኣነ ነዛ--- ቤት መቕደስ ከፍርሳ እየ--- ኪብል ከሎ ንሕና ሰሚዕናዮ።” ኣንጻር ቤት መቕደስ ምዝራብ፡ ፍርዱ ናብ ሞት ዘብጽሕ ነበረ። ኣይሁድ ንቤት መቕደሶም ኣዝዮም ዘፍቅርዎ ስለ ዝነበሩ ልክዕ ከም ጣኦቶም ነበረ። የሱስ እዚ ኪብል ከሎ ብዛዕባ ገዛእ ርእሱ እዩ ዚዛረብ ነይሩ። ዮሃ.2፡19። ኣይሁድ ንኣካላቱ ኪድምስስዎ ከም ዝኸሶ፡ ንሱ ግና ኪሃንጻ ከም ዝኸሰ እዩ ዝነገሮም።

**5. ንየሱስ ኪዛረብ ገደድዎ።** ጥ.60-62። የሱስ ትም ምስ በለ፡ እቲ ሊቀ ኻህናት ኪዛረብ ገደዶ። “እኳዶ ኣይትመልስን ኢኻ?” በሎ። እቶም ሓሰውቲ መሰኻኽር ምስምማዕ ምስ ሰኣኑ፡ ሓሳባቶም ናብ ካልእ ዝጠውዮ ገለ ነገር ደለዩ። ንሓድሕዶም ከኣ ኪጋጨዉ - መሩ። የሱስ ስቕ ምባል ዝበለጸ ኩሉ ተሰምዖ እሞ ኣጽቀጠ።

እቲ ሊቀ ኻፀናት፡ ተዛረብ፡ ምስ በሎ እኳ፡ ኣይመለሰን። ገለ ብቑዕ ክሲ ምስ ሰኣኑ፡ እንታይ ከም ዝገብሩ ጠፊኦም። ድሕርዚ እቲ ሊቀ ኻፀናት፡ ምናልባሽ የሱስ ገለ እንተ ተዛረበ እሞ፡ ናብ ጸርፊ ኪልውጥዎ እንተ ከኣሉ ኢሉ፡ “ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽዐእንተ ኴንካስ ክትነግረና፡ በቲ ህያው ኣምላኽ ኤምሕለካ ኣለኹዐ በሎ።

የሱስ ንሱ እቲ መሲህ ምዃኑ ይእመን። እቲ ሊቀ ኻፀናት፡ ንስኻዶ ወዲ ኣምላኽዐ ኢኻዶ ኢሉ ምስ ሓተቶ፡ የሱስ፡ “ኣነ እየ፡” በለ። ሕጂ ስቕ ምባል ዘይከኣል ኰነ። ስቕ እንተ ዝብል ንሱ መሲህ ምዃኑ ኪሒዱ ማለት ምኽኣሎ ነይሩ። በዚ እዋን እዚ የሱስ ወንጌሉ ኣብ ቅድሚ እቶም ዋዕላ ኪእውጅ ዕድል ረኺበ። ወቐሳ ዘምጽኣሉ እኳ እንተ ኰነ፡ ነዚ ዕድልዚ ኪነጽጎ ኣይደለየን። ገዛእ ርእሱ ኪኽሕድ ኣይከኣለን። ሕጂ እንተ ቐተልዎ፡ እቲ መሲሆም ከም ዝቐተሉ ብርግጽ እናፈለጡ ኪቐትልዎ ማለት እዩ። ህድእ ኢሎም ሓሲቦም ነይሮም እንተ ዝኰነ፡ ብጥንቃቐ ኪዓዩ፡ ነቲ ዝበሎ ከኣ ኪምርምርዎ ምከኣሉ ነይሮም። “ንወዲ ሰብ ኣብ የማን ሓይሊ ተቐሚጡ፡ ብደመና ሰማይ ኪመጽእ ከሎ ክትርእይዎ ኢኹም፡” እናበለ ከኣ ኣጠንቀቖም። ሕጂ ንሳቶም እዮም ሓይሊ ዘለዎም፡ ብግርማ ኪመጽእ ከሎ ግና፡ ሓይሊ ናቱ ኪኸውን እዩ። ሕጂ ኣብ መንበር ፍርዲ ንሳቶም ኣለዉ፡ ሽዑ ግና ንሱ እዩ ፈራዲ ዚኸውን።

**6. የሱስ ብጸርፊ ተኸሰሰ።** ጥ.63-64። የሱስ ዝበሎ ምስ ሰምዔ፡ እቲ ሊቀ ኻህናት ክዳኑ ቐደደ። እቲ የሱስ ዝበሎ ንልቡ ከመይ ከም ዘጕሃዮ ዘርኢ ምልክት እዩ። ግናኸ ከምስል ደልዩ እዩ እምበር ክሳዕ ክንድቲ ዘጕህዮ ነገር ኣይተዛረበን። ክዳን ምቕዳድ ግሉጽ ምልክት ናይ ኩነኔ ነበረ። “ደጊምከ እንታይ ግዲ ምስክር ኣሎና?” በሉ። ሓደ ጥራይ ናይ ሓቂ ምስክር ረኺቡ፡ ነቲ ምስክሩ ምእማን ስለ ዝኣበይዎ ግና ብእኡ ገይሮም ኰነንዎ።

“ምጽራፉ ሰሚዕኩም፡” ተባሂሉ። ንገዛእ ርእሱ ማዕረ ኣምላኽዐ ስለ ዝገበራ እዮም ጸርፊ ዝቘጸሩሉ። ዮሃ.10፡33። እዚ ክሲ ዚ ኣብ ፍርዲ ሮማውያን ገለ ጥቕሚ ኣይነበሮን፡ ጌና ግና፡ ብእኡ ደኣ ተሳማምዑ። ኣብ ሕጊ ኣይሁድ ግና ግቡእ መቕጻዕቲ ናይ ጸርፊ ሞት እዩ ዝነበረ። ዘሌ.24፡16።

**7. ንየሱስ ኣላገጹሉ።** ጥ.65። እቲ ዋዕላ ምስ ተዓጽወ፡ የሱስ ክሳዕ ዝወግሕ ኣብ ቅድሚ እቶም ህዝቢ ደው ኢሉ ነበረ። በዚ እዋንዚ እቶም ህዝቢ ንየሱስ ኣላገጹሉን ጸፍዕዎን። በበይኑ ዓይነት መግረፍቲ ከኣ ተገርፈ።

**8. ጴጥሮስ ንጐይታኡ ኸሓዶ።** ጥ.66-72። የሱስ ኣብ ቅድሚ እቲ ሊቀ ኻፀናት ኪፍረድ ከሎ እዩ ጴጥሮስ ዝኸሓዶ። ጴጥሮስ ግና ከምቲ ናይ ይሁዳ ዘይኰነስ፡ ብውሽጡ ተጣዕሰ። ድሕሪ መሪር ሓዘን ጴጥሮስ ተሓድገሉን ናብ መጓሰ ጐይታኡ ተመልሰን። ዮሃ.21፡15-17። ሓቅነት ናይ ንስሓኡ በቲ ውፉይ ዝኸሰ ኣብ ምሉእ ህይወቱ ዘበርከቶ ኣገልግሎት ክንርኢ ንክኣል።

እቲ ዋዕላ ክሳዕ ዝወግሕ ተዓጽወ። እቶም ዋዕላ ብለይቲ ዝኸደ ይኸድ ገበን ኪምርምሩ ፍቓድ ኣይነበሮምን። ኣብ ሕጊ ሮማውያን ከኣ፡ ቅድሚ ወጋሕታ ዚወሃብ መቕጻዕቲ ኣይቁጸርን ነበረ። ስለዚ ነቲ ዋዕላ ክሳዕ ዝወግሕ ዓጸውዎ።

9. **ናይ መወዳእታ ምርጫ።** ማር. 15፡1, ማቴ.27፡1, ሉቃስ. 22፡66-71። ምስ ወግሐ እቶም ዋዕላ እንደገና ተኣከቡ። እቲ ክሱ እንደገና ተደግመ፡ እንደገና ከኣ ምርጫ ገበሩ። ካብኡ ናብ ቤት ፍርዲ ሮማውያን ማለት ናብ ጲላጦስ ሰደድዎ። ብዘይ ብእኡ እቲ ዝመደብዎ ፍርዲ ኪቐውም ኣይክእልን ነበረ።

**ሕቶታት**

1. ስለምንታይ እዮም ንየሱስ ቅድም ናብ ሊቀ ኻህናት ሃና ዝወሰድዎ?
2. ብምንታይ መገዲ እዩ እቲ ንየሱስ ዝተዋህቦ ፍርዲ ቅኑዕ ዘይነበረ?
3. እታ ቀዳመይቲ ዘምጽኡሉ ክሲ እንታይ ነበረት?
4. እቲ የሱስ ዝበሎ እንታይ ነበረ?
5. የሱስ ከመይ ጌሩ ኣጠንቀቖም?
6. ስለምንታይ እዩ የሱስ ቅድም ስቕ ዝበለ፡ ኣብ መወዳእታ ግና ዝተዛረበ?

**መረድኢ**

**ብሓሶት ምምስካር**

ሓደ ሰባኺ ወንጌል ኣብ ዓዲ ፈረንሳ፡ በቶም ህዝቢ ተታሕዘ እሞ፡ እቲ ሓለቓ ናይታ ከተማ ከድሕኖ ኢሉ፡ "ነታ ዝበሉኻ ማሕላ ኣይትውሰዳ። ኣነ ግና ነቶም ህዝቢ ወሲድዋ ክብለልካ እየ፡" በሎ። እቲ ሰባኺ "ኣነ ባዕለይ ነቶም ህዝቢ ሓሶትካ ክገልጸሎም እየ። ንህይወተይ ብሓሶት ከድሕና ኣይተፈቐደለይን። እቲ ነታ ማሕላ ኪወስዳ ዘይፈቐደለይ፡ ኣምላኽ፡- ነታ ማሕላ ከም ዝወሰድክዋ ከእምን ኣይፈቕደለይን እዩ ኢሉ ነቲ ሓለቓ መለሰሉ። ድሕርዚ እቲ ሓለቓ ትም በለ እሞ እቲ ሰባኺ ተቐትለ።

**ውርደት ምስካም**

ሓደ ክርስትያን ብሓደ ሰብ ብዙሕ ውርደት ተቐበለ። እዚ ክርስትያን ናብ ሓደ ሽማግለ ሰብኣይ ከይዱ ብዛዕባ እቲ ዝተጓነፎ ውርደት ኣዛረቦ። እቲ ሽማግለ እናሰሓቐ፡ "እዚ ሕጂ ዘጕሀየካ ዘሎ ነገራት፡ ድሕሪ ዓሰርተው ክልተ ወርሒ ከመይ ዘይረብሕ ኰይኑ ከም ዝረኣየካ እሞ ሕሰበሉ፡" ይብሎ። ንኹሉ ካብ ሰብ ዚመጻና ዘጕሂ ነገራት ከምዚ ጌርና እንተ ንሓስበሉ፡ ክንደይ ስቓይን ቃንዛን መዝሓልና ኔርና።

## የሱስ ኣብ ቅድሚ ጲላጦስ

## ቅዱስ ጽሑፍ፡- ማር.15፡1-15

1 - ምስ ወግሐ፡ ብኡብኡ ሊቃውንቲ ኻህናትን ዓበይትን ጸሓፍትን ብዘሎ እቲ ዋዕላን ምኽሪ መኸሩ፡ ንየሱስ ኣሲሮም ወሰድዎ፡ ኣሕሊፎም ከኣ ንጲላጦስ ሃብዎ።

2 - ጲላጦስ ድማ፡ ንስኻዶ ንጉስ ኣይሁድ ኢኻ ኢሉ ሓተቶ። ንሱ፡ ንስኻ እኳ ትብል ኣሎኻ፡ ኢሉ መለሰሉ።

3 - ሊቃውንቲ ኻህናት ድማ ብዙሕ ከሰስዎ።

4 - ጲላጦስ ከኣ ከም ብሓድሽ፡ እነሆ፡ ክንደይ ይኸሱኻ ኣለዉ። እኳዶ ኣይትምልስን ኢኻ ኢሉ ሓተቶ።

5 - የሱስ ግና፡ ጲላጦስ ክሳዕ ዚግረም፡ ሓንቲ እኳ ኣይመለሰን።

6 - በብበዓል ድማ ዝለመንዎ ሓደ ካብቶም እሱራት ይፈትሓሎም ነበረ።

7 - ምስቶም ጋሮ ዝገበሩ ኣብቲ ጋሮውን ነፍሲ ዝቐተሉ፡ በርባን ዚበሃል ተኣሲሩ ነበረ።

8 - እቶም ህዝቢ ድማ ደይቦም፡ ከምታ ልማዶም ኪገብረሎም፡ ኪልምንዎ - መሩ።

9-10 - ጲላጦስ ከኣ እቶም ሊቃውንቲ ኻህናት ብቕንኣቶም ኣሕሊፎም ከም ዝሃብዎ ፈሊጡ ነበረ እሞ፡ ነቲ ንጉስ ኣይሁድ ክፈትሓልኩምዶ ትደልዩ ኣሎኹም? ኢሉ መለሰሎም።

11 - እቶም ሊቃውንቲ ኻህናት ግና ነቶም ህዝቢ፡ ንበርባን ኪፈትሓሎም ኪልምኑ ኣዕገርገርዎም።

12 - ጲላጦስ ግና ከም ብሓድሽ፡ ነዚ ንጉስ ኣይሁድ እትብልዎ ከዐ እንታይ ክገብሮ ትደልዩ ኣለኹም? ኢሉ መለሰሎም።

13 - ንሳቶም ግና፡ ስቐሎ፡ ኢሎም ከም ብሓድሽ ጨደሩ።

14 - ጲላጦስ ከኣ፡ እንታይ ክፉእከ ገበረ? በሎም። ንሳቶም ግና ዓው ኢሎም፡ ስቐሎ በሉ።

15 - ጲላጦስ ድማ፡ ፍቓድ እቶም ህዝቢ ኪገብር ስለ ዝፈተወ ንበርባን ፈትሓ ሎም። ንየሱስ ከኣ ኪስቀል ገሪፉ ሃቦም።

**ዚጽናዕ ጥቕሲ፡-** ጲላጦስ ድማ፡ ንሊቃውንቲ ኻህናትን ነቶም ሰብን፡ ኣብዚ ሰብኣይ እዚ ሓንቲ በደል እኳ ኣይረኸብኩን፡ በሎም። ሉቃስ. 23፡4።

# መዓልታዊ ትምህርቲ

**ግዜ፡፡** ብሚያዝያ 7፡ ዓርቢ መዓልቲ፡ በታ የሱስ ዝተሰቐለላ መዓልቲ፡ ኣብ መበል 33 ዓመት ዕድሚኡ።

**ሰፈር፡፡** ኣብ ቤት ፍርዲ ናይ ጲላጦስ፡ ምናልባት እቲ ግቢ ናይ ኣንቶንያ ዚበሃል፡ ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ ናይቲ ቤት መቕደስ ናይ የሩሳሌም ዚርከብ ከይኰነ ኣይተርፍን።

**ቀንዲ ሓሳባት፡፡** ኣብዚ ናይ ሎሚ ትምህርትና ፍርዲ የሱስ ክንመሃር ኢና። ግናኸዐ ኣውራ ፍርዲ ሰብ እዩ ዘርእየና። ነቲ ኣበር ዘይብሉ የሱስ እንታይ ኪገብርዎ እዮም? ዚብል ሕቶ ኣብ ቅድሚ እቶም ኣብኡ ዝነበሩ ህዝብን፡ ኣብ ቅድሚ ጲላጦስን፡ ኣብ ቅድሚ ሊቃውንትን ጸሓፍትን፡ ተነቢሩ ነበረ።

## መግለጺ

1. **የሱስ ፍርዱ ኪቕበል ኣብ ቅድሚ ጲላጦስ ቀረበ።** ጥ.1። “ምስ ወግሐ፡ ብኡብኡ ሊቃውንቲ ኻህናትን ዓበይትን ጸሓፍትን ብዘሎ እቲ ዋዕላን ምኽሪ መኸሩ።” ከም ስርዓት ኣይሁድ፡ ብለይቲ ዝተገብረ ፍርዲ ቅቡል ስለ ዘይነበረ፡ በቲ ኣብ ናይ ዝሓለፈ ትምህርትና ዝገበርዎ ፍርዲ፡ ኪኸፉ ኣይከኣሉን። ስለዚ ምእንቲ ፍርዶም ቅቡል ኪኸውን እንደገና ምስ ወግሐ ተኣከቡ። ድሕርዚ ንየሱስ ኣሰርዎ። የሱስ ኣብቲ ፍርዲ ቀሪቡ ከሎ፡ ንቐሩብ ግዜ ተፈቲሑ ከም ዝነበረ፡ በዚ እዋን እዚ ግና ክሳዱ ብገመድ ዝኣሰርዎ ይመስል

**እቲ ፈራዲ፡፡** “ኣሕሊፎም ንጲላጦስ ሃብዎ።” ጲላጦስ ከምቲ ዝፈረድዎ፡ ከይመርመረ፡ ትም ኢሉ ይከዕልኩም፡ ዝብሎም መሰሎም። እቶም ሊቃውንቲ ኻህናት፡ የሱስ ኪቕተል ጥራይ ዘይኰነስ፡ ኪስቀል እሞ፡ ኣብ ቅድሚ ኵሉ ሰብ ከም ርጉም ኰይኑ ኪረአ ደለይዎ። ጲላጦስ ኣብ ምምሕዳሩ ብዙሕ ግዜ ብዘይጠቕም ነገራት ንኣይሁድ ኣጕህይዎም ነበረ። ጠባይ ናይ ጲላጦስ፡ ኣብዚ ናይ የሱስ ፍርዲ ከነስተብህለሉ ንኽእል። ቅኑዕ ኣየናይ ምዃኑ ዘለለ ግናኸዐ ቅኑዕ ኪገብር ትብዓት ዘይብሉ ሰብኣይ ነበረ። ንሓቅን ንንጽህናን ደው ዚብል ዓንዲ ሕቘ ኣይነበሮን።

**ክሲ ናይ የሱስ፡፡** ሮማውያን ብዛዕባ ሃይማኖት ኣይሁድ ግዲ ስለ ዘይነበሮም፡ ኣብ ቤት ፍርዲ ሮማውያን ናይ ሃይማኖቶም ክሲ ከምጽኡሉ ኣይደለዩን። ስለዚ ኣብ ቅድሚ ጲላጦስ ምስ ቀረቡ፡ ካብ ናይ ቅድም ዝተፈልየ ክሲ ኣቕረቡ። እቲ ንጲላጦስ ዝነገርዎ ክሲ ሓቂ ነይሩ እንተ ዚኸውን፡ የሱስ ኪፍትሓሎም እምበር፡ ኪስቀል ኣይምደለይዎን ነይሮም። እቲ ዘቕረብዎ ክሲ ሰለስተ ዓይነት ነበረ። ኣብ ሕጊ ሮማውያን ከኣ ዝዓበየ ገበን ነበረ። 1) ጋሮ ወይ ናዕቢ ኣልዒሉ። 2) ንቄሳር ግብሪ ምኽፋል ከልኪሉ። 3) ንጉስ ኣይሁድ እየ ከኣ ይብል። ሉቃስ. 23፡2።

2. **ቀዳማይ መርመራ ኣብ ቅድሚ ጲላጦስ።** ጥ.2-5። **ቀዳማይ፡፡** ጲላጦስ ቅድም ምስቶም ኣይሁድ ዋዕላ ገበረ። ኣብ ኣይሁድ ብእዋናት ፋስጋ ኣብ ቤት ኣህዛብ ምስ ዝኣትዉ ዘይንጹሃት ይቑጸሩ ነበሩ። ስለዚ እቶም ከሰስቱ ኣብቲ ቤት ፍርዲ ኪኣትዉ ኣይከኣሉን። ኣብ ወጻኢ ኰይኖም እዮም ምስ ጲላጦስ ዋዕላ ዝገበሩ። እቲ ኣብዚ ኣኼባዚ ዝተዛረቡሉ ኣብ ዮሃንስ ተጻሒፉ ኣሎ።

**ካልኣይ፡፡** ድሕርዚ ጲላጦስ በይኑ ምስ የሱስ ተዛረበ። ጲላጦስ ድማ፡ "ንስኻዶ ንጉስ ኣይሁድ ኢኻ?" ኢሉ ሓተቶ። ካብቲ ኣርባዕተ ወንጌላት ካብ እንርእዮ፡ እዚኣን እየን እተን ቀዳሞት ጲላጦስ ንየሱስ ዝተዛረቦ ቃላት። ጲላጦስ ንየሱስ ምስ ረኣዮ፡ ብምድናቕ፡ "ንስኻ ንዑቕ፡ ሓደ ሰዓቢ ዘይብልካ፡ ብዘይ መዋግኢ መሳርያ፡ ብዘይ ሃብቲ፡ ከመይ ጌርካ ንጉስ ኣይሁድ እየ ክትብል ትኽእል?" ዝብሎ ዝነበረ ይመስል። የሱስ ከኣ "ንስኻዕእኳ ትብል ኣሎኻ" ኢሉ መለሰሉ። እዚ ምላሽ እዚ ጥርጥር ዘለዎ ዘይኰነስ፡ ብርቱዕ ርግጽነት ዘለዎ ምላሽ ነበረ። ከምቲ ኣብ ዮሃ. 18፡34-38 እነንብቦ፡ የሱስ ንጉስ ከም ዝኾነ፡ ግናኸዕ መንግስቱ ካብዛ ዓለም እዚኣ ከም ዘይኰነት ይነግሮ። በዚ ከኣ መንግስቱ ንመንግስቲ ሮሜ ዜፈራርህ ከም ዘይኰነ ከረድኦ ከኣለ።

**ሳልሳይ፡፡** ጲላጦስ እንደገና ምስቶም መራሕቲ ኣይሁድ ዋዕላ ገበረ። ካብቲ ቤት ፍርዲ ወጺኡ፡ እቲ ምስ የሱስ ዝተዛራረቦ ነገሮም። ሓንቲ በደል ከም ዘይረኸበሉ ከኣ ኣግሂዱ ገለጸሎም። ሓንቲ በደል እኳ ዘይረኸበሉ ክንሱ፡ ከይፈትሖ ንኣይሁድ ፈርሄ። ኣብ ውሽጢ ጲላጦስ ብርቱዕ ውግእ ነበረ። ኣብዚ ፍርድዚ ከኣ፡ ንሱ ከኣ እምበር፡ የሱስ ጥራይ ኣይኰነን ዝፍረድ ዝነበረ። ንቕኑዕዶ ደው ኪብለሉ እዩ ወይስ ንሓሶት? ዚብል ሕቶ ኣብ ቅድሚኡ ነበረ። ኣብ ጥቕሲ 3-5 ጸብጻብ ናይዚ ኣኼባዚ ነንብብ።

ሊቃውንቲ ኻህናት ዘረባ ጲላጦስ ምስ ሰምዑ፡ እንደገና ኣበርቲዖም ኪኸስዎ - መሩ። እቲ ቐንዲ ክሶም ድሮ ሰሚዕናዮ ኣሎና። ኣብዚ ከኣ፡ መመሊሶም ደጋጊሞም ይካትዑን ይከሱን ነበሩ። ምእንቲ ክሶም ኪሰምዕ፡ ንየሱስ ናብቲ ኣይሁድ ዝነበርዎ ቦታ ዘምጽእዎ ይመስል። የሱስ ግና ኣብ ቅድሚ ኣይሁድ ምስ ተሓተተ፡ "ሓንቲ እኳ ኣይመለሰን።" በይኖም ከለዉ፡ የሱስ ንጲላጦስ ይምልሰሉ ነበረ፡ በዚ እዋንዚ ስቕ ብምባሉ ጲላጦስ ኣዝዩ ተገረመ። ስለምንታይ እዩ በዚ እዋን እዚ ምምላስ ዝኣበየ? ኣብ ከምዚ ዝበለ ብርቱዕ ክሲ ከመይ ገይሩ ጸጥታን ህድኣትን ኪርኢ ይኽእል? እናበለ ተገረመ። ከምዚ ዝበለ ህድኣት፡ ኣብ ምሉእ ምግታእ ናይ ኵለንትናኡ ዘለዎ፡ ልዕሊ ሰብ ዝኾነ ባህርይኡ፡ ጥራይ እዩ ኪረአ ዚከኣል።

3. **ጲላጦስ ንየሱስ ናብ ሄሮድስ ሰደዶ።** ሉቃስ. 23፡5-12። ድሕሪ ሰዓት ሹዱሽተ ዓርቢ ንግሆ፡ ጲላጦስ ንየሱስ ናብ ግቢ ሄሮድስ ሰደዶ። ጲላጦስ ንየሱስ ኪፈትሖ ዝደለየ፡ እዚ ካልኣይ ግዜኡ እዩ። እቲ ቐዳማይ ግዜ ገበን ከም ዘይብሉ ገለጸሎም፡ ኣይሁድ ግና

ምቕባሉ ኣበዩ። ክሲ ናይ የሱስ ንሰብ ዜናዕብ ከም ዝኾነ ፈሊጡ፣ መታን ንየሱስ ከይፈርዶ ኢሉ፣ ናብቲ ሓለቓ ናይ ገሊላ ዝነበረ፣ በቲ እዋንቲ ከኣ ናብ የሩሳሌም ኪበጽሕ መጺኡ ዝነበረ፣ ሄሮድስ ሰደዶ። ኣይሁድ እንደገና ኣብ ቅድሚ ሄሮድስ ኣበርቲዖም ከሰስዎ። ሄሮድስ ከኣ ብግዲኡ ንየሱስ መርመሮ፣ የሱስ ግና ቃል እኳ ኣይመለሰሉን። ድሕርዚ ሄሮድስን ወተሃደራቱን ኣላገጹሉ፣ ልብሲ መንግስቲ ከዲኖም ከኣ ናብ ጲላጦስ መለስዎ። ጲላጦስ ኣብ ክንዲ ቅኑዕ ዚፈርድ፣ ክልተ ዓይኒ ስለ ዝረኣየ፣ ኵሉ ዚሓሰቦ ኪሰልጠሉ ኣይከኣለን።

4. **ካልኣይ ፍርዲ ኣብ ቅድሚ ጲላጦስ።** ጥ.6-14። የሱስ ምስ ተመልሰ፣ ጲላጦስ እንደገና ነቶም ሊቃውንትን ዓበይትን፣ ሄሮድስውን ናብ ሞት ዘብጽሕ ገበን ከም ዘይረኸቡሉ ነገሮም። ድሕርዚ እቶም ህዝቢ ከምቲ በብዓመቱ ዚገብረሎም ዝነበረ፣ ሓደ እሱር ኪፈትሓሎም ለመንዎ። ጥ.8። ጲላጦስ እዚ ምስ ሰምዔ፣ ንየሱስ ኪፈትሖ ዕድል ዝረኸበ መሰሎ። "ነቲ ንጉስ ኣይሁድዶ ኪፈትሓልኩም ትደልዩ ኣለኹም?" ኢሉ ከኣ ሓተቶም። ህዝቢ ስለ ዝፈትዎ፣ ሊቃውንቲ ኻህናት ቀኒኦምሉ ኬትሕዝዎ ይደልዩ ከም ዝነበሩ ይፈልጥ ነበረ። ስለዚ ምናልባት እቶም ህዝቢ ንየሱስ ኪፈትሓሎም ይደልዩ ይኾኑ ኢሉ ሓሰበ።

**ሕልሚ ሰበይቲ ጲላጦስ።** እቶም ህዝቢ፣ ጲላጦስ ንመን ከም ዝፈትሓሎም ኪመርጹ ከለዉ፣ ሰበይቲ ጲላጦስ ንየሱስ ከይትኾኖ ኢላ ንሰብኣያ ልኡኻት ሰደደትሉ። ማቴ.27፣19።

**መግረፍቲ የሱስ።** ዮሃ.19፣1። ጲላጦስ፣ ኣብ ቅድሚ እቶም ህዝቢ፣ ንየሱስ በቲ ሓጺንን ሰባር ኣዕጽምትን ዝመልኤ ጨግራፍ ናይ ሮማውያን ገይሩ ዘበጦ። ጲላጦስ እዚ ዝገበረ፣ ምእንቲ ልቢ ናይቶም ህዝቢ ኪሰብር እሞ፣ ኣብ ክንዲ ስቕለትሲ እዚ ይኣኽሎ ክብሉ ኢሉ ይኸውን።

**እንደገና ንየሱስ ኣላገጹሉ።** ዮሃ.19፣2-3። እቶም ሮማውያን ወትሃደራት ንየሱስ ወሲዶም ልብሰ መንግስቲ ዝመስል ከዲኖም፣ ኣኽሊል እሾኽ ኣብ ርእሱ ደፍኡሉ እሞ፣ ከላግጹሉ - መሩ።

**በርባን ኪፍታሕ ተመርጸ።** ጥ.11። መራሕቲ ኣይሁድ፣ እቶም ህዝቢ በርባን ኪፍትሓሎም ኪልምኑ ኣዕገርገርዎም። ነቲ ልክዕ ከምቲ ንየሱስ ብሓሶት ዝከሰስዎ፣ ዝገበረ ሰብኣይ፣ ኪፍትሓሎም ለመኑ።

**ሕቶ ጲላጦስ።** "ነዚ ንጉስ ኣይሁድ እትብልዎኹ እንታይ ክገብሮ ትደልዩ ኣሎኹ

ም?" ጲላጦስ ነዚ ሕቶዚ፡ ንዘይግቡእ ወገን ሓተቶ። ንሕልናኡ እምበር ነቶም ህዝቢ ኪሓቶም ኣይነበሮን። እዚ ሕቶዚ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ኪምልሶ ዚግባእ ሕቶ እዩ። ኵሉ ሰብ፡ ብዛዕባ የሱስ ገለ ነገር ኪገብር ኣለዎ፡ ወይ ኪቕበሎ ወይ ከኣ ኪነጽጎ። ነዚ ሕቶዚ ከይመለሱ ኪሓልፉ ዝደልዩ ሰባት ብዙሓት እዮም፡ ግናኸ ዘይከኣል እዩ። እቲ ዝዓበየ ሓጢኣት ኣብ ዓለም፡ ንየሱስ ምንጻግ እዩ። ኣብ ህይወትና፡ "ብዘይ የሱስሲ እንታይ ክገብር እየ?" ኢልና እንሓተሉ ግዜ ይመጽእ እዩ። ኣብቲ ሓጢኣትና ዘይሕደግ ኰይኑ ዚስማዓና ግዜ፡ ኣብ ግዜ ሕማም፡ ኣብ ግዜ ጭንቂ፡ ኣብ ሞት፡ ኣብ መዓልቲ ፍርዲ፡ ብዘይ የሱስን ፍቕሩን ሓገዙን ምጽንናዑን ደው ኪብል ዚኽእል መን ኣሎ?

ጲላጦስ ነቶም ህዝቢ፡ ንየሱስ እንታይ ክገብሮ እየ? ኢሉ ምስ ሓተቶም፡ "ስቐሎ፡" ኢሎም መለሱሉ። "ጲላጦስ ከኣ፡ እንታይ ክፉእከ ገበረ? በሎም። ንሳቶም ግና ዓው ኢሎም፡ ስቐሎ፡ በሉ።"

**ጲላጦስ ኣእዳዉ ተሓጽበ።** ማቴ.27፡24-26። ቅድሚ ናይ መወዳእታ ፍርዱ ምሃብ፡ ጲላጦስ ማይ ወሲዱ ኢዱ ተሓጽበ። እዚ ዝገበረ ምልክት ናይ ብኣፉ ዝተዛረቦ ቃላት ነበረ፡- "ኣነ ካብ ደም እዚ ጻድቕ እዚ ንጹህ እየ፡ ባዕላትኩም ፍለጡ፡ በሎም።" ግናኸ እዚ ዝገበሮ ግብርን ዝበሎ ቓላትን ካብ ገበኑ ከድሕኖ ኣይከኣለን። ክሳዕ ሎሚ ጻድቕ ምዃኑ እናፈለጠ፡ ንወዲ ኣምላኽ ዝሰቐለ፡ ኢልና ኢና እንዝክሮ።

**5. የሱስ ስቕለት ተፈርደ።** ጥ.15። ጲላጦስ ንኣይሁድ ምስ ዘጉህዮም፡ እቲ ዝነበሮ ሃብትን፡ ስልጣንን፡ ማዕርግን፡ ህይወቱውን፡ ከየጥፍእ ፈርሀ። ኣይሁድ፡ "ነዚ እንተ ደኣ ፈቲሕካዮ መቕናቕንቲ ቄሳር ኢኻ ምስ በልዎ፡ ምእንቲ ንእኦም ባህ ኪብል ኢሉ ድላዮም ሃቦም።

**ውድቀት ናይ ጲላጦስ።** ጲላጦስ ተቢዑ ነቲ ቅኑዕ ኪገብር ስለ ዘይደለየ፡ ኵሉ እቲ ንየሱስ ኬድሕኖ ኢሉ ዝገበሮ ጻዕሪ ከንቱ ኰነ። ቅኑዕ ንምግባርሲ ሓገዝ ናይቶም ህዝቢ ደለየ። ምእንቲ ቕንዕና፡ ህይወቱ እኳ ኪውፊ ኣድላዪ ከም ዝኾነ ረስዐ። ንየሱስ ኬድሕኖ ኢሉ ብምጽዓሩ፡ ጲላጦስ ኣዝዩ ጨካንን ክፉእን ሰብ ከም ዘይነበረ ክንርኢ ንኽእል። ሎሚ ግና ሰብ ኪዝክሮ ከሎ፡ ከም ኣዝዩ ክፉእን ጨካንን ሰብ እዩ ዚዝክሮ።

**ሕቶታት**

1. እቶም ህዝቢ ንየሱስ እንታይ ገበን ረኺቡሉ?
2. ጲላጦስ ኣብ የሱስ እንታይ ገበን ረኺበ?
3. ጲላጦስ ንየሱስ ከመይ ገይሩ ኪፈትሖ ተጋደለ?
4. ስለምንታይ ደኣ ዘይፈትሖ?
5. ከመይ ገይሩ ካብ ሓላፍነቱ ከምልጥ ደለየ?

**መረድኢ**

**ኣኽሊል እሾኽ**

የሃንስ ሃስ ዝተባህለ፡ ሓደ ካብ ሰማእታት፡ ኣብ ሓዊ ኪድርበ ምስ ተቐረበ፡ ሰይጣውንቲ ዝተሳእልዎ ኣኽሊል ናይ ወረቐት ኣብ ርእሱ ደፍኡሉ። ምስ ረኣዮ፡ "ጐይታይ የሱስ ምእንታይ ኢሉ ኣኽሊል እሾኽ ደፍአ። ኣነ ከኣ ክሳዕ ክንደይ ዘሕፍር ምኽንያቱ ብዘየገድስ፡ ምእንታኡ ኢለ ነዚ ፈኵስ ኣኽሊል ክደፍኦ እየ። ክገብሮ ከለኹ ከኣ ፈትየ እየ ዝገብሮ።" በለ። ድሕርዚ ደፍኡሉ እሞ፡ "ንነፍስኻ ኣብ ኢድ ሰይጣን ነማዕቊባ ኣሎና፡" በልዎ። ኣዒንቱ ናብ ሰማይ ቋሕ ኣቢሉ፡ "ዎ ጐይታይ የሱስ፡ ኣነ ግና ንነፍሰይ ናባኻ ዕኤማዕቊባ ኣለኹ። ንስኻ ዓዲግካያ ኢኻ እሞ ኣነ ናባኻ ጥራይ እየ ዘማዕቊባ፡" በለ።

## ስቕለት የሱስ

### ቅዱስ ጽሑፍ፡- ማር. 15፡22-37

22 - ናብ ቦታ ጐልጎታ፡ - ትርጓሜኣ ቦታ ኣዕጽምቲ ርእሲ፡- ወሰድዎ።

23 - ምስ ከርበ እተሓወሰ ወይኒ ድማ ሃብዎ። ንሱ ግና ኣይተቐበልን።

24 - ምስ ሰቐልዎ ድማ፡ ክዳውንቱ ተማቐሉ። ንነፍሲ ወከፎም እንታይ ከም ዚበጽሖም ከኣ ዕጭ ኣውደቑ።

25 - እታ ዝሰቐልዎ ጊዜ ከኣ ሳልሰይቲ ሰዓት ነበረት።

26 - ንጉስ ኣይሁድ ዚብል ጽሕፈት ክሱውን ኣብ ልዕሊኡ ተጻሒፉ ነበረ።

27 - ምስኡ ከኣ ክልተ ኸፉርቲ፡ ሓደ ብየማኑ ሓደ ከኣ ብጸጋሙ ሰቐሉ።

28 - እቲ ምስ ዓምጽቲ ተቘጽረ፡ ዚብል ጽሑፍ ተፈጸመ።

29-30 - እቶም ዚሓልፉ ድማ ርእሶም እናነቕነቑ፡ ኣየ፡ ኣታ ንቤተ መቕደስ እተፍርሳ ብሰለስተ መዓልቲውን እትሃንጻ፡ እስኪ ርእስኸዐ ኣድሕን። ካብ መስቀልውን ውረድ፡ እናበሉ ይጸርፍዎ ነበሩ።

31 - ከምኡ ከኣ ሊቃውንቲ ኻህናት ምስ ጸሓፍቲ ንሓድሕዶም፡ ንኻልኦት ኣድሓነ፡ ንርእሱ ኸውድሕን ግን ኣይክእልን።

32 - ርኢና ክንኣምንሲ፡ ክርስቶስ ንጉስ እስራኤል ሕጂ ካብ መስቀል ይውረድ፡ እናበሉ ኣላገጹሉ። እቶም ምስኡ እተሰቕሉውን የላግጹሉ ነበሩ።

33 - ካብ ሳድሰይቲ ሰዓት - ሚሩ ክሳብ ታስዓይቲ ሰዓት ከኣ ብዘላ እታ ሃገር ጸልመተት።

34 - ብታስዓይቲ ሰዓት የሱስ ብዓቢ ድምጺ፡ ኤሎሄ፡ ኤሎሄ ላማ ሰበቕታኒ፡ ኢሉ ጨርሐ። ትርጉሙ ከኣ ኣምላኸይ፡ ኣምላኸይ ንምንጋይ ሓደግካኒ? እዩ።

35 - ካብቶም ኣብኡ ደው ኢሎም ዝሰምዕዎ ከኣ ሓያሎ፡ እንሆ፡ ንኤልያስ ይጽውዖ ኣሎ፡ በሉ።

36 - ሓደ ጐይዩ ሕደጉ፡ ኤልያስ መጺኡ እንተ ኣውረዶ ንርአ፡ ኢሉ መጺጽ ብሰፍነግ መሊኡ ኣብ ዘንጊ ገይሩ ኣስተዮ።

37 3- ሽዑ የሱስ ብዓቢ ድምጺ ጨርሐ፡ ነፍሱ ከኣ ወጸት።

**ዚጽናዕ ጥቕሲ፡፡** ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና፡ ክርስቶስ ክንዳና ሞይቱ እዩ ሮሜ 5፡8።

## መዓልታዊ ትምህርቲ

**ግዜ፡፡** ዓርቢ መዓልቲ፡ ሚያዝያ 7፡ ኣብ መበል 33 ዓመቱ ንየሱስ። እቲ ስቕለት ካብ ሰዓት 9 ናይ ንግሆ ክሳዕ ሰዓት 3 ናይ ምሸት ነበረ።

**ሰፈር፡፡** ብሰሜን ናይ የሩሳሌም እትርከብ ጐልጎታ እትበሃል ሰፈር።

**ቀንዲ ሓሳባት፡፡** የሱስ ምእንቲ ንኣና ኬድሕን ኢሉ፡ ገዛእ ርእሱ ኣብ መስቀል ወፈየ። እቲ መልኣኽ ንሙሴ ኣብቲ ቈጥቋጥ ተራእዮ፡ “እዚ ዘሎኻዮ ቅዱስ ሰፈር እዩ እሞ፡ ኣሳእንካ ኣውጽእ፡” በሎ። መስቀል ናይ የሱስ ከኣ፡ መስዋእቲ ናይ ወዲ ኣምላኽ ሃልሃል ዝበለሉ ሰፈር እዩ። ስለዚ ናብዚ ቅዱስ ሰፈርዚ፡ ኵሉ ስጋውን ዓለማውን ዘይረብሕ ሓሳባትን ካብ ልብና ኣውጺእና፡ ብእምነት ናብኡ ክንቀርብ ይግባእ።

## መግለጺ

**1. ኣብ መገዲ ቀራንዮ።** ጥ.22። ኣብ ሞንጎ ሰዓት ሸሞንተን ፈረቓን ትሽዓተን ፈረቓን ዝተፈጸመ ነገራት። “ናብ ቦታ ጐልጎታ፡ ትርጓሜኡ፡ ቦታ ኣዕጽምቲ ርእሲ፡ ወሰድዎ።” እዛ ሰፈር እዚኣ ኣየነይቲ ምዃና ብርግጽ ዚፍለጥ የልቦን። የሱስ ናብዚ ሰፈርዚ ኪኸይድ ከሎ ዝተፈጸማ ክልተ ነገራት ኣለዋ።

የሱስ መስቀል ተሰኪሙ ናብ ጐልጎታ ኪኸይድ ከሎ፡ ኣዝዩ ደኺሙ ስለ ዝነበረ፡ ስምኦን በዓል ቀሬን ዚበሃል ሰብኣይ ኪሕግዞ ተገደደ። ብዙሓት ኻልኦት ነቲ መስቀል ኪጸርዎ ዝኽእሉ ነይሮም ግናኸ ምእንቲ ኬላግጹ ኢሎም ነዚ ኣፍሪቃዊ ሰብኣይ ካብ ሓንቲ ዓዲ ናብ የሩሳሌም ኪኣቱ ምስ ተጓነፎም፡ ንየሱስ ኪሕግዞ ገደድዎ። ምናልባሽ ንየሱስ ከም ዝደንገጸሉ ብገለ መገዲ ኣርእዩ ይኸውን። ካብቲ ኣብ ማርቆስ እነንብቦ ከኣ፡ ወይ ቅድሚዚ እዋንዚ ወይ ከኣ ድሕሪኡ ወደ መዝሙር ናይ የሱስ ከም ዝነበረ ንፈልጥ። ንወዲ ኣምላኽዐ ምሕጋዝሲ ከመይ ዝበለ ዓቢ ዕድል እዩ። ኵሎም ብፍታዎም መስቀል የሱስ ዝጾሩ፡ ተካፈልቲ ናይዚ ዓቢ ዕድልዚ እዮም።

ኣብዚ ድኻም ዝመልኦ መገዲ ኪኸይድ ከሎ ኣዋልድ የሩሳሌም በኸዮሉን ኣልቀሳሉን። የሱስ፡ እቲ ብምንጻግ ናይቲ መሲህ ኣብታ ከተማ ዚመጽእ ጥፍኣት ኣስተብሂሉ፡ “ምእንቲ ገዛእ ርእስኽዐን ደቅኽዐን ደኣ ብኸያ፡” በለን።

**2. ስቕለት።** ጥ.23-28። ሰዓት 9 ናይ ንግሆ ኣቢሉ። ንየሱስ ቅድሚ ስቕለቱ ምስ ከርበ እተሓወሰ ወይኒ ሃብዎ። እዚ መድሃኒትዚ ንኣካላት ሰብ ዘደንዝዝ፡ ቃንዛ ከም ዘይስምዖ ዚገብር፡ ፈውሲ ነበረ። የሱስ ግና ኣይተቐበለን። ኣብዚ ናይ መወዳእታ ስቓዩ ኵለንተናኡ ፈጺሙ ኪስምዖ፡ ካብ ስቓይ ኰነ ሕብረት ምስ ኣምላኽዐ ከይተፈለጦ ሓንቲ ነገር ኪሓልፎ ኣይደለየን።

ንየሱስ ኪሰቕልዎ ከለዉ ቅድም ነቲ መስቀል ኣብ ምድሪ በጥ ኣቢሎም ንኣካላቱ

ኣብኡ ሰመርዎ። ድሕርዚ ቀስ ኢሎም ነቲ መስቀል ሓፍ ኣበልዎ። ካብቲ ኣብ መስቀል ከሎ ዝተዛረቦ ቃላት እታ ቀዳመይቲ፡ "ኣቦ፡ ዝገብርዎ ኣይፈልጡን እዮም እሞ፡ ኣይትሓዘሎም፡" ትብል ጸሎት ነበረት። እዚ ጸሎትዚ ኣብቲ ዝበርትዔ ቃንዛ ዝነበሮ እዋን፡ ነቲ መስቀል ብሓይሊ ደው ኬብልዎ ከለዉ፡ እዩ ዝጸለዮ። ኣብቲ ዝበርትዔ ቃንዛኡስ ምእንቲ ኻልኦት ደኣ እምበር፡ ምእንቲ ገዛእ ርእሱ ኣይለመነን።

ብዙሕ ግዜ ብዛዕባ ስቓይ ናይ የሱስ ክንሓስብ ከሎና፡ ናብቲ ስጋዊ ስቓዩ ጥራይ ኢና እነድህብ። ግናኸ ስጋዊ ስቓይ ጥራይ ንየሱስ ክሳዕ ክንድቲ ኣይምበርትዖን። ንእኡ ኣዝዩ ዝበርትዖስ፡ ስቓይ ናይ ነፍስን፡ ጾር ሓጢኣት ናይ ዓለምን እዩ። ምእንቲ ምድሓን ነፍስና ኢሉ ኣዝዩ ዓቢ ዋጋ እዩ ዝኸፈለ።

"ክዳውንቱ ተማቐሉ።" እቲ ዝዓበየ ዛንታ ናይ ዓለም ኣብ ቅድሚኦም እናተፈጸመ፡ እቶም ወትሃደራት ነቲ ዘይረብሕ ክዳውንቲ ኪማቐሉ ግዜኦም ኣሕለፉ።

ክሲ የሱስ ኣብ ልዕሊ ርእሱ፡ ኣብቲ መስቀል ተጻሒፉ ነበረ። ንጉስ ኣይሁድ እየ፡ ኢሉ ኢሎም እዮም ከሲሶምዎ ዝነበሩ። "ንጉስ ኣይሁድ" ዚብል ጽሕፈት ብቛንቋታት እብራይስጥን ሮሜን ጽርእን ተጻሕፈ። እቶም ዝጸሓፍዎ ኬላግጹ ሓሲቦም እኳ እንተ ኰኑ፡ በተን በቲ እዋንቲ ፍሉጣት ዝነበራ ቛንቋታት ጌይሮም፡ እቲ ሓቂ ንዓለም ገለጹላ።

ጲላጦስ፡ "እዚ እዩ እቲ እትጽበይዎ ዝነበርኩም መሲህኩም" ዝብሎም ዝነበረ መሲልዎም፡ ሓለቓታት ኣይሁድ ነቲ ጽሑፍ ኣይፈተውዎን። ዮሃ.19፡20-22። ጲላጦስ ግና ኬልግሶ ኣይደለየን።

ምስኡ ክልተ፡ ሓደ ብየማኑ ሓደ ከኣ ብጸጋሙ፡ ክልተ ከተርቲ ሰቐሉ። እዚ መፈጸምታ ናይቲ ኣብ ኢሳ. 53፡12 ዘሎ፡ ብየሱስ ከኣ ኣብ ሉቃ. 22፡37 ዝተደግመ እዩ። የሱስ ምእንቲ ካብ ዓመጻና ኬንጽሃና ኢሉ፡ ምስ ዓመጽቲ ተቘጽረ።

**3. ኣብ ጥቓ መስቀል ዝነበሩ ኣዕሩኽቲ የሱስ።** ዮሃ.19፡25። ኣብ መንጎ እቶም ብዙሓት ጸላእቱ፡ እተን ብኹሉ ዝክኣለን ንየሱስ ዘገልግላኦ ዝነበራ ኣንስቲ ነበራ። ማርያም ኣደ የሱስ፡ ማርያም ሰበይቲ ቀሌዮጳ፡ ማርያም መግደላዊት፡ ካልኦት ኣንስቲ ከኣ ኣብኡ ነበራ። ማቴ.27፡55-56። ካብቲ እኩብ ህዝቢ ቁሩብ ርሒቖ ኢለን ይርእያ ነበራ። ካብቶም ደቀ መዛሙርቲ፡ ዮሃንስ ኣብኡ ነበረ። ዮሃ.19፡26። ተኣማንነትን ፍቕርን ናይዞም ክሳዕ መስቀል ዝሰዓብዎ ሰባት ኣዝዩ ኪነኣድ ይግባእ።

**4. ኣብ ጥቓ እቲ መስቀል ዝነበሩ መላገጽቲ።** ጥ.29-32። ካብ ሰዓት ትሽዓተ ክሳዕ ፋዱስ ዝተፈጸመ ነገራት። ወትሃደራትን ኻህናትን ከተርትን ህዝብን ርእሶም እናነቕነቑ፡ ኪጸርፍዎን ኬላግጹሉን ወዓሉ። ዝበሎ ዘበለ ጠዋውዮም መላገጺ ገበርዎ።

"ካብ መስቀል እስከ ውረድ፡" "ንገዛእ ርእሱ ኬድሕን ዘይከኣለስ ከመይ ገይሩ ነታ

ቤተ መቕደስ ኣፍሪሱ ብሰለስተ መዓልቲ ኪሃንጾ ይኽእል?” “ንኻልኦት ኣድሓነ፡ ንርእሱ ኪድሕን ግና ኣይከኣለን” እናበሉ የላግጹሉ ነበሩ። እቲ ዚዛረብዎ ዝነበሩ ሓቂ ይመስል ነበረ። ግናኸ የሱስ ካብ መስቀል እንተ ዚወርድ፡ ደቂ ሰባት ምድሓን ኣይምረኸቡን ነይሮም።

5. **ድሕነት ናይቲ ከፉእ ሰራቂ።** ጥ.32, ሉቃ.23፡39-43። ኣብ ጥቕሲ 32 ከም እንርእዮ፡ እቶም ክልተ ክልቲኦም መ- መርታ ንየሱስ የላግጹሉ ነበሩ። ጸኒሑ ግና፡ እቲ ሓደ ተቐየረ። እቶም እኩባት ህዝቢ እናላገጹ ከለዉ፡ ሓደ ዘገርም ነገር ተፈጸመ። ሓደ ካብቶም ኣብ መስቀል ተሰቂሎም ዝነበሩ ከተርቲ፡ ሓጢኣቱ ተናዘዘ እሞ፡ ተሓድገሉ፡ ሓድሽ ህይወት ከኣ ተቐበለ። ኣብ ምሉእ መጽሓፍ ቅዱስ ከምዚ ዝበለ ድሕነት እዚኣ ጥራይ ንረክብ። ሓደ ጽሑፍ ጥራይ ተጻሒፉ ዘሎ ምኽንያቱ፡ ግዜ ኣሎኒ፡ እናበልና ከይደሓንና ክሳዕ ግዜ ሞት ከይንጽበ። በቲ ሓደ ወገን ከኣ፡ ግዜ ሞት ምስ በጸሕና፡ ሕጅስ ተስፋ የብለይን ኢልና ከይንቀብጽ፡ ግዜ ከሎካ ንምድሓንካ ክሳዕ ግዜ ሞትካ ምጽናሕ ብዙሕ ተስፋ ዘይብሉ እዩ። ግናኸ ሓንቲ ነፍሲ በታ ናይ ሞት እዋን ጉድለታ ተረዲኣ እንተ ተጣዕሰት፡ ተስፋ ክትቑርጽ የብላን።

6. **ንሰለስተ ሰዓት ኣብ ኵላ እታ ሃገር ጸልማት ኰነ።** ጥ.33, ማቴ.27፡45, ሉቃ.23፡44-45። ድሕሪ እቲ ብትዕግስቲ ኣምላኸ ዝተጸረ ዘሰክሕ ቃንዛ ናይ ሰለስተ ሰዓት። እንደገና ንሰለስተ ሰዓት ዝኸውን ጸልማት ኰነ። እዚ ጸልማትዚ ምልክት ናይቲ ዝገዝእ ዝነበረ ሓይልታት ናይ ጸልማትን፡ ምልክት ናይቲ ምእንቲ ምድሓን ሰብ ዝተገብረ ዓ ብዪ ስቅያትን፡ ምልክት ናይቲ ኣብ ልቢ የሱስ ዝነበረ ብርቱዕ ክብደትን፡ ምልክት ናይ ጸልማት ሓጢኣትን፡ ነበረ።

7. **ናይ መወዳእታ ስእሊ ናይቲ መስቀል።** ጥ.34-37። ሰዓት ሰለስተ ድሕሪ ቀትሪ ዝተፈጸመ ነገራት። በታ ናይ ኣጋ ምሸት መስዋእቲ ዘቕርቡላ ግዜ፡ “የሱስ ብዓብዪ ድምጺ፡ ኣምላኸይ፡ ኣምላኸይ፡ ንምንታይ ሓደግካኒ? ኢሉ ጨርሐ።” ኣብዛ ዘሰክሕ ስቓይ ዝመልኣ ሰዓት፡ የሱስ እቲ ብርቱዕ ጽልኢ ኣምላኽ ንሓጢኣት፡ ተሰምዮ። እዚ ስቓይዚ ንሕና ክንቅበሎ ዝግብኣና ስቓይ እዩ። ኵሉ ስቓይና የሱስ ስለ እተቐበሎ ኢና ንሕና ክንድሕን ንኽእል።

“ሓደ ጐይዩ...... መጺጽ ብሰፍነግ መሊኡ ኣብ ዘንጊ ገይሩ ኣስተዮ።” ዮሃንስ፡ የሱስ፡ “ጸማእኩ” ምስ በለ ዝተዋህቦ እዩ ይብለና። ሓደ ካብቲ ኣዝዩ ብርቱዕ ቃንዛ ናይ ስቕለት ጽምኣት እዩ።

ድሕርዚ የሱስ ብዓቢ ድምጺ ናይ ስዕረት፡ “ኣቦይ፡ ንነፍሰይ ኣብ ኢድካ ኤማዕቅባ ኣለኹ ኢሉ ጨርሐ።” ሉቃ.23፡46። ነፍሱ ከኣ ወጸት።

8. **ዝተፈጸመ ምልክታት።** ድሕሪ ሰዓት ሰለስተ ዝተፈጸመ ነገራት።

1) ነፍሲ የሱስ ምስ ወጸት፡ ብኡብኡ እቲ ኣብ መንጎ ቅዱስ ሰፈርን ቅድስተ-ቅዱሳንን ዝነበረ መጋረጃ ኣብ ክልተ ተተርተረ። እዚ ምልክት፡ ምክፋት ናይቲ ካብ ሰብ ተኸዊሉ ዝነበረ፡ መገዲ ቅድስና እዩ። 2ቈረ. 3፡14-16።

2) በዚ እዋንዚ ከኣ ነኻውሕን ንመቓብራትን ዚፍንቅል ብርቱዕ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ኰነ። ፍጥረት ከይተረፈውን ብስቅያት ናይ ወዲ ኣምላኽ ደንገጸ።

3) እዚ ምልክታት እዚ፡ ሞት የሱስ ከም ናይ ማንም ሰብ ከም ዘይነበረ፡ ነቶም ህዝቢ ከረድኦም ከኣለ። ብእኡ ኪኣምኑ ከኣ ደገፎም።

9. **ቀብሪ የሱስ።** ኣብ መንጎ ሰዓት ኣርባዕተን ሰዓት ሽዱሽተን ኣብቲ ጥቓ ቀራንዮ ዚርከብ ስፍራ ኣታኽልቲ ዝተፈጸመ ነገራት። የሱስ ምስ ሞተ፡ ብኡብኡ ዮሴፍ በዓል ኣርማትያስን ኒቆዲሞስን ንኣካላቱ ወሲዶም ኣብቲ ስፍራ ኣታኽልቲ ዝነበረ ሓድሽ መቓብር ቀበርዎ።

**ሕቶታት**

1. ስለምንታይ እዮም ሓለቓታት ኣይሁድ ነቲ ኣብ ልዕሊ መስቀል ዝነበረ ጽሑፈት ዝጸልእዎ?
2. ምልክት ናይቲ ብስቕለት የሱስ ኣብ ኵላ ምድሪ ዝነበረ ጸልማት እንታይ ነበረ?
3. ምልክት ምቕዳድ ናይቲ መጋረጃ እንታይ ነበረ?
4. የሱስ ንኣምላኽ "ንምንታይ ሓደካኒ?" ኪብሎ ከሎ እንታይ ማለቱ ነበረ?

**መረድኢ**

ካብዚ ድሕነት ናይቲ ምስ የሱስ ዝተሰቕለ ከታሪዶ፡ ናይ ዓራት ሞት፡ ድሕነት፡ መንግስተ ሰማያት ከእትወና ይከኣል እዩ፡ ክንብል ንክእል? ሓደ ክርስትያን እንግሊዛዊ ሓኪም ከምዚ ዚስዕብ ኢሉ ይነግር። ሓደ ግዜ 300 ሰባት፡ ብሓካይም ኪሓውዩ ተስፋ ዘይነበሮም፡ ሓጢኣቶም ተናዘዙ፡ ድሒንና ኢሎም ከኣ መስከሩ። ብድሕርዚ ብእምነት ናይ የሱስ ፍጹም ጥዕና ረኸቡ። ምስ ሓወዩ ግና፡ ካብዞም ኵሎም ዝደሓኑ ዓሰርተ ጥራይ ናይ ሓቂ ድሕነት ከም ዘለዎም ኣርኣዩ። እቶም ዝተረፉ ግና፡ ብኡብኡ ምስ ሓወዩ ናብቲ ናይ ቀደም ክፍኣቶምን ሓጢኣቶምን ተመልሱ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ድሕነት መን ክኣምን ይከኣል?

## ትንሳኤ የሱስ

## ቅዱስ ጽሑፍ— ማር. 16፥1-8

1 - ሰንበት ምስ ሓለፈት፡ ማርያም ብዓልቲ መግደላን ማርያም ኣደ ያእቆብን ሰሎሜን ከይደን ኪለኽያኦ ቕዲት ዓደጋ፡፡

2 - ብቀዳመይቲ መዓልቲ ሰሙን ንግሆ፡ ጸሓይ ክትበርቅ ከላ፡ ናብ መቓብር መጻ፡፡

3 - ንሓድሕደን ከኣ እቲ እምንስ ካብቲ ኣፍ መቓብር መን ኪግልብጠልና እዩ፡ ተባሃሃላ፡፡

4. እቲ እምኒ ኣዝዩ ገዚፍ ነበረ እሞ፡ ንላዕሊ ገጸን እንተ ጠመታ፡ ተገልቢጡ ረኣያ፡፡

5 - ናብ መቓብር ኣትየን፡ ጻዕዳ ክዳን እተኸድነ በጽሒ ኣብ የማን ተቐሚጡ ረኣያ፡ ሰምበዳ ከኣ።

6 - ንሱ ድማ፡ ኣይትሰንብዳ፡ ንስኻትክንሲ ነቲ እተሰቕለ የሱስ ናዝራዊ ትደልያ ኣሎኽን፡፡ ተንሲኡ፡ ኣብዚ የሎን፡፡ እታ ኣብኣ ዘንበርዎ ቦታ፡ እንሃ፡፡

7 - ኪዳ ደኣ፡ ንደቀ መዛሙርቱን ንጴጥሮስን፡ ናብ ገሊላ ኪቕድመኩም እዩ፡ ከምታ ዝበለኩም ከኣ ኣብኡ ክትርእዩዎ ኢኹም፡ ኢልክን ንገራኦም፡ በለን፡፡

8 - ምንቅጥቃጥን ስምባድን ሒዝወን ነበረ እሞ፡ ካብ መቓብር ወጺኤን ሃደማ፡፡ ፈሪሄን ስለ ዝነበራ ከኣ፡ ንሓደ እኳ ኣይነገራን፡፡

**ዚጽናዕ ጥቕሲ፡፡** *ጐይታ ብሓቂ ተንሲኡ፡፡ ሉቃስ 24፥34።*

## መዓልታዊ ትምህርቲ

**ጊዜ፡፡** ብመዓልቲ ሰንበት ሚያዝያ 9፡ ኣብ መበል 33 ዓመቱ ንየሱስ፡ ሰለስተ መዓልቲ ድሕሪ ስቕለቱ፡፡

**ሰፈር።** ኣብ የሩሳሌምን፡ ኣብ ጥቓኣ ዝነበረ ቦታታትን፡ ኣዉራ ግና ኣብ ጥቓ ቀራንዮ፡፡

**ቀንዲ ሓሳባት፡፡** መድሓኒና ከም ዝተንሰኤ ብዙሕ ርግጽነት ኣሎና፡፡ ንሞት ዝሰዓረ ጐይታ ኢና እነገልግል ዘሎና፡፡ ነቲ ምእንታና ክሳዕ ሞት እተሰቕየ፡ ምእንቲ ዘለኣለም ህይወት ክንወርስ ኢሉ ከኣ፡ ኣብ ልዕሊ ሞት ዓወት ዝረኸበ መድሓኒና፡ ከመይ ዝበለ ምስጋናን ክብርን ስግደትን ክንህቦ ዘይግብእ፡፡

**መግለጺ**

**1. የሱስ ካብ ምዉታት ተንሰኤ፡፡** ማቴ.28፡2-4፡፡ የሱስ ኣብ መቓብር ሰለስተ መዓልቲ ገበረ፡ -- ዓርቢ ድሕሪ ቐትሪ፡ ቀዳም ምሉእ መዓልቲ፡ ሰንበት ከኣ ካብ ጸሓይ ዕራርቦ ቀዳም ምሸት ኣትሒዙ ክሳዕ ወጋሕታ፡፡ የሱስ ብሳልሰይቲ መዓልቲ ከም ዚትንስእ ደጋጊሙ ነጊሩ ነይሩ፡፡ ኣይሁድ ቁሩብ ሰዓታት ናይ ሓንቲ መዓልቲ እኳ ይኹን ከም ምሉእ መዓልቲ ይሓስብዎ ነበሩ፡፡ ስለዚ በቈጻጽራኦም የሱስ ኣብ መቓብር ሰለስተ መዓ ልቲ ገበረ፡፡

**2. ኪትንስእ ከሎ ዝተፈጸመ ነገራት፡፡** የሱስ ኪትንስእ ከሎ ብርቱዕ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ከውን እሞ፡ ገጹ ከም በርቂ፡ ክዳውንቱ ከኣ ከም በረድ ምጽዕዳዉ መልኣኽ መጺኡ፡ ነቲ መዕጸዊ እምኒ ካብቲ መቓብር ኣልገሶ፡፡ እቲ መልኣኽዐነቲ እምኒ ዘልገሶ፡ የሱስ ምእንቲ ኪወጽእ ኢሉ ኣይኮነን፡፡ ግናኸዐ ምእንቲ ነቶም ናብቲ መቓብር ዝመጹ፡ ትንሳኤ የሱስ ብመለኮታዊ ሓይሊ ከም እተፈጸመ ኪርኢ እዩ ዘልገሶ፡፡

**3. ፍርሃት ናይቶም ሓለውቲ፡፡** እቶም ሮማውያን ሓለውቲ ኣዝዮም ስለ ዝፈርሁ ከም ምዉታት ኰኑ፡፡ ብዘይጥርጥር ቀልጢፎም ካብቲ መቓብር ሃዲሞም ነቶም ሓለቓታት ኣይሁድ ኪነግሩዎም ከዱ፡፡ ነተን ንየሱስ ደልየን ዝመጻ ኣንስቲ ኣብኡ ኣይጸንሕወንን፡፡

**4. ኣንስቲ ኣንጊሄን ናብቲ መቓብር መጻ፡፡** ጥ.1-4 ኣብተን ኣርባዕተ ወንጌላት ዝተፋላለየ ዝመስል ዛንታ ንረክብ፡ ግናኸዐ ኵሉ ከምዚ ዚስዕብ ጌርና፡ ዝተኣሳሰረ ዛንታ ክንገብሮ ንኽእል፡፡ እቶም ጸሓፍቲ ዛንታ ነቲ ዝተፈጸመ ነገር ከም ርእይቶኦም ገይሮም ገለጽዎ፡፡ ብብዙሓት በበይኖም ዝረኣይዎ ስለ እተጻሕፈ ከኣ፡ ርግጽነት ናይዚ ዛንታዚ ክንርኢ ንኽእል፡፡ ሓንቲ ብርግጽ እተፈጸመት ዛንታ ብዙሓት በበይኑ ዝኸውን ወገን ክርእዩላ ይኽእሉ፡፡

ሰንበት ምስ ሓለፈት - ማለት ድሕሪ ጸሓይ ዕራርቦ ናይ ሰንበት ኣይሁድ፡ ማርያም መግደላዊት ምስተን ካልኦት ኣንስቲ ከይደን ኪለክያኦ ቅዲት ዓደጋ። ኣብ ሉቃስ 8፡2 ከም እነንብቦ፡ የሱስ ካብ ማርያም መግደላዊት ሾብዓተ ኣጋንንቲ ኣዉጺኡ ነበረ፡፡ ስለዚ ንመድሓኒኣ ኣዝያ ከተፍቅሮ፡ ቅድሚ ኵሉ ሰብ ከኣ፡ ናብቲ መቓብር ክትከይድ ዘገርም ኣይኮነን፡፡ ማርያም ኣደ ያእቆብን፡ ሰሎሜ ኣደ ዮሃንስን ያእቆብን ኣብ ገሊላ ከፀይነን ንየሱስ የገልግላኦ ነበራ፡ ማቴ.27፡55፡፡ ነቶም ንየሱስ ዝፈትዉዎ ደቀ መዛሙርቱ ቀዲመን ከኣ ናብቲ መቓብር መጻ፡፡ ዓርቢ ድሕሪ ቀትሪ፡ ማለት ቅድሚ ጸሓይ ዕራርቦ፡ ቅድሚ ሰንበት ቅዲት ኣዳለዋ፡፡ ጸሓይ ዕራርቦ ናይ ሰንበት ኣይሁድ ምስ ኰነ ከኣ መሊሰን ቅዲት ዓደጋ፡፡ ሉቃ.23፡55-56፡፡ ማር.16፡1፡፡ ኣዝዩ ቅዱስ ናብራ ስለ ዝነበረን ቀብሪ ናይቲ መድሐኒ እኳ ክነሱ ብመዓልቲ ሰንበት ገለ ነገር ኪዕድጋ ኣይተረኽባን፡፡ ሰባት

ሎሚ ብመዓልቲ ሰንበት ንክዐሹን ክዕድጉን ዘይጠቅም ምኽንያት ይህቡ፡፡ ንኣካላት የሱስ ዘየመሸምሸ  ቀመም እየን ዝዓደጋ፡፡ ክትንስእ ከም ዘይሓሰባኦ ከኣ በዚ ክንርዳእ ንኽእል፡፡

ከምቲ ኣብ ወንጌል ዮሃንስ እንረኽቦ፡ ኣንጊሄን ጌና ጸልማት ከሎ ናብቲ መቓብር ገስገሳ፡፡ ጸሓይ ኪትበርቕ ከላ ከኣ፡ ኣብቲ መቓብር በጽሓ፡፡ ኣብ መገዲ ንሓድሕደን፡ ”ነቲ እምንስ ካብቲ ኣፍ መቓብር መን ኪግልብጠልና እዩ?” ተበሃሃላ፡፡ ሓለቓታት ኣይሁድ ናብ ጲላጦስ ልኢኾም ነቲ እምኒ ማሕተምን ሓለውትን ከም ዝገበሩሉ ጌና ኣይፈለጣን ነበራ፡ ማቴ. 27፡62-66፡፡ ግድለን ነቲ እምኒ ከመይ ጌይረን ከም ዘልግሶኦ ጥራይ እዩ ዝነበረ፡፡ እቲ መቓብር ካብ ከውሒ እተወቕረ፡ ብዙሓት ሰባት ዘእቱ ገፊሕ ነበረ፡፡ መዕጸዊ ናይቲ መቓብር ከኣ ዓቢ ከቢብ እምኒ ነበረ፡፡ ስለዚ ብቀሊል ኪዕጾን ኪኸፈትን ኣይክኣልን ነበረ፡፡

እተን ኣንስቲ ግና እቲ እምኒ ተገምጢሉ ረኸበኦ፡፡ ቅዱስ ማቴዎስ፡ መልኣኽ ነቲ እምኒ ገምጠሎ፡ ይብለና፡፡ ኣብ ስራሓና ዝጓነፈና ግድላት፡ ዘፍርሃና ግድላት፡ መፍትሕ ዘይብሉ ኰይኑ ዝርኣየና ነገራት ኵሉ፡ ኣምላኽና ብዘይ ሓሰብናዮ መገዲ ገይሩ ይፈትሖ፡ ግናኸ ቅድም ነቲ ግድላት እቲ ክንጓነፎ ኣሎና። ንሕና ሓንቲ ነገር ጥራይ ክንገብር ኣሎና፡ ብኵሉ እናተኣዘዝና፡ ብሓንቲ ነገር ከይተጨነቕና፡ በቲ እተዋህበና ስራሕ እሙናት እናከፀንና፡ ንቕድሚት ክንደፍእ ኣሎና፡፡ ሽዑ ኣብቲ ግድል ምስ በጻሕና፡ ኣምላኽዐወይ ነቲ ግድል የልግሰልና ወይ ከኣ ብማእከል፡ መገዲ የርእየና፡፡

**5. ማርያም መግደላዊት ኣብኡ በጽሔት፡፡** ዮሃ. 20፡1-3፡፡ ማርያም መግደላዊት ቅድም ኣብቲ መቓብር ዝበጽሔት ይመስል፡፡ ጥራዩ ምስ ረኸበቶ ብቕልጡፍ ናብ ጴጥሮስ ከይዳ፡ ሰብ ዝሰረቖ መሲልዋ፡ የሱስ ኣብቲ መቓብር ከም ዘየሎ፡ ነገረቶ፡፡

**6. እተን ካልኦት ኣንስቲ ናብቲ መቓብር ኣተዋ፡፡** ጥ.5-7፡፡” ናብቲ መቓብር ምስ ኣተዋ ከኣ፡ ሓደ በጽሒ ረኣያ፡፡” እዚ በጽሒ እዚ ነቲ እምኒ ገምጢሉ ኣብኡ ኰፍ ዝበለ መልኣኽ ኣብ ማቴ.28፡2-5 እንረኽቦ እዩ፡፡ ኪኣትዋ ከለዋ ከኣ ብየማን ተቐሚጡ፡ ጻዕዳ ክዳን ተኸዲኑ ረኣያኦ፡፡ ቅዱስ ማቴዎስ፡ ክዳውንቱ ከም በረድ ምጽዕዳዉ፡ ገጹ ከም በርቂ ምብርሁ፡ ነበረ ይብለና፡፡ ጻዕዳ ክዳን ምልክት ናይ ንጽህናን ሕብረት ምስ ኣምላኽን እዩ፡ ራ.ኢ. 3፡4,5,18፡፡ 4፡4, 6፡11, 7፡9-13፡፡ “ሰምበዳ ከእ፡፡ እቲ መልኣኽዐ ድማ፡ ንስኻትክንሲ ነቲ እተሰቕለ የሱስ ናዝራዊ ትደልያ ኣሎኽን፡ ተንሲኡ በለን፡፡” ብሓቂ ከምቲ ዝበሎ፡ ከም ዝተንሰኤ ምእንቲ ኬርእየን ኢሉ ከኣ ነቲ መጋንዝ ኣርኣየን እሞ፡ ድሕሪ ቁሩብ ጊዜ ኪርእያኦ ከም ዝከፀና ከኣ ኣበሰረን፡፡ “ኪዳ ደኣ ንደቀ መዛሙርቱን ንጴጥሮስን ንገራኦም፡” በለን፡፡ ከምቲ የሱስ ቅድም ነታ ሾብዓተ ኣጋንንቲ ዘዉጽኣላ ማርያም መግደላዊት ዝተራእያ፡ ከምኡ ከኣ እዚ መልእኽቲ እዚ፡ ብፍላይ ንጴጥሮስ እቲ ዝኸሓዶ ከም ዝከፀ ክንምከት ንኽእል፡፡ የሱስ ንሓጢኣተኛታት ከድሕን ከም ዝመጸ

መግለጺ ኣብዚ ክንርኢ ንኽእል፡፡ ጴጥሮስ ጓሂ ሓጢኣት ስለ ዝነበሮ፡ ምናልባሽ እዚ መልእኽቲዚ ንኣይ ኣይኮነን ኢሉ ተስፋ ከይቆርጽ፡ ንጴጥሮስ ንገሩኦ በለን፡፡ ካብ ኵሎም ንእኡ ኣዝዩ ዘሐጉስ ብስራት ነበረ፡፡

"ናብ ገሊላ ኪቕድመኩም እዩ፡፡" የሱስ ቅድም ኣብ ገሊላ ኣይኮነን ዝተገልጸ ግናኸ ወ ገሊላ ተሰምያ ዘላ ኣብኡ ንብዙሓት ሰባት ስለ ዝተገልጸ፡ ብዙሕ ምዕዶታት ከኣ ስለ ዝሃበ እዩ፡፡ ማቴ. 28፡16, 1ቆረ.15፡6 ተመልከት፡፡

**7. እተን ኣንስቲ ነቲ ብስራት ኪነግራ ተመልሳ፡፡** ጥ.8, ሉቃስ 24፡9-11፡፡ "እተን ኣንስቲ ብቕልጡፍ ከዳ፡፡" እቲ ብስራት ክሳዕ ክንድቲ ዓቢ ስለ ዝነበረ፡ ምዕቋሩ ሰኣና እሞ፡ ንደቀ መዛሙርቲ ኪነግራኦም ቀልጢፈን ከዳ፡፡ ንኻልኦት ገለ ከይብላ ስለ ዝፈርሃ ቀጥ ኢለን ናብቶም ደቀ መዛሙርቲ ከዳ፡፡

**8. ጴጥሮስን ዮሃንስን ናብቲ መቓብር መጹ፡፡** ዮሃ. 20፡3-10፡፡ እተን ኣንስቲ ምስ ተምልሳ፡ ማርያም ምስ ነገረቶም ጴጥሮስን ዮሃንስን እናጐየዩ ናብቲ መቓብር መጹ፡፡ ዮሃንስ ንእሽቶ ስለ ዝነበረ እናጐየየ ቀዲሙ ናብቲ መቓብር በጽሔ፡ ጴጥሮስ ከኣ፡ ተባዕ ስለ ዝነበረ ቅድም ናብ ዉሽጢ እቲ መቓብር ኣተወ፡፡ ንቁሩብ ጊዜ ርእዮም እቲ ትንሳኤ ናይ ሓቂ ከም ዝኾነ ተረዲኦም ናብ ቤቶም ተመልሱ፡፡

**9. የሱስ ቅድም ንማርያም መግደላ ተራእየ፡፡** ማር.16፡911፡፡ ማርያም ንጴጥሮስን ዮሃንስን ምስ ነገረቶም፡ ደድሕሪኦም ቀስ ኢላ ናብቲ መቓብር ተመልሰት እሞ፡ ንሳቶም ካብቲ መቓብር ምስ ከዱ ኣብኡ በጽሔት፡፡ ክልተ ጻዕዳ እተከድኑ መላእኽቲ ረኣየት፡ ብድሕሪኣ ግልጽ እንተ በለት ከኣ፡ የሱስ ባዕሉ ረኣየት፡፡ እንደገና ከኣ ነቲ ዓቢ ብስራት ነቶም ደቀ መዛሙርቲ ክትነግሮም ከደት፡፡

**10. ካልኣይ ምግላጽ - ነተን ኻልኦት ኣንስቲ፡፡** ማቴ.28፡9-10፡፡ እተን ኻልኦት ኣንስቲ ናብ ከተማ ክምለሳ ከለዋ ጴጥሮስን ዮሃንስን ናብቲ መቓብር በጽሑ፡ የሱስ ከኣ ንማርያም ተራእየ፡፡ ናብ ከተማ ገጸን ክምለሳ ከለዋ ከኣ የሱስ ተጓነፈን እሞ፡ ከመይ ኢኽን? በለን፡፡ ሰገዳሉ፡ ዝሃበን መልእኽቲ ሒዘን ከኣ ናብቶም ደቀ መዛሙርቱ ከዳ፡፡

**11. ሳልሳይ ምግላጽ – ንስምኦን ጴጥሮስ፡፡** ሉቃስ 24፡34፡፡ እዚ ምግላጽ እዚ ነቲ ብሰሪ እቲ ክሕደቱ ዝመጸ ጓሂን ጣዕሳን፡ ዓቢ መጸናንዕን ተስፋን ሰላምን ዚህብ ነበረ፡፡

የሱስ ድሕርዚ ክሳዕ ሰንበት ድሕሪ ቀትሪ፡ ማለት ናይ ትመጽእ ዘላ ሰንበት

ትምህርትና፣ ንሓደ ሰብ እኳ ኣይተራእየን፡፡

**12. ጠቕላሊ ሓሳባት ናይ ምግላጽ ትንሳኤ የሱስ፡፡**

1) ትንሳኤ የሱስ፡- ክትጥብረሉ ዘይትኽእል፣ ኣብ ቅድሚ ብቁዓት መሰኻኽር ተፈጺመ፡፡ እቶም መሰኻኽር ማለት ደቀ መዛሙርቱ ነቲ ሓቂ ኪፈልጡ ዚኣክል ዕድል ነበሮም፡፡ እቲ ዝርኣይዎ ፈጺሙ ኣንጻር ናይ ቀደም እምነቶምን ዓለማዊ ሓሳባቶምን ነበረ፡፡ ብርግጽ ከም እተፈጸመ ስለ ዝፈለጡን ዝኣመኑን ከኣ፣ ህይወቶም ከሕልፉ እኳ ዝሕጥ ኣይበሉን፡፡ ኵሉ ተስፋኦምን ስብከቶምን ኣብኡ ስለ እተመስረተ ክሳዕ ሞት ጸንዑ፡፡

2) ነቲ ክዉን ነገር ኣነጺሮም ነቶም ህዝቢ ምስ ገለጹሎም፣ ብዙሓት ጸላእቲ ክርስቶስ ዝነበሩ፣ ብእኡ ኣመኑ፡፡

3) እቲ ዘገርም ምቅይያር ናይ መንፈስን ጠባይን ናይቶም ደቀ መዛሙርቲ ከኣ፣ ድሕሪ ትንሳኤ ከም ዝከፍ ክንርኢ ንኽእል፡፡ ትንሳኤ የሱስ ፈጺሙ ስለ ዝቐየሮም ነቲ የሱስ፣ “ካብ ላዕሊ ሓይሊ ክሳዕ እትለብሱ ኣብ የሩሳሌም ጽንሑ፣” ዝበሎም ፈጺሞም ተኣዘዝዎ፡፡

4) ርግጽነት ናይ ትንሳኤ ከኣ፣ በቲ ምቅይያር ናይ መዓልቲ ሰንበት ክርኤ ይከኣል፡፡ እቶም ክርስትያናት በታ ጐይታኦም ዝተንስኣላ መዓልቲ ንኣምላኽዐ ክሰግዱ - መሩ፡፡

5) እቲ ክርስቶስ ዝገበሮ ነገራት ካብ ሸዑ ኣትሒዙ ክሳዕ ሎሚ ብዝተንስኤን ህያውን ዝከፍ መድሓኒ ኪፍጸም ዝኽኣል ነገራት ጥራይ እዩ፡፡

**ሕቶታት**

1. ፍጥረት ከመይ ዝበለ መግለጺ ናይ ትንሳኤ የሱስ ሃበ?
2. ደቀ መዛሙርቱ ከመይ ዝበለ መግለጺ ናይ ትንሳኤ የሱስ ሃቡ?
3. እቶም ዘይኣመንቲ ከመይ ዝበለ መግለጺ ናይ ትንሳኤ የሱስ ሃቡ?
4. እታ ቀዳመይቲ ማሕበር ክርስቶስ ከመይ ዝበለ መግለጺ ናይ ትንሳኤ የሱስ ሃበት?
5. ትንሳኤ የሱስ ንክርስቲያናት እንታይ ትርጕም ኣለዎ?

## ኣብ መገዲ ኤማሁስ

### ቅዱስ ጽሑፍ - ሉቃ. 24፣13-32

13 - እንሆ ከኣ፡ በታ መዓልቲ እቲኣ ክልተ ኻባታቶም ካብ የሩሳሌም ስሳ እስታድዮስ ዝምርሓቓ ኤማሁስ ናብ እትብሃል ዓዲ ይኸዱ ነበሩ፡፡

14 - ንሳቶም ከኣ በቲ ዝኾነ ኵሉ ነገር ንሓድሕዶም ይዘራረቡ ነበሩ፡፡

15 - ኰነ ድማ፡ ኪዘራረቡን ኪመራመሩን ከለዉ፡ የሱስ ባዕሉ ቐሪቡ ምሳታቶም ከደ፡፡

16 - ከየለልይዎ ግና ኣዒንቶም ተሰዊረን ነበራ፡፡

17 - ንሱ ድማ፡ እዚ፡ እናኸድኩምን እናጕሃኹምን ንሓድሕድኩም እትዘራረብዎ ዘሎኹም ዘረባስ እንታይ እዩ? በሎም፡፡

18 - እቲ ሓደ ካብኦም ቀለዮጳ ዝስሙ፡ በዘን መዓልትታት እዚኣተን ነዚ ኣብ የሩሳሌም ዝኾነ ነገር ዘይትፈልጥሲ፡ ንስኻ በይንኻዶ ኣብኣ ጋሻ ኢኻ ኢሉ መለሰሉ፡፡

19 - ንሱ ከኣ፡ እንታይ እዩ? በሎም፡፡ ንሳቶም በልዎ፡ እዚ ናይ የሱስ ናዝራዊ ነገር፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ኵሉ ህዝብን ብግብርን ቃልን ከኣሊ ነብዩ ዝነበረ ሰብኣይ፡

20 - ሊቃውንት ኻህናትን ዓበይትናን ንፍርዲ ሞት ኣሕሊፎም ከም ዝሀብዎን ከም ዝሰቐልዎን፡

21 - ንሕና ግና፡ እቲ ንእስራኤል ዜድሕን ንሱ እዩ፡ ኢልና ተስፋ ንገብር ኔርና፡፡ ምስናይ እዚ ኵሉ ከኣ እዚ ካብ ዚኸውን ሎሚ ሳልሰይቲ መዓልቲ እያ፡፡

22 - ግናኸ ሓያሎ ኻባታትና ኣንስቲ ናብ መቓብር ኣንጊሄን ነበራ እሞ ኣስተንከራና፡፡

23 - ስጋኡ ምስ ሰኣና ከኣ፡ ህያው ምዃኑ ዝነገርወን ራእይ መላእኽቲ ከም ዝረኣያ፡ መጺኤን ነገራና፡፡

24 - ካባና ገለ ሰባት ናብ መቓብር ከዱ፡ ከምቲ እተን ኣንስቲ ዝበላኦም ከኣ ረኸቡ፡ ንእኡ ግና ኣይረኣይዎን፡፡

25 - ንሱ ድማ ኣቱም ነብያት ብተዛረብዎ ኵሉ ንምእማን ልቦም ዝደንጐየ ዓያሱ፡

26 - ክርስቶስ እዚ ሓሳረ መከራ እዚ ኪጸግብ እሞ፡ ናብ ክብረቱ ኪኣቱ ናይ ግዲ ደይኰነን? በሎም፡፡

27 - ካብ ሙሴን ኵሎም ነብያትን ሒዙ ከኣ እቲ ብዛዕባኡ ኣብ ኵሉ ጽሑፋት ዘሎ ኺተርጕመሎም - መረ፡፡

28 - ናብታ ዝሽፍኡዋ ዘለዉ ዓዲ ምስ ቀረቡ ከኣ፣ ከም ዚሓልፍ መሰለ፣

29 - ንሳቶም ግና፣ መስዩ እዩ፣ ጸሓይዉን ዓሪባ እያ እሞ፣ ምሳና ሕደር፣ ኢሎም ተጋደልዎ፡፡ ንሱ ከኣ ምሳታቶም ኪሓድር ኣተወ፡፡

30 - ኰነ ድማ፣ ምሳታቶም ኣብ መኣዲ ምስ ተቐመጠ፣ እንጌራ ኣልዒሉ ባረኸ0 ቈሪሱዉን ሃቦም፡፡

31 - ሽዑ ኣዒንቶም ተኸፍተ እሞ ኣለለይዎ፣ ንሱ ግና ካብታቶም ተሰወረ፡፡

32 - ንሓድሕዶም ከኣ፣ እቲ ኣብ መገዲ ኽፀረበናን እተን ጽሑፋት ኪትርጉመ ልናን ከሎዶ ግዳ ልብና ይነደና ኣይነበረን፣ ተባሃሃሉ፡፡

**ዚጽናዕ ጥቕሲ፣** እቲ ኽፀረበና ከሎዶ ግዳ ልብና ይነደና ኣይነበረን፡፡ ሉቃስ 24፡32፡፡

## መዓልታዊ ትምህርቲ

**ጊዜ፡፡** ናይ ሎሚ ትምህርትና በታ ዝተንስኣላ መዓልቲ ሰንበት ሚያዝያ፣ ኣብ መበል 33 ዓመቱ ንየሱስ፣ ድሕሪ ቐትሪ ዝከፀነ እዩ፡፡

**ስፍር፡፡** ኤማሁስ እትብሃል፣ ካብ የሩሳሌም 12 ኪሎሜትር ዝምርሓቓ ዓዲ፡፡

**ቀንዲ ሓሳባት፡፡** ንነፍስና ዘዕግብ ሓቂ ንምርኣይ፣ የሱስ ንኣዒንትና ኪኸፍቶ ኣድላዩ እዩ፡፡ እንተ ደኣ ክሳዕ ኣርእስቲ ናይ ወግዕና ዝኾዉን ኣዚና ደለናዮ ኪግለጸልና እዩ፡፡ ክልተ ሰባት ጥራይ ብዛዕባኡ የዕልሉ ነበሩ፣ ንሱ ከኣ ምስኦም ከደን ተዛረበን፡፡

## መግለጺ

1. **ናይ ድሕሪ ቀትሪ መገሻ፡፡** ጥ.13-14፡፡ የሱስ በታ ንግሆ ፋስጋ ሰለስተ ጊዜ ምስ ተራእየ፣ እቶም ደቀ መዛሙርቲ ምእንቲ ኪሓስብሉ ኢሉ ምሉእ መዓልቲ ደጊሙ ኣይተራእየን፡፡ ድሕሪ ቀትሪ ናይታ መዓልቲ እቲኣ፣ ጥ.19፣ ግና ንክልተ ካብኣቶም ተራእየ፡፡ ካብቶም ኣዉራ ደቀ መዛሙርቲ ከም ዘይነበሩ ኣብ ጥ. 33 ተገሊጹ ኣሎ፡፡ እቲ ሓደ ቀለዮጳ ዝስሙ ነበረ፣ እቲ ብጻዩ ግና መን ምዃኑ ስሙ ዚፈልጥ የልቦን፡፡ ናብ ኤማሁስ ገጾም ይኸፁ ነበሩ፣ ዕላሎም ብዛዕባ በቲ እዋንቲ ኣዉራ ኣገዳሲ ዝነበረ ነገር እዩ፡፡

2 **የሱስ ኣብቲ ወግዖም ሓበረ፡፡** ጥ.15-17፡፡ ብዛዕባ ሞትን ትንሳኤን ናይቲ ዘፍቅርዎ መድሓኒ ኪዘራረቡ ከለዉ፣ እቲ ወግዖም ክሳዕ ክፀድዚ ስለ ዝመሰጦም የሱስ ናብኦም ኪቐርብ ከሎ ኣየስተብሃሉሉን፡፡

ንሕና ከኣ እንተ ደኣ ኣርእስቲ ናይ ዕላልና የሱስ ኰይኑ፣ ንሱ ባዕሉ ከም ዚሓብረና ክንርዳእ ንኽእል፡፡

"ከየለልይዎ ግና ኣዒንቶም ተሰዊረን ነበራ፡፡" ምናልባሽ ቀልጢፎም ኣለልዮምዎ እንተ ዝኾኑ እቲ ዝስዕብ ምዕዶታት ኪቕበሉ ኣይምከኣሉን ነይሮም ይኾኑ፡፡ ህይወቶም በቲ ዝተዋህቦም ትምህርቲ ኣዝያ ክትህነጽ ትኽእል፡፡ እምነቶም ከኣ ካብ ብተኣምራት ዝተፈጸመ ነገር፣ በዚ ከምዚ ዝበለ ምዕዶን ምህሮን ክትዓቢ ትክእል፡፡

"እዚ. .... እትዛረብዎ ዘሎኹም ዘረባስ እንታይ እዩ? በሎም፣" ካብዚ ሕቶዚ፣ እናጕሃዩ ይዘራረቡ ከም ዝነበሩ ክንርኢ ንኽእል፡፡ ተስፋኦምን ሓሳቦምን ኣብቲ ጸልማት ወገን ናይ ቀራንዮ ስለ ዝተረፈ ጓሂኦም ክሳዕ ርእሶም ሓፍ ምባል ዝስእኑ ከበዶም፡፡

3. **ምድጋም ናይቲ ኵነታት፡፡** ጥ.18-24፡፡ "እቲ ሓደ ካብኦም ቀለዮጳ ዝስሙ..... ንስኻዕ በይንኻኹ ኣብ የሩሳሌም ጋሻ ኢኻ ኢሉ መለሰሉ፡፡" እዚ ዘይሰማዕካስ ሕጂ ስለ ዝመጸእካ ድዩ? እቲ ጋሻ ከኣ፣ ምእንቲ ሓሳባቶም ኪፈልጥ ኢሉ፣ "እንታይ እዩ?" በሎም፡፡ የሱስ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ሰብን ብግብርን ቃልን ከኣሊ ነብዩ ከም ዝነበረ ገለጹሉ፡፡ በዚ ብዛዕባኡ እንታይ ከም ዝሓስቡ ነገርዎ፡፡ እቶም ሓለቓታት ኣይሁድ ከም ዝሰቐልዎን፣ ኣንስቲ ከኣ ተንሲኡ ርኢናዮ ከም ዝበላን ምድናቖምን ነገርዎ፡፡ እዚ የሱስ እዚ እቲ መድሓኒ ናይ እስራኤልን መሲህን ከም ዝኾነ ይኣምኑ ነበሩ፡፡ እቲ ወግዖም ብዛዕባ እዚን ከምዚ ዝበለ ነገራትን ነበረ።

4. **የሱስ ነቲ ጽሑፋት ኣብርሃሎም፡፡** ጥ.25-27፡፡" ንሱ ድማ፣ ኣቱም ......ዓያሱ፣ በሎም፡፡" የሱስ ዓያሱ ኪብሎም ከሎ ኣብዚ፣ ንምእማን ልቦም ዝደንጐየ፣ ማለቱ ነበረ፡፡ ነቲ መንፈሳዊ ሓቂ ቀልጢፎም ኪሕዝዎ ኣይከኣሉን፡፡ የሱስ ኣብዚ ክልተ ምኽንያት ናይ ጌጋ ሃይማኖት የርእየና፡፡ 1) ደው ክትብለሉ እትኽእል እምነት ዘይምህላው፡፡ 2) ነቲ ዝተፈጸመ ሓቂ፣ ኪኸዉን ኣይክኣልን እዩ፣ ኢልካ ዘይምእማኑ፡፡

"ነብያት ዝተዛረብዎ ኵሉ ንምእማን ልቦም ዝደንጐየ፣" ነበሩ፡፡ ገለ ካብቲ ነብያት ዝመሃርዎ ይኣምንዎ፣ ብዙሕ ካብኡ ግና ኪኣምንዎ ስለ ዘይደለዩ ነጸግዎ፡፡ ሎሚ ከኣ ቃል ኣምላኽዕ ክንምሃር ከሎና ኣብ ከምዚ ዝበለ ድንገት ከይንወድቕ ንጠንቀቕ፡፡

ክርስቶስ እምብኣር፣ ነቲ ዝነጸግዎ ሓቂ ከብርሃሎም - መረ፡፡ "ክርስቶስ እዚ ሓሳረ መከራ ኪጸግብ. . .ናይ ግዲ ደይኰነን?" እቲ ኣብ ጽሑፋት ዘሎ ግደ ናይቲ መሲህ ደይኰነን? ዝከፍሎ፣ ኣነ መሲህ እየ ኢሉ ዝመጸ መፍለጢኡ እዚ ደይኰነን? በዘይ ብእኡ ድሕነት ከምጽእ፣ ወይስ መንግስቱ ኬቕውም ዘይክእል ደይኰነን? እቲ ንእምነቶም ዘንቀጥቅጥ ዝነበረ ነገራት ኣድላዩ ነገራት ነበረ፡፡ ካብ ሙሴን ኵሎም ነብያትን ኣዋጺኡ፣ ብዛዕባኡ ኣብ ኵሉ ጽሑፋት ዘሎ ከተርጉመሎም - መረ፡፡

**ምስክር ናይ ሙሴ፡፡** ኣብዚ ዚስዕብ ጥቕስታት ምስክር ናይ ሙሴ ኣሎ፡፡ ንሄዋን ዝተዋህባ ተስፋ ዘፍ.3፡15፡ ንኣብርሃም ዝተዋበ ተስፋ ዘፍ. 22፡18፡ እቲ ዝሕረድ ገንሸል ዘጽ. 12፡ ድቤላ ዘሌ.16፡ ተመን ኣስራዚ ዘሁ.21፡9፡ እቲ ዝዓበየ ነብዩ ዘዳ. 18፡15፡ ኰከፁበን በትርን ዘሁ.24፡17፡ እቲ ዝተወቅዔ ከዉሒ ዘሁ. 20፡11፡ 1ይ ቆረ. 10፡4፡፡

**ምስክር ናይቶም ነብያት፡፡** ኣብዚ ዝስዕብ ገለ ካብቲ ምስክራት ናይ ነብያት ንረክብ፡፡ ኣማኑኤል ኢሳ.7፡14፡ ወዲ ተወሊዱልና ኢሳ.9፡6-7፡፡ እቲ ሕያዋይ ጓሳ ኢሳ.40፡10-11፡፡ ስቓይ ብትሕትና ዝጾረ፡ ኢሳ.50፡6፡፡ እቲ ንስቓይና ዝጾረ፡ ኢሳ.53፡4-5፡፡ እቲ ጨንፈር ኤር.23፡5, 33፡14-15፡፡ ወራስ ዳዊት፡ ህዝ. 34፡23፡፡ ገዛኢ ካብ ቤት-ልሄም፡ ሚክ. 5፡2፡፡ እቲ ጨንፈር፡ ዘካ. 6፡12፡፡ እቲ ትሑት ንጉስ፡ ዘካ. 9፡9፡፡ እቲ ውጉእ ዘካ.12፡10፡፡ እቲ ዝተወቕዔ ጓሳ፡ ዘካ. 13፡7፡፡ ልኡኽ ናይ ኪዳን፡ ምል.3፡1፡፡ ጸሓይ ናይ ጽድቂ፡ ምል.4፡2፡፡ ካልእ ጽሑፋት ከኣ መሊኡ ኣሎ፡፡

**ምስክር ኣብ ኵሉ ጽሑፋት፡፡** ብ- ካዐ ናሆምን ዮናስን፡ እቲ ብገለ ሰባት ከም ምልክት ናይ የሱስ ተሰምዩ ዘሎን፡ ኣንባቆምን፡ ብዛዕባ የሱስ ዘይተዛረበ ነብዪ የለን፡፡ ኣብ ልዕሊ እዚ ኵሉ ምስክራት ከኣ ስርዓት ሃይማኖት ኣይሁድ ናብቲ ግብሪ የሱስ ዘመልክት ነበረ፡፡ 1) እቲ መስዋእትታት 2) እቲ በዓል ናይ ፋስጋኦም ምስቲ ዝሕረድ ገንሸል 3) እቲ መዓልታዊ መስዋእትታት 4) እቲ ድቤላ, 5) መዓልቲ ናይ ምትዕራቕ፡ 6) እቲ ሊቀ ኻፀናት፡፡

**ምብራህ ጽሑፋት፡፡** ክርስቶስ ንነፍሲ ወከፍ ብግሩህ ልቢ፡ ቅዱስ ጽሑፋት ዘንብብ፡ ኣዒንቱ ይኸፍተሉን መገዲ ሰማይ ይሕብሮን፡፡

**5. የሱስ ባዕሉ ተገልጸሎም፡፡** ጥ.28-32፡፡ እቶም ደቀ መዛሙርቱ ናብ ቤቶም ምስ በጽሑ፡ የሱስ፡ "ከም ዚሐልፍ መሰለ፡፡" እንተ ዘይዕድምዎ ብርግጽ ምሓለፈ ነይሩ፡፡ ምሳና ሕደር ኢሎም ግና ተጋደልዎ፡፡ 1) የሱስ ኣብ ዘይድለየሉ ሰፈር ኣይኣቱን እዩ፡፡ ናባና ይመጽእ፡ ገዛእ ርእሱ ይገልጸልና፡ ፍቓዱን ሓይሉን ይገልጸልና፡ ምሳና ንበር ኢልና እንተ ዘይገዲድናዮ ግና ኪሓልፍ እዩ፡፡ እዚ ኣብ ቤተ ክርስትያናትናን ኣብ ልባትናን ሓቂ ኪኸውን ዝከኣል እዩ፡፡ 2) ከመይ ጌርና ምሳና ኪነብር ክንጋደሎ ንኽእል? ልክዕ ከምቲ ንሓደ ጋሻ ምሳና ኪቕመጥ እንልምኖ፡ ከምኡ ጌርና ክንግድዶ ንኽእል።

ሀ. ብምውቕ ዝኸፀ ልቢ ክንዕድሞ ኣሎና። ለ. ድልየትናን ዕድሜናን ናይ ግዲ ከም ዝኸፀ ክንገልጽ ኣሎና፡፡ ሐ. ዝኸፀ ይኸዉ ንእኡ ዘይሰማምዖ ከነልግሶ ኣሎና፡፡ መ. እቲ ዝበለጸ ዘሎና ክንቕርበሉ ኣሎና፡፡ ሰ. ብዛዕባ መደቡን ስራሑን ተገዲስና ምስኡ ከነዋግዕ ኣሎና፡፡ ድሕርዚ ኣብ ቤትናን ልባትናን ኪነብር እዩ፡፡ 3) ምሳና ምስ ዚነብር ከኣ ተኻፂልቲ ናይ ኵሉ በረኸቱ ንኸውን፡፡

“ኮነ ድማ ምሳታቶም ኣብ መኣዲ ምስ ተቐመጠ፡ እንጌራ ኣልዒሉ ባረኾ ቈሪሱውን ሃቦም። ሽዑ ኣዒንቶም ተኸፍታ እሞ፡ ኣለልይዎ፡ ንሱ ግና ካብታቶም ተሰወረ።” ብዙሕ ጊዜ የሱስ ጥቓና ከሎስ ንሕና ኣይንፈልጦን። ልክዕ ከምቶም ገለ ሕብርታት ኪርእዩ፡ ገለ ድምጽታት ከአ ኪሰምዑ ዘይክእሉ ሰባት ንኸውን። ኣምላኽ መንፈሳዊ ኣዒንቶምን ኣእዛኖምን ዝኸፍተሎም ጥራይ ኪርእይዎን ኪሰምዕዎን ዚኽእሉሉ ነገራት ኣሎ። ንየሱስ ምሳና ኪቕመጥ ምስ እንዕድሞ ጥራይ እዩ ኣዒንትና ኪኸፍት ዚኽእል።

“ንሓድሕዶም ከኣ...... እተን ጽሑፋት ከፅተርጉመልና ከሎዶ ግዳ ልብና ይነደና ኣይነበረን፡ ተባሃሃሉ።” ልቦም ብፍቕርን ብሓጐስን ብተስፋን ብድንጋጽን ብራእይን ተመሊኡ ሃልሃል ይብል ነበረ። ነፍሲ ወከፍ ንየሱስ ዚፈልጦ ልቢ ከኣ፡ ከምዚ ተመክሮዚ ተጓኒፍዎ ኣሎ። ንሕና ከአ ኣብ መወዳእታ ናይ ኣኼባ ጸሎት ከምዞም ክልተ ደቀ መዛሙርቱ፡ እተን ጽሑፋት ከፅተርጉመልና ከሎዶ ግዳ ልብና ይነደና ኣይነበረን፡ እንብለሉ ኪኸውን ይግባእ። ብኡብኡ ነዚ ዓቢ ብስራት ከበስሩ ከዱ። እቶም ንየሱስ ዝተራኸብዎ ሰባት ኵሉ ጊዜ ብዙሕ ዚንገር ኣለዎም።

**ሕቶታት**

1. ስለምንታይ እዩ የሱስ ምስዞም ክልተ ሰባት ሰዓብቱ ዝኸዷን ዝተዛራረበን?
2. ስለምንታይ እዩ የሱስ ምስዞም ክልተ ሰዓብቱ ኪሓድር ዝኣተወ?
3. ስለምንታይ እዩ መጽሓፍ ቅዱስ ንገለ ሰባት ንቑጽ፡ ንገለ ከኣ ብዙሕ ሃብቲ ዘለዎ ዚኸውን?
4. የሱስ ከመይ ገይሩ ኣብ ልባትናን ቤት ጸሎትናን ኪነብር ይኽእል?
5. ሓደ ክርስትያን ኣብ ከመይ ዝበለ ኩነታት ኪነብር ይግብኦ?

## ጴጥሮስን እቲ ዝተንሰኤ ጐይታን

## ቅዱስ ጽሑፍ - ዮሃ. 21፥4-17

4 - ምድሪ ምስ ወግሔ፥ የሱስ ኣብ ገምገም ደው በለ። እቶም ደቀ መዛሙርቱ ግና የሱስ ምዃኑ ኣይፈለጡን።

5 - የሱስ ከኣ፥ ደቀይ፥ ገለ ዚብላዕዶ ኣሎኩም? በሎም። ንሳቶም የብልናን፥ ኢሎም መለሱሉ።

6 - ንሱ ከኣ፥ ነቲ መርበብ ናብ የማን ጃልባ ኣቢልኩም ደርብዩዎ እሞ ክትረኽቡ ኢኹም፥ በሎም። ሽው ደርበይዎ እሞ ካብ ብዝሒ እቲ ዓሳ እተላዕለ ምስሓቡ ሰኣኑ።

7 - እቲ የሱስ ዜፍቅሮ ወደ መዝሙር ከኣ ንጴጥሮስ፥ ጐይታና እምበር እዩ፥ በሎ። ስምኦን ጴጥሮስ ድማ ጐይታ ምዃኑ ምስ ሰምዔ፥ ጥራዩ ነበረ እሞ፥ ክዳኑ ተዓጢቑ ናብ ባሕሪ ዘለለ።

8 - እቶም ካልኦት ደቀ መዛሙርቱ ድማ ካብ ምድሪ ኣስታት ክልተ ሚእቲ እመት ጥራይ ርሒቖም ነበሩ እሞ፥ ነቲ ዓሳ ዝመልኤ መርበብ እናሰሓብዎ ብጃልባ መጹ።

9 - ናብ ምድሪ ምስ ወረዱ ከኣ፥ ጓህርን ዓሳ ኣብ ልዕሊኡን እንጌራን ረኣዩ።

10 - የሱስ ከኣ፥ ካብዚ ሕጂ ዝገፈፍኩምዎ ዓሳ ኣምጽኡ፥ በሎም።

11 - ስምኦን ጴጥሮስ ናብታ ጃልባ ኣትዩ፥ ነቲ ሚእትን ሓምሳን ሰለስተን ገዚፍቲ ዓሳ ዝመልአ መርበብ ናብ ምድሪ ጓተቶ። ክሳዕ ክንድዚ ብዙሓት ክነሶምሲ፥ እቲ መርበብ ኣይተቐደን።

12 - የሱስ ድማ፥ ንዑ ተመሰሑ፥ በሎም። እቶም ደቀ መዛሙርቱ ከኣ፥ ጐይታ ምዃኑ ስለ ዝፈለጡ፥ ካባታቶም ሓደ እኳ፥ ንስኻዕ መን ኢኻዕ ኢሉ ክወከሶ ዝደፈረ የልቦን።

13 - የሱስ መጺኡ ነቲ እንጌራ ኣልዒሉ ሃቦም፥ ከምኡውን ነቲ ዓሳ።

14 - የሱስ ድሕሪ ካብ ምዉታት ምትንሳኡ ንደቀ መዛሙርቱ እተገልጸሎም እዚ ሳልሳይ ጊዜኡ እዩ።

15 - ምስ ተመስሑ ከኣ፥ የሱስ ንስምኦን ጴጥሮስ፥ ስምኦን ወዲ ዮና፥ ካብ እዚኦቶም ኣብሊጽካዶ ተፍቅረኒ ኢኻዕ በሎ። ንሱ ከኣ፥ እወ ጐይታይ ኣነ ከም ዘፍቅረካዕ ንስኻ ትፈልጥ ኣሎኻዕ በሎ። ንሱ፥ ዕያውተይ ኣብልዕ፥ በሎ።

16 - ከም ብሓድሽ ከኣ ካልኣይ ጊዜ፥ ስምኦን ወዲ ዮና፥ ተፍቅረኒዶ ኢኻዕ በሎ፥ እወ ጐይታይ፥ ኣነ ከም ዘፍቅረካ፥ ንስኻዕ ትፈልጥ ኣሎካዕ በሎ። ንሱ፥ ኣባጊዔይ ሓሉ፥ በሎ።

17 - ሳልሳይ ድማ፡ ስምኦን ወዲ ዮና፡ ተፍቅረኒዶ ኢኻ፬ በሎ፡፡ ጴጥሮስ ሳልሳይ ጊዜ፡ ተፍቅረኒዶ ኢኻ፬ ስለ ዝበሎ፡ ጕህዩ፡ ጐይታይ፡ ንስኻ፬ኩሉ ትፈልጥ ኢሎኻ፬ ኣነ ከም ዘፍቅረካውን ትፈልጥ ኢሎኻ፬ በሎ፡፡ የሱስ ከኣ፡ ኣባጊዔይ ኣብልዕ፡ በሎ፡፡

**ዚጽናዕ ጥቕሲ፡፡** የሱስ ከኣ፡ ኣባጊዔይ ኣብልዕ፡ በሎ፡፡ ዮሃ. 21፡17፡

## *መዓልታዊ ትምህርቲ*

***ጊዜ፡፡*** *ድሕሪ ሚያዝያ 16፡ 30 ድ.ል.ክ.፡፡*

***ሰፈር፡፡*** *ኣብ ሰሜናዊ ገምገም ናይ ባሕሪ ገሊላ፡፡ ኣብቲ ብዙሕ ጊዜ ደቀ መዛሙርቱ ዓሳ ዝገፍሉ ዝነበሩ፡ ጥቓ ቅፍርናሆም ከይኰነ ኣይተርፍን፡፡*

***ቀንዲ ሓሳባት፡፡*** *ክርስቶስ ንኵሎም ሰዓብቱ ዚኸውን ዕዮ ኣሎዎ፡፡ ሓንቲ ነፍሲ ራእዩ ናይዚ ዕዮዚ ምስ እተጥፍእ፡ ብዙሕ ካልእ ከተጥፍእ ትኽእል፡፡ እቶም ጽዉዓ ክርስቶስ ዝቕበሉ፡ 1) ሰባት ናብ ክርስቶስ ከምጽኡ፡ 2) ምስ ኣምጽእዎም ከኣ ኪሓልይሎም እዮም ዚጽውዑ፡፡*

## *መግለጺ*

*በታ የሱስ ዝተንሰኣላ ንግሆ፡ እቶም መላእኽቲ ነተን ኣንስቲ፡ ንደቀ መዛሙርቱ፡ የሱስ ኣብ ገሊላ ኪግለጸሎም ከም ዝኸፍ ክነግራኦም ለኣኸወን ማቴ.28፡7፡፡ ስለዚ እቶም ዓሰርተው ሓደ ናብ ገሊላ ኸፉ እሞ፡ ብፍልይ ዝበለ ኪርኣዮም ይጽበይዎ ነበሩ፡ ማቴ.28፡16። ነቲ እተመደበ ጊዜ ክጽበዩ ከለዉ ከኣ፡ ሾብዓተ ካባታቶም ናብ ጥቓ ኣባይቶም ናብቲ ቀደም ዝዓዩሉ ዝነበሩ ቦታን - ማለት ናብ ባሕሪ ገሊላ - ከፉ፡፡ እዚኣቶም፡ ጴጥሮስን ቶማስን ናትናኤልን ያእቆብን ዮሃንስን ክልተ ካልኦትን ነበሩ፡ ጥ.2፡፡ ጴጥሮስ ናብቲ ክልተ ዓመት ኣቢሉ ዝገደፎ ስራሑ፡ ናብ ምግፋፍ ዓሳ ክምለስ እየ በለ፡፡ እቶም ካልኦት ከኣ ሰዓብዎ፡፡ ነቲ ምጹብ ጊዜ ንየሱስ ዝራኽቡሉ ክጽበዩ ከለዉ፡ ገለ ነገር ዚገብርዎ ደለዩ፡፡ ምናልባሽ ንመናበሪኦም ዚኸውን ገለ ኣድልዩዎም ይኸውን ወይ ከኣ ኰፍ ምባል ስለ ዝጸልኡ ይኸፉ፡፡*

*እቶም ደቀ መዛሙርቲ ብቀሊል ነቲ ዓቢ ጽዉዓኦም-- ማለት ሰባት ምግፋፍ-- ገዲፎም ናብቲ ናይ ቀደም ስራሖም ከም ዝተመልሱ ክንርኢ ንኽእል፡፡ ብዙሓት ከምኡ ዝገብሩ ኣለዉ፡፡ ጐይታ ገፊፍቲ ሰብ ክትኰኑኒ ኢሉ ዝጸውዖም ሰባት፡ ናብ ካልእ ስራሖም ምስ ዚምለሱ፡ ኣዝዩ ዘሕዝን እዩ፡፡ የሱስ ግና ነቶም ደቀ መዛሙርቱ ተገልጸሎም እሞ፡ ነቲ ራእዮም ኣሐደሶን ኣዕበዮን፡፡ ሎሚ ከኣ የሱስ ነቶም ከም ጴጥሮስ ነቲ ዕዮ ኣምላኽ፬ገዲፎም፡ ናብ ስራሔይ ክኸይድ እየ፡ ዝብሉ መሊሱ ራእይኦም ኪሕድስ ንምነ፡፡*

1. **ብርቱዕ ጻዕሪ ዝነበሮ ለይቲ።** ጥ.4-5፡፡ የሱስ ነቶም ደቀ መዛሙርቱ ዚኸውን ትምህርቲ ነበሮ፡፡ ምሉእ ለይቲ ጸዓሩ፡ ሓደ ዓሳ ግና ኪሕዙ ኣይከኣሉን፡፡ ክሳዕ ዝወግሕ ከአ ጸዓሩ፡፡ ለይትን መዓልትን ንሰባት ምግፋፍ፡ ብዘይ እቲ ንሱ ኪወሀቦ ዚኽእል መንፈስ ከንቱ ከም ዝኾነ ይምህሮም ነበረ፡፡ እቲ ካብ ላዕሊ ሓይሊ ክሳዕ እትለብሱ ኣብ የሩሳሌም ጽንሑ ዝበሎም፡ ሉቃ. 24፡49፡ እንታይ ማለት ከም ዝኾነ ክርድኡ ከኣሉ፡፡

ጻዕሪ ናይቶም ብመንፈስ ቅዱስ ከይተመልኡ ንክርስቶስ ዚዓይሉ ሰባት፡ ዘይረብሕ ከፀይኑ ተረኺቡ ኣሎ፡፡ ልቦም ካብቲ ስጋዊ ሓሳብ ፈጺሙ ስለ ዘይነጽሄ፡ እቲ ብዙሕ ጻዕ ሮም ኣብ ናይ ዉሽጦም ውግእ ይጠፍእ፡፡ ኣንጻር ሓጢኣትን ዓመጻን ሓይሊ ዚህብ መንፈስ ቅዱስ  የብሎምን፡፡

ኣጋ ወጋሕታ ምስ ኰነ ከኣ የሱስ ከም ሓደ ተሻያጢ መጺኡ፡ ዓሳዶ ኣሎኩም? ኢሉ ሓተቶም፡፡ የብልናን፡ ኢሎም ከኣ መለሱሉ፡፡

2. **ዋሕዲ ዓሳ፡፡** ጥ.6-8፡፡ "ንሱ ከኣ፡ ነቲ መርበብ ናብ የማን ጃልባ ኣቢልኩም ደርብዩዎ እሞ ክትረኽቡ ኢኹም፡ በሎም፡፡ ሽዑ ደርበዩዎ እሞ ካብ ብዝሒ እቲ ዓሳ እተላዕለ ምስሓቡ ሰኣኑ፡፡" ዮሃንስ እቲ ንገዛእ ርእሱ፡ "የሱስ ዜፍቅሮ ወደ መዝሙር፡" ኢሉ ዚሰሚ ከኣ፡ እቲ ሰለስተ ዓመት ቅድሚዚ የሱስ ዝገበሮ ተኣምራት፡ ሉቃ. 5፡1-11፡ ዘከረ እሞ፡ ንጴጥሮስ፡ "ጐይታና እምበር እዩ፡" በሎ፡፡ ዮሃንስ ዓሚቕ ዝከኣለ ምርዳእን ፍቕርን ስለ ዝነበሮ፡ ንየሱስ ቅድም ኣለለዮ፡፡ ግናኸ ጴጥሮስ ቅድሚ ኩሎም ተቐላጢፉ ክዳኑ ተዓጢቑ ናብ የሱስ ገጹ ዘለለ፡ ነታ መርከቦም ኰነ ነቶም ኣዕሩኽቱ ኪጽበዮም ኣይከኣ ለን፡፡ ብዝሓለፈ ወዲቑ እኳ እንተ ነበረ፡ ጌና እቲ ኣብ ልቡ ዝነበረ ዝውሕዝ ፍቕሪ ንመድሓኒኡ ኪገልጸሉ ደለየ፡፡

ክሳዕ ክንድቲ ብዙሓት ዓሳ ስለ ዝነበሩ ኣብቲ መርከብ ምእታዉ ሰኣኑ እሞ፡ እቶም ካልኦት ደቀ መዛሙርቲ ጓቲቶም ኣምጽእዎ፡፡

ክልተ ነገራት ኣለዉ ንሰባት ክንገብረሎም እንኽእል፡ 1) ቅድም ናብ ክርስቶስ ከነምጽኦም፡፡ 2) ምስ ኣምጻእናዮም ከኣ ክንኣልዮምን ክንግደሰሎምን ኣሎና፡፡

**ቀዳመይቲ ዕዮ – ሰባት ናብ ክርስቶስ ምምላስ፡ ብምግፋፍ ዓሳ ተመልኪቱ ኣሎ፡፡**

የሱስ ንደቀ መዛሙርቱ እቲ ቅድሚ ሰለስተ ዓመት ኣቢሉ ኣብዚ ባሕርዚ ከለዉ ገፈፍቲ ሰብ ኪኾኑዎ ዝጸውዖም፡ ሉቃ. 5፡1-11፡ ማቴ. 4፡19፡ ከዘክሮም ደለየ፡፡ 1) ሰባት እንተ ደኣ ናብ መንግስቲ የሱስ ክመጹ ኰይኖም፡ ክድለዩ ኣለዎም፡፡ ዓሳ ናብ

መኣድና ባዕሉ ኣይመጽእን እዩ። 2) ብጥንቃቐን ብትዕግስትን ክድለዩ ኣለዎም። 3) ብሓይሊ ክትውጥጦም ዘይከኣል እዩ። ብጥበብ ክትስሕቦም ኣሎኻ። 4) እቲ ግቡእ መግፈፊ፡ ኣብቲ ግቡእ ጊዜ፡ ብግቡእ ዝተዳለወን ብግቡእ ዝተዋህበን ዓቢ ኣሳልጦ ኣለዎ። የሱስ ባዕሉ ነቶም ገፈፍቲ ኣበይን ከመይን ገይሮም ነቲ መግፈፊ ከም ዝድርብይዎ ኪሕብሮም ኣድላዩ እዩ። ብእምነትን ነቲ ዝበሎም ብምእዛዝን፡ ከምቲ ኣብ መዓልቲ ጴንጤቆስቴ ዝረኤናዮ፡ ዓቢ ኣሳልጦ ክረኽቡ ይኽእሉ።

**3. ምሳሕ ምስ የሱስ።** ጥ. 9-14። "ናብ ምድሪ ምስ ወረዱ ከኣ፡ ጓህርን ዓሳ ኣብ ልዕሊኡን እንጌራን ረኣዩ። የሱስ ከኣ፡ ካብዚ ሕጂ ዝገፈፍኩምዎ ዓሳ ኣምጽኡ፡ በሎም።" የሱስ ኵሉ ጊዜ ዘይጸዓሩሉ ከም ዝውስኾም ዘመልክት ትምህርቲ ክንርኢ ንኽእል። ኣብ ርእሲኡ ግና ካብቲ ፍረ ናይቲ ዕዮኦም ይውስኸሉ። እቲ ፍረ ናይ ዕዮኦምውን ብሓይሊ ክርስቶስ ደኣ እምበር፡ ብገዛእ ጻዕሮም ጥራይ ዝመጸ ከም ዘይኮነ ንርኢ።

"ስምኦን ጴጥሮስ. .. ገዘፍቲ ዓሳ ዝመልኤ መርበብ ናብ ምድሪ ጓተቶ። ብዙሓት ክንሶምሲ፡ እቲ መርበብ ኣይተቐደን።" እቲ መርበብ ናይ ወንጌል ከኣ ንኹሎም ዝመጹ ኪሕዞም ዝኽእል እዩ። እቲ መርበብ ምሓዙ ስለ ዝሰኣነ ዝጠፍእ ኣማኒ የልቦን።

"ንዑ ተመስሑ።" መደምደምታ ትምህርቲ ናይ የሱስ ክይኮነ ኣይተርፍን። እንተ ደኣ ንገዛእ ርእሶም ንዕዮ ወንጌል ወፈዩ፡ ካብኡ እቲ ናይ ስጋዊ ዘድልዮም ኪረኽቡ ከም ዚግባእን ኣብ መኣዲ ናይ መርዓ ገንሸል ከኣ ተኻፈልቲ ከም ዝኾኑን ክምሃሩ ከኣሉ።

**4. ጴጥሮስ ፈጺሙ ተመልሰ።** ጥ. 15-17። መ- መርታ ጴጥሮስ ድሕሪ ዋሕዲ ናይ ዓሳ፡ ናብ ዕዮ ወንጌል ከም እትጸውዔ ተመልከት። ድሕሪ ከምኡ ዝበለ ዋሕዲ ዓሳ ከኣ፡ ኣብቲ ዕዮኡ እንደገና ከም ብሓድሽ ተጸዉዔ። ንጽውዓኡ ኣብ ጥቓ ሓዊ ከፀይኑ ብምኽሓድ ኣጥፍኣ፡ ኣብ ጥቓ ሓዊ ከሎ ከኣ እንደገና ተጸውዔ።

**ካልኣይ ግብሪ - ምሕላይ ነቶም ናብ ክርስቶስ ዘምጻእካዮም ሰባት ብምጕሳይ ተመልኪቱ ኣሎ።**

ምስ ተመስሑ ከኣ፡ የሱስ ንስምኦን ጴጥሮስ፡ "ስምኦን ወዲ ዮና ካብ እዚኣቶም ኣብሊጽካዶ ተፍቅረኒ ኢኻ" በሎ። እዚ መዘከርታ ናይቲ ቅድሚ ስቕለት፡ "ኵሎም እንተ ገደፉካዐእኳ ኣነስ ኣይገድፈካን እየ፡" ኢሉ ዝፈከሮ ፈኸራ ነበረ። እቲ ሕቶ፡" "ንስኻ ዝጸረፍካንን ዝኸሓድካንንሲ ብሓቂዶ ተፍቅረኒ ኢኻ" ማለት ነበረ።

ጴጥሮስ በቲ ሓድሽ ትሑት ዝኾነ መንፈሱ ከመይ ጽቡቕ ዝኾነ ምላሽ ከም ዝሃበ ተመልከት።

ኣብ ክንዲ፣ "እወ ካብዚኣቶም ኣብሊጸ የፍቅረካ እየ" ምባልሲ፣ ኣነ ከም ዘፍቅረካ፣ ንስኻ ትፈልጥ ኢኻ፣" ኢሉ መለሰ፡፡ ውድቀት፣ ትሕትና ስለ ዝመሃሮ ብፍቕሪ ከኣ ብክብረት ልዕሊ ሓደ እየ ክብል ኣይደልየን፡፡ ንሱ ከም ዘፍቅሮ የሱስ ይፈልጥ ከም ዝኾነ ጥራይ ይነግር፡፡

የሱስ፣" ዕያውተይ ኣብልዕ፣" በሎ፡፡ ዕያውቲ ምብላዕ መግለጺ ናይ ፍቕሪ ጴጥሮስን፣ መዕበዪ ፍቕሩን፣ ርግጽነት ናይቲ የሱስ ዝመለሰሉ ጽውዓኡን፣ ነበረ፡፡ ነተን ኣባጊዕ ኪሓልየለንን ኪጓስየንን ነበሮ፡፡ እዚ ምሕላውን ምብላዕን፣ ምምራሕን ምምሃርን ዚጥቕልል ነበረ፡፡ ሰባት ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ምምራሕን ምግፋፍን ሓደ ዓቢ ስራሕ ናይ ሰዓብቲ የሱስ እዩ፡፡ ልክዕ ከምኡ ድማ ነቶም ድሮ ኣብቲ መንግስቲ ዘለዉ ምጉሳይን፣ ብመንፈሳዊ መግቢ ምምጋብን፣ ናብ ልሙዕ ሳዕሪ ምዉሳድን፣ ካብ ድንገት ምሕላውን፣ ናብቲ ናይ ሓቂ ሰፈሮምን ስራሖምን ምምራሕን፣ ኣድላዪን ኣገዳስን ዕዮ እዩ፡፡ ኣብ ልዕ ሊኦም ኳንካ ምግዛእ ዘይጠቅም እዩ፡፡ ጓሳኦም ምኻን ግና ኣዝዩ ዓቢ እዩ፡፡

ጴጥሮስ፣ የሱስ ሰለስተ ጊዜ ስለ ዝሓተቶ ጕሃየ፡፡ ሰለስተ ጊዜ ብምሕታቱ፣ ብዛዕባ ፍቕሪ ጴጥሮስ ጥርጥር ዝነበሮ ይመስል፡፡ የሱስ ግና በዚ ሕቶዚ ገይሩ ንጴጥሮስ፣ ካብ ኣብ ገዛእ ርእሱ ምጽጋዕ እሞ መሊሱ ምውዳቅ የጠንቀቕ ነበረ፡፡ እቲ ዓቢ ስራሕ ኪገብሮ ዘለዎ ከኣ ገሊጹ ነገሮ፡፡

የሱስ፣ ከምቲ ናይ ሎሚ ቤተ ክርስትያናት ተመኩረንእ ዘለዋ፣ እንተ ደኣ፣ ወንጌል ኣብ ልቢ ሰባት ኬሰልጥ ኳይኑ፣ እቶም ሰበክቲ ንሓደስቲ ኣመንቲ ኣዝዮም ኪኣልይዎ ከም ዘለዎም ኣርኣየ፡፡ ሓደስቲ ኣመንቲ፣ ናይቲ ጓሳ ዓቢ ሓልዮት የድልዮም እዩ፡፡

**ሕቶታት**

1. እቲ ጴጥሮስ፣ "ኣነስ ዓሳ ክገፍፍ ክኸይድ እየ፣" ዝበሎ እንታይ ድንገት ነበሮ?
2. የሱስ ነቶም ደቀ መዛሙርቱ ብምግፋፍ ዓሳ ገይሩ እንታይ ትምህርቲ ሃቦም?
3. ደቂ ኣምላኽ ዐብ- ካ ነፍሳት ምምላስ እንታይ ስራሕ ኣለዎም?
4. ኣብ ጴጥሮስ ከመይ ዝበለ ክርስትያናዊ ምቅይያር ንርኢ?
5. ካብ ንስሓ ጴጥሮስ እንታይ ክንመሃር ንኽእል?

## ናይ መወዳእታ ቃላት የሱስ

### ቅዱስ ጽሑፍ - ሉቃ. 24፥44-53

44 - ንሱ ድማ፡ እዚ እቲ ምሳኻትኩም ከሎኹ ኣብ ሕጊ ሙሴን ነብያትን መዝሙራትን ብዛዕባይ እተጻሕፈ ኵሉ ኺፍጸም ይግብእ እዩ፡ ኢለ ዝነገርኩኹም ቃለይ እዩ፡ በሎም።

45 - ሽዑ ነተን ጽሑፋት ከስተውዕልወን፡ ኣእምሮኦም ከፈተሎም እሞ፡

46 - ክርስቶስ ሓሳረ መከራ ኺጸግብ፡ ብሳልሰይቲ መዓልቲዉን ካብ ምውታት ኪትንስእ፡

47 - ብስሙ ከኣ ንስሓን ሕድገት ሓጢኣትን ካብ የሩሳለም - ሚሩ ኣብ ኵሎም ኣህዛብ ኪስበኽ፡ ጽሑፍ እዩ።

48 - በዚ ንስኻትኩም ምስክር ኢኹም።

49 - እንሆ፡ ኣነ ተስፋ ኣቦይ ክሰደልኩም እየ። ንስኻትኩም ግና ካብ ላዕሊ ሓይሊ ክሳዕ እትለብሱ፡ ኣብ ከተማ የሩሳሌም ጽንሑ፡ በሎም።

50 - ንወጻኢ ድማ ክሳዕ ቢታንያ ወሰዶም፡ ኢዱ ኣልዒሉውን ባረኾም።

51 - ኰነ ድማ፡ ኪባርኾም ከሎ፡ ካባታቶም ተፈልየ፡ ናብ ሰማይዉን ዓረገ።

52 - ንሳቶም ከኣ ሰገዱሉ፡ ብብዙሕ ሓጐስዉን ናብ የሩሳሌም ተመልሱ።

53 - ንኣምላኽ እናወደሱን እናኣመስገኑን ከኣ ኵሉ ሳዕ ኣብ ቤተ መቕደስ ይነብሩ ነበሩ።

**ዚጽናዕ ጥቕሲ።** ስለዚ ከዱ ንኵሎም ኣህዛብ. .....እናመሃርኩም ደቀ መዛሙርቲ ግበርዎም። ማቴ. 28፥19።

## መዓልታዊ ትምህርቲ

**ጊዜ።** ኣብ ጥቕሲ 44-49 ዘሎ፡ የሱስ በተን ኣርባዓ መዓልቲ ድሕሪ ትንሳኤኡ ክሳዕ ዕ ርገቱ ዝመሃረን ጠቕላላ ትምህርቲ እየን። የሱስ ብግንቦት 18 ብ30 ዓ.ም. ዓረገ።

**ስፍር።** የሱስ ካብ ደብረ ዘይቲ፡ ጥቓ ቢታንያ፡ ዓረገ።

**ቀንዲ ሓሳባት።** እቲ ጽሑፍ ዚብሎ ብዛዕባ ክርስቶስ ተፈጸመ። ናይ ምድሪ ስራሑ ተፈጸመ። ቅድሚ ምዕራጉ ከኣ ንደቀ መዛሙርቱ እቲ ዝተረፈ ስራሕ ከመይ ጌይሮም

ከም ዝፍጽምዎ ነገሮም፡፡ እዚ ምዕዶታትዚ ንእኦም ጥራይ ዘይኮነስ ንኹሎም ሰዓብቲ የሱስ ዚጠቅም ምዕዶታት እዩ።

**መግለጺ**

1. **ብዛዕባ ክርስቶስ ዝነግር ጽሑፋት ተፈጸመ፡፡** ጥ.44። "እዚ እቲ...... ዝነገርኩኹም ቃለይ እዩ፡፡" እቲ በዚ እዋን ዝተፈጸመ ነገራት፡ እቲ ንሱ ቅድም ዝነገሮም ጥራይ ዘይኮነስ፡ ነብያት ብዘመን ቀደምዉን ዝተነበይዎ ስለ ዝነበረ፡ ንእምነት ናይቶም ደቀ መዛሙርቲ ዘጽንዕ ደኣ እምበር ዘጠራጥሮም ነገራት ኪኸዉን ኣይነበሮን፡፡

2. **ኣእምሮ ደቀ መዛሙርቲ ተከፍተ፡፡** ጥ.45፡፡ "ሽዑ ኣእምሮኦም ከፈተሎም፡፡" ቅድሚ ዕዮ ናይ ወንጌል ምጅማሮም፡ እቲ ኣውራ ዘድልዮም ነገር እዚ ነበረ፡፡ ኣእምሮኦም ምስ ተከፍተ ጥራይ እዮም፡ ነቲ መደብ ኣምላኽዐ ንድሕነት ሰብ ክርድእዎ ዝኽእሉ፡ ምሉእ ሓቂ ብዛዕባ የሱስ ክርስቶስ ብከምዚ መገዲዚ ጥራይ እዮም ኪፈልጥዎ ዝኽእሉ፡ በዚ መገዲዚ ጥራይ እዮም ካብ ጌጋ ዝከፈ ሃይማኖት ኪርሕቁ ዚኽእሉ፡፡ ምሉእ ምስትዉዓል ናይቲ ጽሑፋት ምስ ዚህልዎም ከኣ፡ እቲ ጽሑፋት ኣብ የሱስ ጥራይ ደአ እምበር፡ ኣብ ካልእ ሰብ ኪፍጸም ከም ዘይክኣል ኪፈልጡ ይኽእሉ፡፡ ነቲ ብዛዕባ ሞቱን ትንሳኤኡን ዝነግር ትንቢታት ከኣ፡ ፍጹም ምርዳእ ይረኽቡ፡፡ እቲ ዝነበሮም ጥርጣሬ ርሒቑ፡ ንሱ እቲ ናይ ሓቂ መሲህ ከም ዝከፈ ኪፈልጡ ሓገዞም፡፡ ብዙሕ ጊዜ፡ ብናይ ገዛእ ርእስና ሓሳብን ጥርጣሬን ዝኣክል፡ ንመጽሓፍ ቅዱስ ክንርድኦ ኣይንኽእልን፡፡ ሓደ ሰብ እንተ ደኣ ከምቲ መጽሓፍ ቅዱስ ዚብሎ ንምስዓብ፡ ብገዛእ ርእሱ እንተ ፈተነ፡ ኣብ መጽሐፍ ቅዱስ ገለ ክርድኦ ዘይክእል ነገራት ኣይስእንን እዩ፡፡ ስለዚ ኣምላኽ ጥራይ እዩ ንምስትዉዓልና ኣብሪሁ፡ ነቲ ጽሑፋት ንምርዳእ ዚሕግዘና፡፡ ንጥርጣሬና ኣልጊሱ፡ ንልባትና ከፊቱ፡ ነቲ ጽሑፋት ብትሕትናን ብናይ ቆልዓ ዝመስል እምነትን ክንቅበሎ ይድግፈና፡፡ ግብ. 16፡14፡፡ ያእ. 1፡21፡፡ ማር. 10፡15፡፡ ኣምላኽ ምእንቲ ነቲ ጽሑፋት ኣዚና ክንፈልጦ ኢሉ ነእምሮና የብርሆ፡፡ ምእንቲ ገዛእ ርእስና ፈጺምና ንቃል ኣምላኽዐ ክንውፈ ደኣ እምበር፡ ካብቲ ጽሑፋት ኣዚና ክንልብም ማለት ኣይኮነን፡፡

3. **ቀንዲ ዕላማ ናይ ወንጌል ክርስቶስ፡፡** ጥ.46-47፡፡ ክርስቶስ ኣእምሮኦም ምስ ከፈተሎም፡ "ክርስቶስ ሓሳረ መከራ ኪጸግብ፡ ብሳልሰይቲ መዓልቲዉን ካብ ምዉታት ኪትንስእ፡ ብስሙ ከኣ ንስሓን ሕድገት ሓጢኣትን ካብ የሩሳሌም - ሚሩ ኣብ ኩሎም ኣህዛብ ኪስበኸ' ከም ዚግባእ ነገሮም፡፡ እቲ መሲህ ኪሳቀ ናይ ግድን ነበሮ፡፡ እቲ ኩሉ ትንቢት ብዛዕባኡ ዝተነግረ ተፈጺሙ ነበረ፡፡ ስለዚ ኩሎም ኣህዛብ ሓጥኣን ስለ ዝኾኑ፡ ኣብ ኩሎም ኣህዛብ ንስሓ ብስሙን ሕድገት ሓጢኣትን ኪስበኽ ግቡእ ነበረ፡፡ ሰባት ተነሲሖም ሓጢኣቶም እንተ ገደፉ፡ ሕድገት ከም ዝቕበሉ ይፍለጥ፡፡ እዚ ሕድገትዚ

ብስልጣን የሱስ ንኹሎም ኣህዛብ ዝተወፈየ ስለ ዝከፅ፥ ወንጌል ናይ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ህያብ እዩ፡፡

44. **ጥቕሲ 47–48፡፡** "ብስሙ.......ካብ የሩሳሌም - ሚሩ ኣብ ኵሎም ኣህዛብ ኪስበኽዐ ጽሑፍ እዩ፡፡" ቅድም ብሃገሮም ኪጅምሩ ነበሮም፥ ኣብኡ ጥራይ ስቅ ኪብሉ ግና ኣይነበሮምን፡፡ እዚ ሓላፍነትዚ ኣብ ማቴ. 28፥19, ማር. 16፥15-16, ኣጸቢቑ ተገሊጹ ኣሎ፡፡ እዚ እቲ ናይ ምስፍሕፋሕ ስርዓት ናይ ሓንቲ ቤት ክርስትያን ኪኸዉን ይግባእ፡፡

ቅድም ኣብቲ ቐተልቲ የሱስ ዝነበሩዎ ማለት ኣብ የሩሳሌም፥ ነቲ ዝኸፉኤ ሓጢአተኛ ከድ ሕን ፍቓዱ ኣርኣየ፡፡ እታ ኣምላኽዐ ዝቕመጠላ ቤት መቕደስ ዝነበራ ቅድስቲ ስፍራ ስለ ዝነበረት፥ ሕድገት ሓጢኣት ቅድም ኣብኡ ኪብሰር ናይ ግዲ ነበረ፡፡ ስለዚ ወንጌል ቅድም ኣብኡ ተበሰረ፡፡ ግብ. 2፡፡ ጳውሎስውን ኣብ ኵሉ መገሻኡ ቅድም ነቲ ወንጌል ንኣይሁድ ይሰብከሎም ነበረ፥ ንሳቶም ምስ ነጸግዎ ግና ናብ ካልኣት ኣህዛብ ከደ፡፡ ግብ. 13፥46።

"በዚ ንስኻትኩም ምስክር ኢኸም፡፡" ኣብ ኵሉ ኣገልግሎቱ ምስኡ ነበሩ፥ ኵሉ ትምህርቱ ሰሚያምዎ ነበሩ፥ ኣመሉ ይፈልጡ ነበሩ፥ ካብ ምዉታት ምስ ተንሰኤ ምስኡ ነበሩ፥ ስለዚ ሕጂ ግዲኦም ነቲ ዝረኣይዎ ነገራት ምብሳር ነበረ፡፡ ብህይወቶም ከለዉ፥ ብቃሎም መስከሩ፡፡ ስለዚ እቲ ኣብ ወንጌላት እንረኽዐ ሓቂ ዝከፅ ነገራት ማለት፥ ጠቕላሊ ሓሳባት ናይቶም ሃዋርያት እዩ፡፡ ሓይሊ ናይ ስብከትን ትምህርትን ናይ ወንጌል ኣብ ምክታዕ ኣይኮነን፥ እንታይ ደኣ፥ ኣብ ምምስካር ናይ ዝተፈልጠን ዝተመርመረን ተመክሮ እዩ፡፡

እቲ ዓቢ ትእዛዝ ኣብ ማቴ.28፥19፡፡ ማር. 16፥15 ተዋሂቡ ዘሎ፥ ማለት ደቀ መዛሙርቲ ንምግባር፥ ንምጥማቐም፥ ትእዛዝ ናይ ክርስቶስ ከኣ ንምምሃሮም፥ ንምድሓን ንፍሲ ወከፍ ሰብን ንምድሓን ዓለምን ዝኸውን ትእዛዝ እዩ።

1) ክርስትና እታ ሓንቲ ናይ ኵሉ ሰብ ክትኸውን ዝግባኣ ሃይማኖት ከም ዝኮነት እምበር፥ ሓንቲ ካብ ብዙሓት ሃይማኖታት ዓለም ጥራይ ከም ዘይኮነት ይምህረና

2) ወንጌል ንኵሉ ህዝብን ንኵሉ ዓሌትን ከም ዝኮዐ የርእየና ሮሜ 1፥16። ምንጪ ዕ ላማ ናይ ሃይማኖትና፥ ዕዮ ናይ ምስዮናውያን ናይ ምስፍሕፋሕን፥ ንመላእ ዓለም ዚጥቕልል፥ እዩ።

**ወንጌል ንዓለም** ሰበኸዑ፥ እዚ ትእዛዝ ናይ ክርስቶስ እዩ፡፡ እዚ ናይ ግድን ኪኸውን ዝግብኦ ዕዮ፥ ዕዮ ናይ ምስዮናውያን ሰበክትን ጥራይ ዘይኮነስ፥ ናይ ኵላ ማሕበር ክርስቶስ እዩ፡፡ እዚ ትእዛዝ እዚ፥ ነቶም ሃዋርያት ጥራይ ኣይኮነን ዝተዋህበ፥ ነቶም

ሓሙሽተ ሚእቲ ሰዓብቲ ክርስቶስ ድማ ነበረ፡፡ እዚ ትእዛዝ እዚ ናይ ምስዮናዊ ዕዮ ኣብ ሃገርካ ኰነ ኣብ ወጻኢ፡ ኣብ ጐሬቤትካ ኰነ፡ ኣብ ርሑቕ ዝበለ ስፍራ፡ ዚጥቕልል እዩ፡፡ ዕዮ ናይ ወንጌል፡ ኣብ ናትካ ሃገር ጥራይ ዝተርፍ ኣይኾነ፡ ነፍሲ ወከፍ ህዝቢ ኰነ ዓሌት ወንጌል ዘየድልዮ የልቦን፡፡

5. ሓይሊ፡፡ ጥ.49፡፡ "እንሆ ተስፋ ኣቦይ ክሰድልኩም እየ።" እዚ ተስፋ እዚ ማለት ህያብ ናይ መንፈስ ቅዱስ፡ ኣብቲ ክርስቶስ ነቶም ዓሰርተ ሓደ ዝተዛረቦ፡ ኣብ ዮሃ. 14፡16-20, 26,፡ 15፡26-27,፡ 16፡13-14 ዚርከብ፡ እቲ ተስፋ ናይ ኣቦ ኣብ ብሉይ ኪዳን ኢሳ 44፡3, ህዝ 36፡27, ዮኤል 2፡28-32 ዝርከብ እዩ፡፡ ተስፋኡም ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ከም ዚድገፉ ነበረ፡፡

"ኣብ ከተማ የሩሳሌም ጽንሑ።" ብዘይ እቲ ዘንጽህን ዝመልእን ሓይሊ ናይ መንፈስ ቅዱስ፡ ንዓለም ወንጌል ክሰብኩላ ከይዶም እንተ ዝኾኑ፡ ሰብከቶም ከንቱ ምኾነ ነይሩ። እተን ዓሰርተ መዓልቲ ድሕሪ ዕርገት፡ ኣብ የሩሳሌም ዝጸኑሑለን፡ ዋጋ ዘይብለን ኣይኰነን። ተጸብዮም ነይሮም እንተ ዘይኰኑ ግና፡ ምሉእ ህይወቶም ዋጋ ዘይብሉ ምኾነ ነይሩ። እቲ ኣዳማዊ ሓጢኣት ኣብ ልቦም ከሎስ፡ ንዓለም ክሰብኩላ ምኸኣሉ ነይሮም። ንቅድስና ኣምላኽ ንክፍኣት ናይ ሓጢኣትን ኣጸቢቑ ዚገልጽ ሓይል ግና፡ ምጐድሎም ነይሩ። እናጸለዩ ሓጢኣቶም እናተናዘዙን ነቲ ጽሑፋት እናመራመሩን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ነብሶም ትሕት እናበሉም ተጸበዩ እሞ፡ ኣምላኽ ከኣ ንኹሉ ስስዔኦምን ትዕቢቶምን ኣውጽኡ፡ ብልሳን ሓዊ ዝመስል ጌይሩ ነቲ ኣዳማዊ ሓጢኣቶም ኣንጺሁ፡ ብቅዱስ ሓዊ ናይ መንፈስ ቅዱስ መልኦም፡፡ ነፍሲ ወከፎም ከኣ፡ ሰብ ካብ ቅድሚ ህላውነትን ፍቕርን ናይ ኣምላኽ ካብ ዝውድኽ ተዋሂብዎ ዘይፈልጥ ሓይሊ ተቐበሉ። ስለዚ ክሳዕ ሓይል ካብ ላዕሊ ዝለብሱስ ኣብ የሩሳሌም ኰይኖም ደኣ ተጸበዩ።

6. ዕርገት የሱስ፡ እቲ ንዘለኣለም ዚነብር ጐይታ። ጥ 50-53 እምበኣር ሕጂ ናብቲ ናይ መወዳእታ ኣርባዓ መዓልቲ፡ የሱስ ነቶም ደቂ መዛሙርቱ ዝተገልጸሎምን ዝመሃሮምን ንምጻእ። "ኢዱ ኣልዒሉውን ባሮኾም።" በረኸቱ ንኣታቶም ብግብርን ብቓላትን ገለጸ። እዚ ርግጽነትን ሓይልን ዝመልኦ በረኸትዚ፡ ክሳዕ ሎሚ ከይተረፈ ኣብ ሰዓብቲ የሱስ ይዓዪ ኣሎ፡፡

"ኰነ ድማ፡ ኪባርኾም ከሎ፡ ካባታቶም ተፈልየ፡ ናብ ሰማይውን ዓረገ።" ደበና ካብ ኣዒንቶም ምስ ከወሎ ከኣ፡ ክልተ መላእኽቲ መጺኦም፡ ምምላስ የሱስ ናብ ምድሪ ነጊሮም ኣጸናንዕዎም። ትርኢት ናይ የሱስ እቲ ኪዓርግ ከሎ፡ ከመይ ከም ዝነበረን ኪምለስ ከሎ ከኣ፡ ከመይ ከም ዝኸውንን ገለ ቑሩብ ምግላጽ፡ ካብቲ ዝተለወጠሉ ከረን ክንርኢ ንኽእል፡፡ ገጹ ከም ጸሓይ በርሀ ክዳኑውን ከም ብርሃን ጻዕደወ፡፡ ማቴ 17፡2፡፡ ኣብ ራእይ ዮሃንስ 1፡12-16 ገለ ቁሩብ መግለጺ ንረክብ፡ "ኣዒንቱ ከም ሃልሃልታ ሓዊ እየን፡ ኣእጋሩ ኣብ ሓጕዶ ከም ዝረሰነ ዘንጸባርቕ ኣስራዚ ሊባኖስ ይመስላ፡ ድምጹውን

ከም ድሃይ ብዙሕ ማያት እዩ፡፡”

“ንሳቶም ከኣ ሰገዱሉ፡፡” ንሱ ኣምላኽዐከም ዝኸፀ ኣርጊጾም ተረዲኦም እቲ ንኣምላኽዐ ጥራይ ዚግብኦ ስግደት ሃብዎ፡፡ ኰሉ ዝነበሮም ጓሂ ናብ ሓጕስ ተለወጠ እሞ፡ ብብዙሕ ሓጕስ ናብ የሩሳሌም ተመልሱ፡፡ ንሱ እቲ መሲህ ምኻኑ ኣርጊጾም ፈለጡ፡፡ ሞቱ ንዓለም ድሕነት ከም ዘምጽኣላ ረኣዩ፡ ተስፋታቱ ከም ዚፍጽም ተረድኡ እሞ፡ ኣብቲ ጽሑፋት ሓድሽ ትብዓትን ትርጉምን ክረኽቡ ከኣሉ፡፡ ብፍቕርን ብሓጐስን ናይ መድሓኒኦም ከኣ መልኡ፡፡

“ንኣምላኽ እናወደሱን እናኣመስገኑን ከኣ፡ ኵሉ ሳዕ ኣብ ቤተ መቕደስ ይነብሩ ነበሩ፡፡” ምንጪ ናይ ኵሉ እቲ ግሩም ዝከነ ዝተቐበልዎ ህያባት ንሱ፡ ማለት የሱስ፡ ነበረ፡፡

## ሕቶታት

1. ስለምንታይ እዩ የሱስ ንኣእምሮ ናይ ደቀ መዛሙርቱ ኪኸፍት ናይ ግዲ ዝኸፀኖ?

2. እቶም ደቀ መዛሙርቲ የሱስ፡ እንታይ ሓድሽ ነገራት ተረድኡ ኣእምሮኦም ምስ ተከፍተ?

3. ከመይ ዝበለ ዕዮ ኣብ ኢድ ደቀ መዛሙርቲ የሱስ ተረፈ?

4. ከመይ ጌይሮም ኬስልጥዎ ነበሮም?

5. ስለምንታይ እዮም እቶም ደቀ መዛሙርቲ ኣብ የሩሳሌም ዕዮኦም ኪጅምሩ ዝነበሮም?

## መረድኢ

ናይ ሓቂ ብርሃን ኵሉ ጊዜ ይበርህ። ብመጠን ብዝሒ ድምቀት ከኣ ከምኡ ንብዙሕ ቦታታት የበርህ። ክርስቶስ ብርሃን ናይ ብርሃናት እዩ። ክሳዕ ሎሚ ከኣ ንመላእ ዓለም የብርሃላ ኣሎ።

ወሓዚ ማይ ኵሉ ጊዜ ዚንቀሳቐ ስለ ዝኾነ፡ ንጹህ ማይ ይኸውን። ዕቑር ማይ ግና ዘይንጹህ እዩ። ሓንቲ ማሕበር ክርስቶስ ከኣ ሓድሽ በረኸትን ጸጋን ምእንቲ ክትረክብ፡ ንጽህቲውን ምእንቲ ክትከውንን ክትውሕዝን ክትንቃሳቐስን ናብ ኵሉ ክተስፋሕፍሕን ኣለዋ። ማሕበር ጥራይ ዘይኮነትሲ፡ ነፍሲ ወከፍ ክርስትያን እየ ዚብል ሰብውን ከምኡ ኪኸውን ይግባእ።